orientation to ontario

l'ontario c'est chez moi

# ኣብ ኦንታርዮ ክነብሩ ይደላደሉ ንዘለዉ ሓደስቲ መጻእቲ ዝኸውን መእትዊ



ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር ሓበሬታ

ኣብ ኦንታርዮ ክነብሩ ይደላደሉ ንዘለዉ ሓደስቲ መጻእቲ ዝኸውን መእትዊ

## ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር ሓበሬታ

ብዛዕባ ኦንታርዮ ዝወሃብ ሓጺር ናይ ሓበሬታ
ስልጠና ክትሳተፍ ከምትኽእል ትፈልጥ ዶ?

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ
https://orientationontario.ca/en ኬድካ ተመልከት።

ብቐጥታ ንዓና ንምርካብ፣ ኣብቲ ብክልተ ቋንቋ ኣገልግሎት
ዝህብ መስመርና ደውል *1-855-626-0002*
ወይ ኣብ O2O@costi.org ኢሜይል ጸሓፈልና።

ብፌናንሳዊ ሓገዝ ናይ

Immigration, Refugees and Citizenship Canada | Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

Ontario



# ምስጋና

The orientation to Ontario ዝተባህለ መደብ ብክፍሊ Immigration, Refugees and Citizenship Canada (IRCC) Ontario Ministry of Citizenship, Immigration (MCI) ፊናንሳዊ ሓገዝ ዝካየድ መደብ እዩ። እዚ ድርብ-ልሳናዊ መደብ ብመገዲ ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር ሓበሬታ ዝህቡ መጽሓፍቲ-ዕዮ፣ ሓጻርቲ ስልጠናታትን፣ English – orientationontario.ca/en ፣ French - orientationontario.ca/fr. መርበብ ሓበሬታን ጌሩ ንሓደሽቲ መጻእቲ ከሳትፍ ዝተዳለወ መደብ እዩ።

ናብቲ ናይ O2O ሰሚናር ንምእታው ነቲ QR ኮድ ስካን ግበርዎ

ናብ መጽሓፍ ስራሕ O2O ንምእታው ነቲ QR ኮድ ስካን ግበር

ነቲ ናይ O2O ቆጽሊ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበርዎ

Download on the App Store

GET IT ON Google Play

Get it from Microsoft

## ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር ሐበሬታ

, 12ꙮወሃቢ አገልግሎት ስደተኛታት ነቶም ብምትሕግጋዞም ነዚ ፕሮጀክት ክምስረት ዘኽኣልዎ እዞም ዝስዕቡ አመሓደርቲ ፕሮጀክት፣ ሽማግለ ኣባል ውድባትን ተሻርኽቶምን ብዛዕባ ዝረኸቦ ደገፍን መሪሕነትን ከመስግን ይደሊ። ብተወሳኺ ብተወፋይነቶምን ብጻዕሮምን እዚ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ እዚ ዞባ ክውንነት ክህልዎ ዝገበሩን ኣብ ኣተገባብራ እዚ ፈተነ ዝተሳተፉን ወከልቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ከነመስግን ንፈቱ።

- Association canadienne-fran}aise de l$́ , ntario Conseil r§@ional des * ille-çles
- Association des francophones de la région de York
- Brampton Multicultural Community Centre
- Catholic Centre for Immigrants
- Catholic Crosscultural Services
- CSC du Grand Sudbury
- CSCVanier Centre for Immigrant and Community Services
- Centre francophone du GT
- Centre communautaire francophone Windsor- Essex-Kent
- Collège Boréal
- Conseil Économique et Social d'Ottawa - Carleton
- HMC Connections
- Immigrant Services Guelph-Wellington
- Kingston Community Health Centres
- London Cross Cultural Learners Centre
- Multicultural Council of Windsor & Essex County
- Newcomer Centre of Peel
- New Canadians`Centre of Excellence
- North Bay and District Multicultural Centre
- Niagara Folk-Arts Multicultural Centre
- North York Community House
- Peel Multicultural Council
- Punjabi Community Health Services
- Polycultural Immigrant & Community Services
- TNO - The Neighbourhood Organization
- Thunder Bay Multicultural Association
- Upper Canada District School Board
- VIetnamese Association of Toronto
- WoodGreen Community Services
- YMCA Hamilton/Burlington/Brantford
- YMCA of Three Rivers
- YMCA of Simcoe/Muskoka

እዚ ፕሮጀክት ንኣልበርት ካሰን ኣብዚ መጽሓፈ-ዕዮ ንዝገበሮ ኢደ-ጥበባዊ ኣበርክቶታት ከመስግኖን የቐንየለይ ክብሎን ይፈቱ።

ኣብ መወዳእታ፣ ንኦንታርዮ ቤቶም ክገብርዎ ወሲኖም ንዝመጹ ሓደስቲ መጻእቲ ከነመስግኖም ንፈቱ። ብዘይ ናቶም ኣስተዋጽኦ እዚ ፕሮጀክት ክዛዘም ኣይምኸኣለን ኔሩ። እንቋዕ ድሓን መጻእኩም!

# ብዛዕባ'ዚ መጽሓፈ-ዕዮ

ናብ ኦንታርዮ፣ ካናዳ እንቋዕ ደሓን መጻእካ። ካናዳ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘማእከለ ንሓደሽቲ መጻእቲ ካብ ምሉእ ዓለም ዝቕበል ሕቡን ማሕበረሰብ እዩ። ኣብ ኦንታርዮ ልዕሊ 16 ሚልዮን ዝኸውን ብዝሒ ዘለዎ ህዝቢ[1] ካብ ልዕሊ 250 ሃገራት ዝመጹ 200 ቋንቋታት ዝዛረቡ ሰባት ዘጠቓለለ እዩ።[2] ኣብ ሓድሽ ሃገር ናብራ ምጅማር ዘሃንጢ ነገር እዩ። እዚ ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር መግለጺ ዝህብ መጽሓፈ-ዕዮ ክመርሓካ እዩ።

## ትሕዝቶ ናይዚ መጽሓፈ-ዕዮ

እዚ መጽሓፈ-ዕዮ ኣብ ኦንታርዮ ናብራ ንምጅማር ዘድሊ መሰረታዊ ሓበሬታ ይህብ። ሽዱሽተ ክፋላት ድማ ኣለዎ። ነፍሲ-ወከፍ ክፋል ንሙሉእ ዞባ (ኦንታርዮ) ዝኸውን ሓበሬታ ከምኡ'ውን መርበብ ሓበሬታ ቁጽሪ ቴለፎናትን ትካላት መንግስቲ ዝህብ ብዙሕ ዛዕባታት ኣለዎ።

መብዛሕትኦም ክፋላት፣ ናብራ ንምጅማር ነቶም ቀንዲ ክትገብሮም ዘለካ ነገራት ጾሚቖም ዝነግሩ ውጥናት ኣለዎም። ብተወሳኺ ኣብ ትሕቲ እቲ "ክትሓስበሉ ዝግብኣካ ነገራት" ዝብል ኣርእስቲ ገለ ሕቶታት ክትረክብ ኢኻ። እዞም ሕቶታት ኣብ መስርሕ ናብራኻ ምጅማር ከለኻ ክትገብሮ ዝግብኣካ ምርጫታት ክትሓስበሉ ይሕግዙኻ እዮም።

ናይ ውልቅኻ ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን ንምውጻእ፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ የድልየካ እዩ። እዚ መጽሓፈ-ዕዮ ነዚ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ኣበይ ከምትረኽቦ ሓሳባትን ገለ ጠቓሚ መምርሒ (tools) ክህበካ እዩ።

ነዚ መጽሓፈ-ዕዮ ኣብ orientationontario.ca/en ብቋንቋ እንግሊዝ ወይ ኣብ orientationontario.ca/fr ብቋንቋ ፈረንሳይኛ ክትረኽቦ'ውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኢንተርነት ከምኡ'ውን ብወረቐት ኣብ ዝተሓትመ ቅዳሕ ብኻልኦት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት'ውን ይርከብ እዩ።

ነዚ ብዛዕባ ኦንታርዮ ሓጺር ሐበሬታ ዝህብ መጽሓፈ-ዕዮ ከም ካርታ ወይ ኮምፓስ ጌርካ ሕሰቦ፥ ናበይ ክትከይድ ከምዘለካን ከመይ ጌርካ ናብኡ ከምትበጽሕን ንምውሳን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ናብራ ምጅማር ውጥን መውጽኢ መምርሒ (TOOLS)

ናይ ውልቅኻ ናይ ናብራ ምጅማር ውጥን ንምውጻእ፣ በብኣርእስቲ ዝተኸፋፈለ ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን መውጽኢ መምርሒ (tools) ኣብ መወዳእታ ነፍሲ-ወከፍ ክፋል ክትረክብ ኢኻ።

- እዚ መሳርሒ ነቶም ቀንዲ ናይ ሓበሬታ ምንጭታት ከተለልን ነቶም ኣብ ሓጺር እዋን ክትግበሩ ዝግብኦም ሸቶታትካ ናይ ጊዜ ገደብ ክትገብረሎም ይሕግዝ።
- እዚ መሳርሒ ኣብ ኢንተርነት ኣብ orientationontario.ca/en እውን ክርከብ ይኽእል እዩ።

## ኣብ ካናዳ ናይ ምንባር መሳርሒ

ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (Immigration, Refugees and Citizenship Canada) ናይ ውልቅኻ ዝኾነ ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን መውጽኢ መምርሒ (tools) ኣብ ኢንተርነት ምሂዙ ኣሎ። ነቲ መምርሒ (tools) ኣብ canada.ca ወይ ኣብ findlink.at/cic-lctvac ርኸቦ።

## ናብ ካናዳ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መምርሒ፥ እቲ ክትፈልጦ ዝግባእ ነገራት

ኣብ ብምሉኡ'ቲ ናይ ስራሕ መጽሓፍ ዘለዉ መወከሲታት ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ መምርሒ ንምሃብ ዝተዳለዉ እዮም፤ ናይ እንቋዕ ናብ ካናድ ብደሓን መጻእኩም ቅጥዒ (ናይ ኣቀባብላ ቅጥዒ) ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (IRCC)። እዚ መምርሒ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኢንተርነት ጥራይ ይርከብ። ነቲ ዝተጠቐሰ ሓበሬታ ንምርካብ፣

ነቲ ኣብ ጎኒ እቲ ምልክት ዝርከብ ናይ መርበብ ሓበሬታ መላግቦ ጠውቕ፥

ኣብ ኢንተርነት ኣብ canada.ca ወይ findlink.at/welcomecan እውን ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ።




**ኢንተርኔት ዝርከበሉ መገዲ**

*ነጻ ኣገልግሎት ኮምፒዩተር/ ኢንተርነት ኣብ ውሽጢ ኦንታሪዮ ኣብ ዝርከቡ ቤትንባብን ናይ ናብራ ምጅማር ቤት ጽሕፈትን ብነጻ ይርከብ። ብሞባይል ቴሌፎን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ኮይንካ ኣገልግሎት Wi-Fi ብነጻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።*

## መርበብ ሓበሬታ ናይ ሓደስቲ መጻእቲ ኣገልግሎት

ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (IRCC)፣ ነቲ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሓደስቲ መጻእቲ ኣገልግሎት፣ ንምልላይ ኣብ ሚድያ ጎስጓስ ጀሚሩ ኣሎ። ዕላማ ናይዚ ወፍሪ፣ ነቶም ናብ ካናዳ ዝመጹ ሓደስቲ ሰባት፣ ኣብቲ ሓድሽ ገዝኦም ንኽዕወቱ ንምሕጋዝ ብዛዕባ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ናይ ዳግመ ምጥያስ ኣገልግሎታት ንምሕባር እዩ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኦም ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታት፣ ኣገልግሎት ሓበሬታን ምልላይን፡ ኣገልግሎት ምትእስሳር ማሕበረሰብ፣ ናይ ቋንቋ ክእለት ገምጋምን ስልጠናን፣ ምኽሪ/ምዕዶን ዘጠቓልሉ ኮይኖም፣

## መርከቢ ሊንክ

ሓበሬታ ብቐሊሉ ክትረክብ ምእንቲ ነቶም ቀንዲ ምንጪ ናይ ኩሎም ኣድራሻታት ኢንተርነት ምስ ናብ ሓደ ገጽ ዝወስድ መርከቢ ሊንክ ጌርና የእቲናልካ ኣሎና።

[1] ምንጪ፥ ናይ ፊናንስ ሚኒስትሪ፥ ontario.ca ወይ findlink.at/092

[2] ምንጪ፥ ናይ ኦንታርዮ ኢሚግሬሽን፥ ontario.ca

# ውሽጣዊ ትሕዝቶ


## ንካናዳን ኦንታርዮን ምፍላጥ

| | |
|---|---|
| ሌላ ምስ ካናዳ | 4 |
| መንግስቲ | 5 |
| ሌላ ምስ ኦንታርዮ | 6 |
| ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት | 10 |
| ጠቓሚ ዝኾኑ ቁጽሪ ቴሌፎንን ዌብሳይትን | 11 |

## ኣብ ውሽጢ ሓዲሽ ማሕበረሰብ ምንባር

| | |
|---|---|
| ክንክን ጥዕና | 14 |
| ኣገልግሎት ዓሚል | 17 |
| መንበሪ ቤት | 18 |
| ማሕበረሰባዊ ተሳታፍነት | 21 |
| መጓዓዝያ | 22 |
| ሕጋዊ መሰላትን ኣገልግሎትን | 24 |
| ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን | 26 |

## ትምህርትን ስልጠናን

| | |
|---|---|
| ክንክን ቆልዑ | 30 |
| ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ | 31 |
| ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ | 33 |
| ምቕጻል ትምህርቲ | 34 |
| ናይ ቋንቋ ስልጠና | 35 |
| ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን | 36 |

## ስራሕን ንግድን

| | |
|---|---|
| ንስራሕ ምድላው | 40 |
| ስራሕ ምድላይ | 42 |
| ናይ ስራሕ ቦታ መሰል | 44 |
| ናይ ግሊ ንግዲ ምጅማር | 46 |
| ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን | 47 |

## ገንዘብን ውልቃዊ ፊናንስን

| | |
|---|---|
| ገንዘብን ኣጠቓቕማ ባንክን | 50 |
| ለቓሕ ምርካብ | 51 |
| ቀረጽ | 52 |
| ረብሓ ከምኡውን ማሕበራዊ ሓገዝ | 53 |
| ናብራ ናይ ምጅማር ውጥን | 54 |

## ሰባትን ከባቢን

| | |
|---|---|
| ሓቐፊ ምዃን | 56 |
| ሰባትን ስንክልናን | 57 |
| ዝምድናታት | 58 |
| ምክንኻን ከባቢ | 59 |
| ውጥን ምጅማር ናብራ/ምጥያስ | 60 |

## መመላእታ

| | |
|---|---|
| ፈደራላዊ ቀረብ መንግስቲ | 62 |
| ናይ ኦንታርዮ ኣገልግሎት መንግስቲ | 63 |
| ሓባሪ | 64 |

# ንካናዳን ኦንታርዮን ምፍላጥ

እዚ ክፋል እዚ ምስ ካናዳን ዞባ ኦንታርዮን ጂኦግራፊኡን፣ ክሊማቱን፣ ብዝሒ ህዝቡን፣ ቁጠባዊ ኩነታቱን፣ ቋንቋታቱን፣ መንግስቱን ዘላልየካ እዩ። ብተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ቁጽሪ ቴሌፎናትን መርበብ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።




4
ሌላ ምስ ካናዳ

5
መንግስቲ

6
ሌላ ምስ ኦንታርዮ

10
ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት

11
ኣገደስቲ ቁጽሪ ቴሌፎናት ከምኡ'ውን መርበብ ሓበሬታ



# ሌላ ምስ ካናዳ

ካናዳ 10 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር (3.9 ሚልዮን ትርብዒት ማይልስ) ዝስፍሓታ ካብ ዓለም ብግዝፊ ካልኣይቲ ዝኾነት ሃገር እያ። ብምኽንያት ግዝፉ፣ ካናዳ ኣኽራናት፣ ዱር፣ ንማል ዝኸውን ምድረ-ሳዕሪ፣ ከምኡ`ውን ኣርክቲክ ታንድራ (ሓመዱ በረድ ዝኾነ፣ ገረብ ዘይበቚሎ) ቦታታት ዝሓዘ ብዙሕ ዓይነት ኣቀማምጣ መሬት ኣለዋ።

### ከተማታት፣ ዞባታትን ዞናታትን

ናይ ካናዳ ዋና ከተማ ኦታዋ እያ፣ ኣብ ኦንታርዮ ድማ ትርከብ ። ካብ ከተማታት ካናዳ ብግዝፊ መበል ራብዐይቲ እያ። ኣብ ካናዳ ዝገዘፉ ከተማታት ቶሮንቶ (ኦንታርዮ)፣ ሞንትሪያል (ከውቤክ) ከምኡ'ውን ቫንኩቨር (ብሪቲሽ ኮሎምቢያ) እየን።

ካናዳ ነናተን ከተማ ዘለወን 10 ዞባታት ሰለስተ ግዝኣትን ኣለዋ። ዋና ዞናት ናይ ካናዳ እዚኦም እዮም፣

- ናይ ኣትላንቲክ ዞባ (ንውፋውንድ ላንድ ከምኡ'ውን ላብራዶር፣ ፕሪንስ ኤድወርድ ኣይላንድ፣ ኖቫ ስኮሻን ንው ብራንስዊክን)
- ማእከላይ ካናዳ (ከውዊቤክን ኦንታርዮን)
- ናይ ፕራይሪ ዞባታት (ማኒቶባ፣ ሳስካችዋን ከምኡ'ውን ኣልበርታ)
- ምዕራባዊ ገምገም ባሕሪ (ብሪትሽ ኮሎምብያ)
- ሰሜን (ኑነቨት፣ግዝኣት ሰሜናዊ ምዕራብ ከምኡ'ውን ዩካን)

findlink.at/LandClimate

### መስረትቲ ሰባትን ኢሚግሬሽንን

ካናዳ ሰለስተ ዓይነት መስረትቲ ሰባት ኣለውዋ፣ ኣቦርጂናል፣ ፈረንሳውያንን እንግሊዛውያንን።

ኣውሮጳውያን ዳህሰስቲ፣ መጻእትን ነበርትን ቅድሚ ምምጽኦም ኣቦርጂናል/ደቀባት ኣብ ካናዳ ይነብሩ ኔሮም። ኣብዚ እዋን፣ እዚ ቃል ንሰለስተ ጉጅለታት ይገልጽ፣ ፈርስት ኔሽንስ (First Nations ) (ሓደሓደ ጊዜ "ኢንዲያንስ" ተባሂሎም ዝጽውዑ)፣ ኢንውት(Inuit) ከምኡ`ውን ሚትስ። ኣቦርጂናል ሰባት ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኣብ ሞንጎ ሕብረተሰቦምን ኣብ ከተማታትም ይቕመጡ።

ናይ ፈረንሳይ መጻእቲ ኣብ ውሽጢ 1600ን 1700 ዘሎ ዓመታት ከመጹ እንከለዉ፣ ተዛረብቲ ቋንቋ እንግሊዝ ከኣ ካብ ዓዲ እንግሊዝ፣ ዌልስ፣ ስኮትላንድ ከምኡ`ውን ኣየርላንድ ብ17ን 20ን ክፍለ ዘመን መጺኦም።

ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 200 ዓመታት ብዙሓት ሰባት ካብ ዝተፈላለየ ናይ ዓሌትን ሃይማኖትን ጉጅለታት ናብ ካናዳ ተሰዲዶም እዮም። ኣብዚ ጊዜ፣ ብገምጋብ 20 ሚእታዊ ዝኾኑ ካናዳውያን ካብ ካናዳ ወጻኢ እዮም ተወሊዶም። ኣብ ቶሮንቶ እዚ ቁጽሪ ልዕሊ 45 ሚእታዊ እዩ።

ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳን ናይ ካናዳ ክልተ ሕጋውያን ቋንቋታት እዮም። ብሕጊ፣ ኣብ ሙሉእ ካናዳ፣ ፌደራላዊ መንግስቲ ኣገልግሎት ኣብ ዝህበሉ እዋን ክልቲኡ ቋንቋታት ክጥቀም ይግደድ።

findlink.at/LandClimate

### ዜጋ ካናዳ ምዃን

ናብ ካናዳ ካብ ትኣትወሉ ጊዜ ጀሚርካ ካናዳዊ ንምዃን ምድላዋት ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። ኣብ 'ናብ ካናዳ እንቋዕ ደሓን መጻእካ' ዝብል ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ። ናይ ዜግነት ፈተና ንምውሳድ ኣብ canada.ca ወይ findlink.at/cic-study ብምኻድ ብናጻ፣ እንታይ ክተጽንዕ ከምዝግበኣካ ዝመርሕ መጽሓፍ ኣንብብ።

# ምምሕዳር

## ካናዳ ቅዋማዊ ግዝአት ከምኡ`ውን ፌደራላዊ ደሞክራሲ እያ። እዚ ማለት ርእሰ-ግዝኣት ካናዳ ንግስቲ ወይ ንጉስ ዓዲ እንግሊዝ ክኸውን እንከሎ፡ ርእሰ-መንግስቲ ካናዳ ድማ እቲ ፕራይም ሚኒስተር እዩ። እቲ ቀንዲ ሓላፍነት ኣብ ሞንጎ ፌደራላዊ፣ ዞባዊ ከምኡ'ውን ግዝኣታዊ ደረጃታት መንግስቲ ይምቀል። ካናዳውያን ናይ ፌደራል፣ ናይ ዞባን ናይ ምምሕዳር ከተማን ወከልቲ ብመገዲ ህዝባዊ ድምጺ ይመርጹ።

ኣብ ካናዳ፣ ነታ ንግስቲ ወይ ከኣ ነቲ ንጉስ ኣማሓዳሪ ጀነራል (ፌደራል) ከምኡ'ውን 10 ዝኾኑ ሓለቓታት ኣማሓደርቲ ይውክልዎም።

findlink.at/government

### ፌደራላዊ ምምሕዳር

ፌደራላዊ ምምሕዳር ከም ምክልኻል፣ ወጻኢ ጉዳይ፣ ባጤራ፣ ጉዳያት ባንክ፣ ናይ ስራሕ ዋሕስ፣ ኣገልግሎት ቡስጣ ከምኡ'ውን ናይ ገበናዊ ሕጊ ዝኣመሰሉ ሃገራዊ ጉዳያት የካይድ። ፌደራል ምምሕዳር በቲ ፕራይም ሚኒስተር እዩ ዝምራሕ። ተወከልቲ ናይ ፌደራል ምምሕዳር ኣባላት ባይቶ (*Members of Parliament*) (ወይ *MPs*) ተባሂሎም ይጽውዑ።

### ዞባዊ/ግዝኣታዊ ምምሕዳራት

ዞባዊ/ግዝኣታዊ ምምሕዳራት ናይ ጥዕና፣ ናይ ትምህርቲ ከምኡ`ውን ናይ መጓዓዝያ ጉዳያት የካይዱ። ኣብ ኦንታርዮ፣ እቲ ናይ ዞባ ኣማሓዳሪ ኣካል፣ ናይ ኦንታርዮ ሓጋጊ (*the Ontario Legislature*) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ወከልቲ ዞባዊ ምምሕዳር፣ ናይ ዞባዊ ባይቶ ኣባላት (*Members of Provincial Parliament* (ወይ *MPPs*)) ተባሂሎም ይጽውዑ።

ምምሕዳራት ከተማ (ምምሕዳር ማሕበረሰብ ከባቢኻ፣ ወይ ምምሕዳር ከተማ) ከም ምእካብ ጎሓፍን ምዝንጋዕን ዝኣመሰሉ ከባብያዊ ኣገልግሎት የካይድ። ወከልቲ ምምሕዳር ከተማ፣ ኣማኸርቲ (*councillors*) ተባሂሎም ይጽውዑ።

- ኣብ canada.ca ወይ findlink.at/cgovsystem ብዛዕባ ስርዓት ካናዳ ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።
- ብዛዕባ ናይ ኦንታርዮ ዞባዊ ምምሕዳር ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/govontario ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።
- ምምሕዳራት ከተማ ኣብ ኦንታርዮ ከመይ ከምዝሰርሑ ንምፍላጥ ኣብ yourlocalgovernment.com ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።



**ዝሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት**

*ናተይ MP መን እዩ/ያ፣ ከመይ ዝበሉ ጉዳያት'ከ የካይድ/ተካይድ?*

*ናተይ MPP መን እዩ/ያ፣ ከመይ ዝበሉ ጉዳያትከ የካይድ/ተካይድ?*

*ኣማኻሪ ናይ ከባብየይ ብኸመይ ክረኽቦ ይኽእል?*






# ሌላ ምስ ኦንታርዮ

ዳርጋ ፍርቂ እቶም ናብ ካናዳ ዝስደዱ ስደተኛታት ንኦንታርዮ መንበሪኦም ክኾውን ብቐጻሊ ይመርጽዎ።[3] ኦንታርዮ ብብዝሒ ባህልታቱ ሕቡን ዝኾነ ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ማእከል ናይ ዝተፈላለየ ዓለምለኻዊ ንግድን ልውውጥን እዩ።

### ብዝሒ ህዝብን ኣቀማምጣ መሬትን

ብብዝሒ ህዝቢ (ልዕሊ 13 million) ኦንታርዮ ካብ ካልኦት ዞባታት ዝዓበየት ዞባ እያ። መብዛሕትኦም ኦንታርያውያን ኣብ ከባቢ ደቡባዊ ክፋል ናይቲ ዞባ ኣብ ዝርከብ፣ ጥቓ እቶም ዓበይቲ ቀላያት ዘለዉ ከተማዊ ማእከላት ይቕመጡ። ብሓፈሻ፣ ብዝሒ ኣብ ከባቢ ሰሜናዊ ክፋል ናይቲ ዞባ ዝርከቡ ከተማታትን ማሕበረሰባትን ንእስ ዝበለ እዩ።

ኣስማት ናይ መብዛሕትኦም ዓበይትን ንኣሽቱን ከተማታት ኦንታርዮ፣ ህላወ ናይ ኣቦሪጅናል ታሪኻዊ ሃብትን ውርሻን የንጸባርቕ፥ ኦንታርዮ ዝብል ቃል ካብ "ካናዳርዮ" ዝብል ናይ ኢሮከስ ቋንቋ ዝመጸ ቃል እዩ። ትርጉሙ ድማ "ጽቡቕ ባሕሪ" ወይ "ዘብለጭልጭ ማይ" ማለት እዩ።

ኦንታርዮ ካብቶም 10 ዞባታትን ሰለስተ ግዝኣታትን ብግዝፊ ኣቀማምጣ መሬት ራብዓይቲ እያ። ንመረዳእታ፣ ኦንታርዮ ብገምጋም ንሃገረ ፈረንሳይ ብኽልተ ዕጽፊ ትዓብያ፣ ንህንዲ ኸኣ ክንዲ ሓደ ሲሶኣ ትኸውን።

ብዛዕባ ዙረት ናብ ኦንታርዮ ፣ መደብ ከመይ ከምተውጽእ ንምፍላጥ ኣብ ናይ ምምሕዳር ኦንታርዮ ቱሪዝም ወግዓዊ ዌብሳይት destinationontario.com ሓበሬታ ርኸብ።

ናብ ናይ ኦንታርዮ ዞባዊ ፓርክ ብምኻድ ናይ ኦንታርዮ ተፈጥሮኣዊ ቦታታት ኣስተማቕሮ። ተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ኣብ ontarioparks.ca ርኸብ።

[3] ምንጪ ሓበሬታ፥ ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (Immigration, Refugees and Citizenship Canada)፥ canada.ca ወይ findlink.at/prstats


NEWFOUNDLAND
& LABRADOR
N
QUÉBEC
PRINCE
EDWARD
ISLAND
ONTARIO
NEW
BRUNSWICK
TIMMINS
THUNDER BAY
NOVA SCOTIA
SUDBURY
NORTH BAY
SAULT
STE. MARIE
OTTAWA
KINGSTON
TORONTO
KITCHENER/
WATERLOO
NIAGARA
FALLS
LONDON
WINDSOR

## ናይ ኣቦሪጅናል ባህሊ

“ኣቦሪጅናል ሰባት” ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም ዝቕመጡ ንዝነበሩ ሰባትን ወለዶኦምን ዝገልጽ ሓባራዊ ስም እዩ። ኣብ ኦንታርዮ ብውሑዱ 7,000 ዓመታት ተቐሚጦም ኣለዉ።

ግዝኣት ካናዳ ንኣቦርጂናል ሰባት ኣብ ሰለስተ ጉጅለ መቒሉ የለልዮም። ንሶም ከኣ ፈርስት ኔሽንስ፣ ሚቲስ ከምኡ’ውን ኢንዩውትን እዮም። እዞም ጉጅለታት ፍሉይ ታሪኽ፣ ቋንቋታት፣ ባህላዊ ልምምድታትን መንፈሳዊ እምነትን ዘለዎም ሰለስተ ፍሉያት ሰባት እዮም። ኣብ ኦንታርዮ ፈርስት ኔሽንስ ዝበሃሉ ሰባት ኣልጎንኪን-ዝዛረቡ ክሪ፣ ኦጂ- ክሪ፣ ኣልጎንኪን፣ ኦጂብዋ፣ ኦዳዋ፣ ፖታዋቶሚ ከምኡ’ውን ዴልዌር ብተወሳኺ ናይ ኢሮክወስ ቋንቋ ዝዛረቡ ሽድሽተ ብሄራት (ሞሃክ፣ ኦኔዳ፣ ኦናንዳጋ፣ ካዩጋ፣ ሰነካ ከምኡ’ውን ታስካሮራ) እዮም። ሚቲስ ሓናፍጽ ናይ ፈርስት ኔሽንስ ከምኡ’ውን ኣውሮጳውያን ዝኾኑ ቀዳሞት ኣቦታትን ኮይኖም ንርእሶም ሚቲስ ኢና ዝብሉ ህዝቢ እዮም። ኢንውት ድማ ንኑነቨት፣ ግዝኣት ሰሜናዊ ምዕራብ፣ ዩካን፣ ሰሜናዊ ክውቤክ ከምኡ`ውን ንላብራዶርን ዝሓቑፈ ኣርክቲክ ካናዳ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ዝርከቡ ኣቦርጂናል ህዝቢ እዮም።

21 ሰነ ድማ ሃገራዊ መዓልቲ ደቀባት እያ። ዓመት መጸ ኦንታርዮውያን ኣብ ናይ ደቀባት ባህላዊ ኣጋጣሚታት/መደባት ይሳተፉ ከምኡ ውን ብዛዕባ ኣብ ኦንታርዮን ኣብ መላእ ሃገርን ዝርከባ ሃብታም ውርሻ ደቀባት ይመሃሩ።

ብመሰረት እቲ ኣብ 2021 ዝተኻየደ ናይ ካናዳ ቆጸራ ህዝቢ ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ሰባት ደቀባት ምዃኖም ይገልጽ። ኣብ ካናዳ፣ ደቀባት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ካናዳ 5 ሚእታዊት ይሸፍኑ።

ኦንታርዮ እታ ዝለዓለ ብዝሒ ደቀባት ሰባት ዘለዋ ግዝኣት እያ። ኣብዚ እዋን’ዚ ልዕሊ 406,585 ደቀባት፣፡ ሜቲስን ኢኑይትን (First Nations, Métis and Inuit )ኣብ ኦንታርዮ ዝነብሩ ኮይኖም፣ 2.9 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ኦንታርዮን 22.5 ሚእታዊት ካብ ኩሎም ደቀባት ካናዳን ድማ ይውክሉ። ኣብ ሕዙእ ቦታታት፣ ከተማታት ከምኡ’ውን ገጠራዊ ማሕበረሰብን ከኣ ይቕመጡ። ገሊኦም ዓመት ሙሉእ ብኣየር ጥራሕ ክእቶ ዝከኣል ቦታ ወይ ብበረድ ዝመልአ መገዲ ጌርካ ብማኪና ዝእተዉ ንኣሽቱ ቁሸታት ይቕመጡ። ቀንዲ ብዝሒ ኣቦርጂናል ህዝቢ ዘለወን ከተማዊ ቦታታት በዓል ታንደር ቤይ፣ ሰድበሪ፣ ሱ ሴንት ሜሪ፣ ኦታዋን ቶሮንቶን እየን።

ብዛዕባ ኣቦርጂናል ህዝቢ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ aadnc-aandc.gc.ca ከምኡ`ውን ontario.ca/ministry-indigenous-affairs ተመልከት።

## ሓቅን ዕርቅን

30 መስከረም ናይ ክልቲኡ ማለት ሃገራዊ መዓልቲ ሓቅን ዕርቅን ከምኡ’ውን መዓልቲ ኣራንሾኒ ማልያ (National Day for Truth and Reconciliation and Orange Shirt Day) ኮይና፣ ነቶም ካብ መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ተመሊሶም ዘይፈልጡ ህጻናት ንምዝካርን ብህይወት ዝደሓኑን ስድራቤቶምን ማሕበረሰቦምን ንምኽባርን ዝተወፈየት መዓልቲ እያ። ነዚ ዘሕዝን ታሪኽ ምዝካር፣ ነቲ ከም ናይ ፌደራል ሕጋዊ በዓል ኮይኑ ዝተመስረተ መስርሕ ዕርቂ ወሳኒ እዩ።

ብደቀባት ማሕበረሰባት ዝምራሕ መዓልቲ ኣራንሾኒ ማልያ (Orange Shirt Day)፣ ብዛዕባ መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ወለዶታት ዘትረፎ ጽልዋታት ንቕሓት ንምዕባይ ከምኡ ውን “ነፍሲ ወከፍ ህጻን ኣገዳሲ እዩ” (“Every Child Matters”) ዝብል ሓሳብ ንምድንፋዕ ዝዓለመ እዩ። እቲ ኣራንሺ ዝሕብሩ ማልያ፣ ነቲ እቶም ደቀባት ህጻናት ዘጋጠሞም ምጥፋእ ባህላዊ ውርሻ፣ ናጽነትን ርእሰ-ምትእምማንን ዘመልክት እዩ።

## ቋንቋታት

ኣብዚ ዞባ ቋንቋ እንግሊዝ ብጣዕሚ ዝዝውተር ቋንቋ እዩ፣ ኣብ ዝኾነ ጉዳያት’ውን ዋና መረዳድኢ ቋንቋ እዩ። ኣብ ኦንተርዮ ቋንቋ ፈረንሳይ ኣብ ፍራንኮፎን ማሕበረሰባት ይዝረብ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኦንታርዮ ድማ ንህጻናት እዚ ቋንቋ ከም ትምህርቲ ይወሃብ። ክልቲኡ ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳይን ጽቡቕ ትዛረብ እንተደኣ ኮንካ ስራሕ ኣብ ምድላይ ብጣዕሚ ይጠቕመካ እዩ።

## ቁጠባ

ኦንታርዮ ዝተፈላለየ ዓይነት ቁጠባዊ መዳያት ኣለዋ። ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይቲ ዞባ ፋናንሳዊ ኣገልግሎት፣ ናይ መኣንገዲ ኢንዱስትሪ፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ናይ ህይወታውያን ሳይንስን ሓበሬታን ከምኡ’ውን ናይ ቴሌኮምኒኬሽን ቴክኖሎጂ ትረክብ።


ብታሪኽ፣ ቁጠባ ሰሜናዊ ክፋል ናይቲ ዞባ ኣብ ተፈጥሯዊ ሃብቲ ዝተመርኮሰ እዩ። ዋና ኢንዱስትሪ ናይዚ ቦታ፣ ማዕድን ኩዒትካ ምውጻእ፣ ስነ-ኣግራብ ከምኡ’ውን ብሓይሊ ማይ ኤለክትሪክ ምስራሕ ዘጠቓልሉ እዮም።

ብዛዕባ ቁጠባ ኦንታርዮ፣ ኣብ ሚኒስትሪ ፋናንስ፥ ontario.ca ወይ findlink.at/economy ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።



# ክሊማ

### ገምጋም ወርሓዊ ሙቐት ኦንታርዮ (ብዲግሪ ሴልስየስ)[4]




[4] ምንጪ ሓበሬታ፥ currentresults.com ወይ findlink.at/091

### ፈሊጥካ ኔርካ ዶ?

- ዓለምለኻዊ ናይ ፊልም ጽንብር በዓል ቶሮንቶ (TIFF) ኣብ መስከረም ይካየድ። እዚ በዓል ካብቶም ኣብ ዓለም ዝዓበዩን ዝተፈልጡን በዓላት ሓደ እዩ።
- ኦንታርዮ ናይ ኣፕላይድ ኣርትን ቴክኖሎጂን ትምህርቲ ንዝህባ 20 ዝኾና ህዝባዊ ዩኒቨርስትን 24 ኮሌጃትን ድጋፍ ትህብ።
- ኣብ ኦንታርዮ፣ ልዕሊ 1,000 ዝኾኑ ናይ ነፋስ ተርባይን ኣለዉ - እዚ ንካናዳ ብሓይሊ ንፋስ ብልጽቲ ክትከውን ይገብራ።
- ዞባዊ ፓርክ ኣልጎንኪን (Algonquin Provincial Park) ብ1893 ተሰሪሑ፣ እዚ ናይ መጀመሪያን ዝዓበየን ፓርክ ኦንታርዮ እዩ።

### ሓጺር መረድኢ ኦንታርዮ

**ዋና ከተማ**

ቶሮንቶ፣ ዝዓበየት ከተማ ካናዳ ብገምጋም 4 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ኣለዋ።

**ወግዓዊ ዕምባባ**


ሰለስተ ጨንፈር ዘለዎ ጻዕዳ ዕምባባ

**ወግዓዊ ገረብ**


ጻዕዳ ጽሕዲ ናይ ምብራቕ

**ወግዓዊ ዑፍ**

ናይ ባሕሪ ዑፍ









# ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት

ናብ ኦንታርዮ ምስ በጻሕካ፣ ካብ ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ናብራ ዘጀምሩ ወኪላት ንሓደስቲ መጻእቲ ዝሕግዙ ናይ ማሕበረሰብ ትካላት እዮም። ኣገልግሎት ናይዞም ትካላት ስቱር፣ ናጻ ከምኡ'ውን ብብዙሕ ቋንቋታት ዝቐርብ እዩ።


ናይ ናብራ ምጅማር/ምጥያስ ሰራሕተኛ፣ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባውን መንግስታውን ኣገልግሎት፣ ሓበሬታን ሓጺር መግለጽን ብምሃብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ገዛ፣ ክንክን ጥዕና፣ ምስልጣን ቋንቋ፣ ስራሕ ከመይ ከምትርከብ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዝህብዎ ካልእ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ብዙሓት ናይ ምጥያስ ወኪላት ንኣኻን ንስድራኻን ምስዚ ሓድሽ ማሕበረሰብ ዘራኽቡ መደባት ይህቡ።

ምምሕዳር ካናዳን ኦንታርዮን ነዞም ትካላት፣ ኣብ ምሉእ ኦንታርዮ ንዘለዉ ሓደስቲ መጻእቲ ኣገልግሎት ምጥያስ ምእንቲ ክህብዎም ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይገብሩሎም እዮም።

### ኣገልግሎት ምሕባር ኣድራሻ፡ ኣብ ከባቢኻ

- ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ናብራኻ ንምጅማር ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝህቡ ዝርዝር መራኸቢታት ኣብ Settlement.org ክትረክብ ኢኻ፥ services.settlement.org
- ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን፣ ዜግነትን ካናዳ (Immigration, Refugees and Citizenship Canada) ዝርዝር ኣገልግሎት ምጥያስ ዝህቡ ወከልቲ ኣብ canada.ca ወይ findlink.at/cic-serve ይህብ።
- ናይ ኦንታርዮ ሚኒስትሪ ዜግነትን ኢሚግሬሽንን፣ ዝርዝር ኣገልግሎት ምጥያስ ዝህቡ ወኪላት ኣብ ontario.ca ይህብ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ኣገልግሎት፡ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ *211* ደውል።



# ኣገደስቲ ቁጽሪ ቴሌፎናት

**9-1-1 – ህጹጽ ኩነታት**

ዝኾነ ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ ፖሊስ፣ መጥፋእቲ ሓዊ ወይ ሓገዝ ናይ ኣንቡላንስ ንምርካብ ኣብ ዝኾነ እዋን ብቴሌፎንካ ጌርካ ናብ *911* ደውል። ተቐባል ቴሌፎን ሙሉእ ኣድራሻ ምስ ፖስታል ኮድ ክትህቦ ክሓተካ እዩ። ንልዕሊ 170 ዝኮኑ ቋንቋታት ዝትርጉሙ ተርጎምቲ ኣለዉ።

*911* ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት ጥራሕ እዩ።

**2-1-1 – ኣገልግሎት**

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ *211* ደውል። እዚ ኣገልግሎት ብልዕሊ 150 ቋንቋታት ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓት፣ ኣብ ዓመት 365 መዓልቲ ይወሃብ። ናብ *211* ምድዋል፣ ናጻ ከምኡ`ውን ስቱር እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣገልግሎት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.211ontario.ca ተመልከት።

**መስመር ሓበሬታ ኣገልግሎት ኦንታርዮ**

ብዛዕባ ዝኾነ ኣገልግሎት መንግስቲ ከምኡ`ውን ናይ ከባቢኻ ማእከል ኣገልግሎት ኦንታርዮ ኣበይ ከምዝርከብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ *1-800-267-8097* ደውል። ናይ OHIP ካርድ፣ ፍቓድ መምርሒ ማኪና ከምኡ`ውን ታርጋ ማኪና ንምውጻእ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ኦንታርዮ ኬድካ ምልከታ ኣእቱ።

**መስመር ሓበሬታ ኣገልግሎት ካናዳ**

ምስ ኢሚግሬሽን፣ ቀረጽ፣ ዜግነት፣ ናይ ስራሕ መድሕን፣ ናይ ሶሻል ኢንሹራንስ ቁጽሪ ወይ ምስ ዝኾነ ካልእ መንግስታዊ መደብ ወይ ኣገልግሎት ዝተተሓሓዘ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ *1-800-622-6232* ደውል።

**ሓገዝ ናይ ቁጽሪ ቴሌፎንን ኣድራሻን መውጽኢ**

ቁጽሪ ቴሌፎን ናይ መንበሪ ገዛውቲ ወይ ትካላት ንምርካብ ናብ *411* ደውል። ዋጋ ናይዚ ኣገልግሎት ካብ ናይ ገዛ ቴሌፎን 50 ሳንቲም ካብ ተንቀሳቃሲ ቴሌፎን ከኣ $1.50 እዩ።

# ኣገዳስቲ መርበብ ሓበሬታ

ontario.ca

ናይ ኦንታርዮ ሚኒስትሪ ዜግነትን ኢሚግሬሽንን - ወግዓዊ መርበብ-ሓበሬታ። ብዛዕባ ምጥያስ ሓደስቲ መጻእቲ፣ መደባት ናይ ቋንቋ ስልጠና ከምኡ`ውን ድልድል ዝኾኑ ካልእ ስልጠናታትን፣ ሓበሬታ ርኸብ። ድልድል ዝኾኑ ስልጠናታት፣ ብትምህርትኻ ወይ ሞያኻ ኣብ ኦንታርዮ ንኽትሰርሕ የዳልዉኻ።

canada.ca

ናይ ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ - ወግዓዊ መርበብ-ሓበሬታ። መራኸቢ፣ ዝተፈላለዩ ኣብ ምጥያስ ዘተኮሩ ቪድዮታት ከምኡ`ውን "ኣብ ካናዳ ምንባር" ዝብል ናትካ ዝኾነ ውጥን ምጥያስ ከተውጽእ ዝሕግዘካ መተዓየዪ ርኸብ። ናብ findlink.at/livingcana ኪድ።

settlement.org

ኣብ ከባቢኻ ወሃቢ ኣገልግሎት ምጥያስ ኣበይ ከምዝርከብ ዘጠቓልል ሰፊሕን በብዓይነቱን ዝኾነ ምስ ምጥያስ ዝተኣሳሰረ ሓበሬታ ርኸብ።

servicecanada.gc.ca

ንዝተፈላለዩ መደባትን ኣገልግሎትን መንግስቲ ካናዳ ትበጽሓሉ መገዲ ይህበካ። ንሓደስቲ መጻእቲ ዝኸውን ሓበሬታ ኣብ findlink.at/ncservices ርኸብ።

serviceontario.ca

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ ምስ ስራሕ፣ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ምምራሕ ማኪናን ዝተተሓሓዙ መደባትን ኣገልግሎታትን ኣየኖት ምዃኖም ፍለጦም።

yellowpages.ca

ናይ መንበሪ፣ ትካላት ከምኡ`ውን መንግስታዊ ቁጽሪ ቴሌፎናት ርኸብ። ንኹሎም ነበርቲ ኦንታርዮ ብናጻ ዝወሃብ ኣብ ወረቐት ዝተሓትመ ቅዳሕ መውጽኢ ቁጽሪ ቴሌፎን (መጽሓፍ ቴሌፎን ተባሂሉ ዝጽዋዕ) እውን ክትቅበል ኢኻ። መጽሓፍ ቴሌፎን ክትረክብ እንተደሊኻ፣ ናብ *1-800-268-5637* ደውል።

cicic.ca

ካብ ሃገር ወጻኢ ንዝተመሃሩ ሰባት ብቕዓት ትምህርቶም ግቡእ ተቐባልነት ክረክብ ዘኽእል ሓበሬታን ኣገልግሎትን ይህብ።

# O CANADA

O Canada!
Our home and native land!
True patriot love
in all of us command.


With glowing hearts
we see thee rise,
The True North
strong and free!

From far and wide
O Canada,
we stand on guard for thee.

God keep our land
glorious and free!

O Canada,
we stand on guard for thee.

O Canada,
we stand on guard for thee.



# ኣብዚ ሓድሽ ማሕበረሰብ ምንባር

እዚ ክፋል ክንክን ጥዕና ብኸመይ ከም ዝርከብ፣ መንበሪ ኣባይትን መደባት ምዝንጋዕ ማሕበረሰብን ከመይ ከምዝርከብ፣ ኣስቤዛ ኣበይ ከምዝግዛእ ከምኡ`ውን ብኸመይ ዝተፈላለዩ ዓይነት መጓዓዝያ ኣብ ከባቢኻ ክትጥቀም ከምትኽእል ዘጠቓልል፣ ብዛዕባ መዓልታዊ መነባብሮ ኣብ ኦንታርዮ፡ ሓበሬታ ዝህብ  እዩ። ብዛዕባ ሕጋዊ መሰልካን ብኸመይ ሕጋዊ ኣገልግሎት ክትረክብ ከም ትኽእል`ውን ክትፈልጥ ኢኻ። ድሕሪ ነዞም ኣገልግሎት ወሃብቲ ደሊኻ ምርካብን ተጠቃሚ ኣገልግሎቶም ምዃንን፣ እዚ ሓድሽ ማሕበረሰብ  ከይተፈለጠካ ናተይ ትብሎ ክኸውን እዩ።




14
ክንክን ጥዕና

17
ኣገልግሎት ዓማዊል

18
ኣባይቲ

21
ተሳታፍነት ኣብ ማሕበረሰብ

22
መጓዓዝያ

24
ሕጋዊ መሰልን ኣገልግሎትን

26
ውጥን ናይ ምጥያስ



## ክንክን ጥዕና

*ፈደራላዊ፣ ዞባዊ ከምኡ`ውን ግዝኣታዊ ምምሕዳራት፥ ኣብ ስርዓት ምምሕዳር ክንክን ጥዕና ካናዳ ዓቢ ተራ ይጻወቱ። ምቕራብ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፣ ሓላፍነት ዞባውን ግዝኣታውን ምምሕዳራት እዩ። ናይ ካናዳ ሃገራዊ መደብ ዋሕስ ጥዕና (ሜዲኬር ዝበሃል) ንኹሎም ነበርቲ ካናዳ ናብ ሆስፒታላትን ሓካይምን ክኸዱ ዘኽእል ኣቕዲሙ-ክፉል ዝኾነ መገዲ ይህብ።*

### ዋሕስ ጥዕና

ምምሕዳር ኦንታርዮ ብመገዲ ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ (Ontario Health Insurance Plan (OHIP)) ብመዓረ ንነበርቲ እዚ ዞባ ክንክን ጥዕና ይህብ። እዚ ውጥን ከም ናብ ሓኪም ስድራቤት (family doctor) ከምኡ`ውን ናብ ህጹጽ ሕክምናዊ ክንክን (emergency medical care) ኬድካ ንምርኣይ ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ዝኾኑ ኣገልግሎት ጥዕና ክትረክብ ይኸፍለልካ። ከም ዜጋ ካናዳ ወይ ተቐማጢ ካናዳ፣ ነዚ መደብ ብመገዲ ግብሪ ኢኻ ትኸፍል።

ተኻፋሊ ረብሓታት OHIP ንምኳን፣ OHIP (መብዛሕትኡ ጊዜ *health card ተባሂሉ ዝፍለጥ*) ካርድ ከተውጽእ ይግባእ። ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ትቕበለሉ እዋን ከኣ ካርድኻ ኣርኢ። እዚ ካርድ ኣብ ኦንታርዮ ኣገልግሎት ጥዕና ክትርክብ ብቕዓት ከምዘለካ ዘረጋግጽ ካርድ እዩ።

### OHIP +

ነቶም ውልቃዊ ውጥን ዘይብሎም ዕድሚኦም 24 ዓመትን ትሕቲኡን ዝኾኑ ውልቀሰባት ልዕሊ 5,000 ፍርያት መድሃኒት ብዘይ ዝኾነ ወጻኢታት ብOHIP+ ይሸፈኑሎም። ሽፋን OHIP+ ንምርካብ ክትምዝገብ ወይ ክተመልከት ኣየድልየካን እዩ — ናይ ጥዕና ካርድ ቁጽሪን ብቑዕ ናይ ሓኪም መእዘዚ መድሃኒት ወረቐት ጥራይ እዩ ዘድልየካ። ሽፋን OHIP+ ኣብ መበል 25 ዓመት ልደትካ ወይ ድማ ብናይ ውልቂ ውጥን ዝሸፈንልካ እንተኾይኑ ከቋርጽ እዩ።

መግለጺ OHIP+ ዝኸፍሎ ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ ናይ ኦንታርዮ ሚኒስትሪ ጥዕናን ናይ ነዊሕ-ጊዜን ክንክን መርበብ ሓበሬታ ontario.ca ወይ findlink.at/healthont ብምኻድ ርኸብ።

**OHIP ንኹሉ ወጻኢታት ክንክን ጥዕና ኣይሸፍኖን እዩ። ንኣብነት፣ ወጻኢታት ንኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ወይ ብሓኪም ንዝእዘዙ ኣፋውስ ኣይሸፍኖምን እዩ።**

**ሓደ ሓደ ኣስራሕቲ ካብዚ ተወሳኺ ወጻኢታት፣ ንገሊኡ ዝሸፍን መደብ ረብሓ-ጥዕና ይህቡ እዮም። እዚ ምርካብ ረብሓ ካብ ኣስራሒ ናብ ኣስራሒ ይፈላለ እዩ። ነቶም OHIP ዘይሸፍኖም ወጻኢታት ክንክን ጥዕና ናይ ግሊ መድሕን ብምግዛእ ክትሸፍኖም ትኽእል ኢኻ።**

**ናይ OHIP ረብሓ ዘይትረክብ እንተደኣ ኮንካ፥ ካብ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ዝተወሰነ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል ትኸውን ኢኻ። ነቲ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ዘሎ ምንጪ ሓበሬታ ተወከሶ።**

ብዛዕባ ክንክን ጥዕና ኦንታርዮ ኣብዞም ዝስዕቡ መርበብ-ሓበሬታ ብምኻድ ሓበሬታ ርኸብ።

- ontario.ca ወይ findlink.at/ohip-info
- settlement.org ወይ settlement.org/ontario/health

## ናይ ኦንታርዮ መድሕን ጥዕና ካርድ ዝርከበሉ ኣገባብ

ኩሉ ዘድልየካ ሰነድ ምስረኸብካ OHIP ካርድ ንምርካብ ምልክታ ከተእቱ ይግባእ። ነዚ ካርድ ንምቕባል፣ ናብ ካናዳ ድሕሪ ምእታውካ ሰለስተ ወርሒ ክትጽበ ኣለካ። እዚ ናይ ምጽባይ ጊዜ ካብታ ናብ ካናዳ ዝኣተኻላ መዝገብ (Record of Landing) ተጻሒፉ ዘላ ዕለት ኣትሒዙ ዝጅምር እዩ።

ናይ OHIP ካርድ ምልክታ ንምእታው፣ ናብ ዝቐረበ ማእከል ኣገልግሎት ኦንታርዮ ኪድ። ንOHIP ብቑዕ ዝኾነ ሰነድ ዜግነትን ኢሚግሬሽንን ከምኡ ድማ ካልእ ክልተ መለለዪ መንነት ሒዝካ ኪድ። እዞም ዝተባህሉ ኣብዚ ተዘርዚሮም ኣለዉ settlement.org ወይ findlink.at/hc-docs




ኣብ ቀረባ ዝርከብ ማእከል ኣገልግሎት ኦንታርዮ ንምርካብ፥

- ናብ ሓበሬታ መስመር ኣገልግሎት ኦንታርዮ በዚ ቁጽሪ ደውል *1-800-267-8097* ወይ
- ናብ ዌብሳይት ኣገልግሎት ኦንታርዮ serviceontario.ca ወይ findlink.at/mto-office ኬድካ ተወከስ።

ኣብዚ ናይ ምጽባይ ጊዜ፣ ካብ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ፥ ዝተወሰነ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል ትኸውን ኢኻ። ከም ካልኣይ ኣማራጺ ድማ፣ ናይ ውልቂ መድሕን ጥዕና ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ። ተወሳኺ ምንጪ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ጸግዒ ናይዚ ገጽ ዘሎ ጽሑፍ ተወከሶ።

## ካብ ምጽባይ ናጻ ምኧን

ድሕሪ ሕጂ ናይ OHIP ሽፋን ንምርካብ ናይ ምጽባይ ግዜ የለን። ብቑዕ እንተኾንካ ቅልጡፍ ናይ ጥዕና መድሕን ሽፋን ክህልወካ እዩ።

- ብዛዕባ OHIP ንምርካብ ትጽበዮ ጊዜ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/waitingperiod ተወከስ።

## ፈደራላዊ ክንክን ጥዕና ንስደተኛታት

ግዚያዊ ፈደራላዊ መደብ ጥዕና ብቕዓት ንዘለዎም ስደተኛታት ከም ኡ'ውን OHIP ንምርካብ ብቑዓት ንዘይኮኑ ሰባት ንግዚኡ ዝኸውን ረብሓታት ክንክን ጥዕና ይህብ። እዚ መደብ፡ ንወጻኢታት ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒት'ውን ዝሽፍን እዩ።

ብዛዕብ ብቕዓትን ዓይነት ረብሓታትን፣ ብኽብረትካ ኣብ canada.ca ወይ findlink.at/ifhp ተወከስ።

## ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም (YOUR FAMILY DOCTOR)

ሓኪምካ ኣብ ጥዕናን ድሕነት ቤተሰብካን ወሳኒ ተራ ይጻወት። ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ኣብ ጊዜ ሕማም ወይ ድማ ሕክምናዊ ምኽሪ ኣብ ትደልየሉ እዋን ከምኡ'ውን ናብ ፍሉይ ክኢላ-ጥዕና ንኽሰደካ መጀመሪያ ትጽውዖ/ዓ ሰብ ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም እዩ/ያ። ኣብ ገለ ቦታታት ኦንታርዮ ግና ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም ክትረክብ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። መጀመሪ ክኾና ዝኽእላ ገለ መገድታት ኣብዚ ኣለዋ፥

- ኣብ ከባቢኻ ሓኪም ንምርካብ፡ ብኦንታርዮ ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክን ነዊሕ ጊዜን (Ontario Ministry of Health and Long-Term Care) ተዳልዩ ዝወሃብ ኣገልግሎት ምርካብ ክንክን ጥዕና (Health Care Connect service) ርኸብ። ኣብ መስመር ምርኻብ ክንክን ጥዕና (Health Care Connect) *1-800-445-1822* ደውል ወይ ነቲ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/hc-connect ርኸቦ።
- ኣብ ናይ ኦንታርዮ ኮሌጅ-ሓካይምን ሓካይም-መጥባሕትን መርበብ ሓበሬታ ኬድካ "Doctor Search" ዝብል ምርጫ ተጠቀም። ን cpso.on.ca ተወከሶ።
- ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ።
- ንስድራኻን ኣዕሩኽትኻን ሓሳብ ክህቡኻ ሕተቶም።

## ኣብ ኦንታርዮ፡ ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ (Telehealth Ontario)

ዘይህጹጽ ምኽሪ ተሓጋጋዚ ሓኪም ንምርካብ፣ 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ፣ 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ኣገልግሎት ናብ ዝህብ መስመር *1-866-797-0000* ደውል። እዚ ኣገልግሎት ብቋንቋ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ ከምኡ'ውን ብ110 ካልኦት ቋንቋታት ኣገልግሎት ይህብ። ንኣካለ ስንኩላን ዝኸውን ናይ TTY መስመር'ውን ኣሎ፡ *1-866-797-0007*.

## ብዘይ ቆጸራ ዝኽየዶም ማእከላት ጥዕና

ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም እንተዘይብልካ ወይ ቆጸራኻ ክሳዕ ዝበጽሕ ክትጽበ ዘይትኽእል እንተደኣ ኴንካ፣ ናብ ጥቓኻ ዝርከብ ብዘይ ቆጸራ ዝኽየዶ ክሊኒክ ኪድ። OHIP ካርድ ከተርኢ ድማ ኣሎካ። ምርጫታት ክንክን ጥዕና ዝህብ መርበብ ሓበሬታ ontario.ca ወይ findlink.at/hcoptions

## ማእከላት ጥዕና ማሕበረሰብ

ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ንምርካብ ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንመርበብ-ሓበሬታ ontario.ca ወይ findlink.at/healthcare ተወከሶ።

## ሕክምና ስኒ

ብማሕበር ሕክምና-ስኒ ኦንታርዮ ዝወሃብ *Find a Dentist* ዝብል ምርጫ ኣብ youroralhealth.ca ወይ findlink.at/013 ኬድካ ርኸቦ።

## ናይ ውልቂ መድሕን ጥዕና

ኣብ ኢንተርነት ብምኻድ የሎው ፔጅ ዝተባህለ ዝርዝር ናይ ኣድራሻን ቁጽሪ ቴለፎንን ዝህብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ yellowpages.ca ኬድካ ርኸቦ።





### ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት

*ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም ብኸመይ ይረክብ?*

*ሓኪም ስኒ ብኸመይ ይረክብ?*

*ብዘይ ቆጸራ ዝኽየዶ ዝቐረበ ማእከል ጥዕና ኣበይ ይረክብ?*

*ዝቐረበ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ኣበይ ይረክብ?*

*OHIP ዘይሸፍኖ ኣገልግሎት እንታይ እዩ?*

*OHIP ዘይሸፍኖ ኣገልግሎት ክንደይ ዋግኡ?*

*ኣሰራሕየይ ወጻኢታት ሕክምና ስኒ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ወጻኢታት ብሓኪም ዝእዘዙ መድሃኒት ዝሸፍን መደብ መድሕን ጥዕናዶ ይህብ እዩ?*

*OHIP ኣብ ኦንታርዮ ዝሸፍነለይ ወጻኢታት ካብ ካናዳ ወጻኢ ኣብ ዝጓዓዘሉ እዋን'ከ ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ክሸፍነለይ ድዩ?*

## ሕክምና ስኒ

OHIP ወላ'ኳ ወጻኢታት ኣብ ሆስፒታል ጥራሕ ክወሃቡ ዝግብኦም ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ እንተሸፈነ፣ ብሓፈሽኡ ግና ንወጻኢታት ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ኣይሸፍንን እዩ፣

ብመገዲ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ከባቢኻ፡ ትሕቲ 17 ዕድመ ንዘለዉ ቆልዑ ዝተወሰነ ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ መደብ ሄልዚ ስማይልስ ኦንታርዮ (Healthy Smiles Ontario program) ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ 1-800-268-1153 ደውል ወይ'ከኣ ንኦንታርዮ ሚኒስትሪ ጥዕና ከምኡ'ውን ክንክን ነዊሕ ጊዜ (Ontario Ministry of Health and Long-Term Care)፡ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/smiles-ont ረኺብካ ተወከስ ።

## ህጹጽ ጉዳያት ሕክምና

ዘህውኽ፣ ንህይወት ከስግእ ዝኽእል ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ ጉዳይ እንተጋጢሙካ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ብቴሌፎንካ ጌርካ ናብ 911 ደውል። ኣብ ዘለኻዮ ኣድራሻ ኣንቡላንስ ክሰደልካ ምስ ዝኽእል ተቐባሊ ቴለፎን ክትራኸብ ኢኻ። ኣምቡላንስ፡ ቅልጡፍ ክንክን ክህቡ ዝኽእሉ ተሓጋገዝቲ ሓካይም ዝሓዛ ማካይን እየን። ማእከላት ህጹጽ ሕክምና፡ ብልዕሊ 170 ቋንቋታት ተርጎምቲ ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

ናብ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ሕክምና ሆስፒታል'ውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ - እዚ ኣገልግሎት 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ፣ 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ክፉት እዩ። ረብሓታት OHIP  ዘይብልካ እንተደኣ ኮይኑ፣ ንዝኾነ ትቕበሎ ኣገልግሎት ክትከፍል ከድልየካ እዩ።

## ክታበት

ኦንታርዮ ንዓበይትን ንቆልዑን ካብ ዝተፈላለየ ሕማም ንምሕላው ናይ ክታበት (ወይ ምጥራይ ተጻዋርነት) መደብ ኣለዋ። ንስኻ ወይ ደቅኻ ተኸቲብኩም እንተደኣ ኳንኩም፣ ናብ ኦንታርዮ ክትመጽእ ከሎኻ ነቲ መዝገብ ሒዝካዮ ምጻእ።

ንስኻን ደቅኻን ዘይተኸተብኩም እንተደኣ ኮይንኩም፣ ከመይ ዓይነት ክታበት ከምዘድልየካ ንምፍላጥ ንናይ ስድራ-ቤት ሓኪምካ ወይ ድማ ኣብ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ንዝርከብ ኣባል ሕክምና ኣዘራርቦ። ንቤት-ትምህርቲ ናይ ውላድካ'ውን መዝገብ ክታበት ክትህቦም የድልየካ ይኸውን እዩ።

ብዛዕባ መደብ ክታበት ኦንታርዮ ብተወሳኺ ንምፍላጥ፣ ንናይ ኦንታርዮ ሚኒስትሪ ጥዕና ከምኡ'ውን ክንክን ነዊሕ-ጊዜ (Ontario Ministry of Health and Long-Term Care) ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/immuneinfo ተወከሶ።

findlink.at/CanadaHealthCare

## ክንክን ጥዕና ኣእምሮ

ወጻኢታት ብሓካይም-ኣእምሮ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣእምሮ፡ OHIP ይሸፍኖ እዩ። ወጻኢታት ብስነ-ኣእምሮኛ (psychologists) ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት (social workers) ከምኡ'ውን ብኻልኦት ኣማኸርቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት፡ ብመገዲ ትካል ጥዕና ኣእምሮ፣ ሆስፒታል ወይ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ዝኣመሰሉ መንግስታዊ ደገፍ ዝረኽቡ ወኪላት እንተዘይረኺብካዮ OHIP ኣይሸፍኖን እዩ።

ብዛዕባ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣእምሮ ኣብ ኦንታርዮ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ መስመር-ሓገዝ ጥዕና ኣእምሮ ኦንታርዮ ኣብ 1-866-531-2600 ደውል ወይ ንconnexontario.ca ተወከሶ።

ሕማም ኣእምሮ፣ ወልፊ ድራግ፣ ወይ ናይ ምጥላዕ ጸገማት ንዘለዎም ሰባት ዝኸውን መስመር-ሓገዝ ንምርካብ ንConnexOntario: connexontario.ca ተወከሶ።

## ጥብቂ ምክትታል ሕክምና

ከም ነባሪ ኳንካ ናብ ካናዳ ቅድሚ ምእታውካ፡ ኣብ ካናዳ ምስ በጻሕካ ካልእ ሕክምናዊ መርመራ ከምዘድልየካ ዝሕበረካ ሕክምናዊ መርመራ ኔሩካ ክኸውን ይኽእል እዩ።  እዚ ጥብቂ ምክትታል ሕክምና (medical surveillance) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ኣብ ጽቡቕ ሕክምናዊ ኩነታት ከምዘለኻ ንምርግጋጽ ከኣ ይጠቅም።

ኩነታትካ ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ኦንታርዮ ካብ እትኣቱ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ በዓል መዚ ጥዕና ህዝቢ ርኸቦ። ነዚ እንተዘይሓቢርካ፣ ኣብ ምስላጥ ጉዳይ ኢሚግሬሽን ሽግር ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣድራሻ ክፍሊ ናይ በዓል መዚ ጥዕና ህዝቢ ኣብ ከባቢኻ ንምርካብ፣ ን ontario.ca ወይ findlink.at/ph-units ተወከሶ።

findlink.at/CanadaHealthCare

# ኣገልግሎት ዓማዊል

ቀሊል ነገራት ዓቢ ለውጢ ክምጽኡ ይኽእሉ እዮም። ቴለፎን ምህላው፣ ኢንተርነት ምጥቃም ከምኡ’ውን ኣስቤዛ ኣበይ ከምትገብርን ምፍላጥ ኣገደስቲ ክፋላት ናይ ምስላጥ ናብራ ምጅማር/ ምጥያስ እዮም።

### ፍልጠት ዓማዊል

ዕዳጋ ኦንታርዮ ብዙሕ ጠቃሚ ኣቕሑን ኣገልግሎትን ዝመልኦ እዩ። ንዓማዊል ከምኡ’ውን ንንግዲ ዝጣበቑ ሕግታት ንመብዛሕትኡ ምክያድ ንግዲ የመሓድርዎ።

ፈደራላዊ፣ ዞባውን ግዝኣታውን ምምሕዳራት ብሓባር መጽሓፍ ዓማዊል ካናዳ (*Canadian Consumer Handbook*) ዝብል መጽሓፍ ጽሒፎም ኣለዉ። እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ብኢንተርነት ኣቕሑ ምግዛእ ፣ ኣጠቓቕማ ባንክ፣ ጉዳይ ገዛን ምሕዳስ ገዛን ዝኣመሰሉ ነገራት ሓበሬታ ይህብ። ሚኒስትሪ ኣገልግሎት መንግስትን ዓማዊልን፡ ብዛዕባ ሕጊ ምሕላው ዓሚል ኣብ ዞባ ኦንታርዮ ሓላፍነት ኣለዎ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ን ontario.ca/consumerprotection ተወከሶ ወይ ናብ ***1-800-889-9768*** ደውል።

### ኣገልግሎት ቴለፎንን ኢንተርነትን

ኣብ ከተማታት፣ ብዙሕ ኣማራጺ ኣገልግሎት ቴለፎንን ኢንተርነትን ኣሎ። ገጠር ኣብ ዝኾኑ ቦታታት ግና ውሑድ ኣማራጺ እዩ ዘሎ።

ብዙሕ ትካላት፣ ኣገልግሎት ቴሌፎን (ተንቀሳቓሲ ቴሌፎን ወይ ናይ ገዛ ቴሌፎን)፣ ኢንተርነት ከምኡ’ውን ኬብል ብጥርኑፍ ወይ ሓዊሶም ብሕሱር ዋጋ ውዕል ይህቡ እዮም። ውጥን ስድራቤት (Family plans) እውን ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴሌፎናት ስድራቤትካ ብጥርኑፍ  ውሑድ ገንዘብ ክትከፍል ዘኽእል መንገዲ እዩ። ናይ ነዊሕ-ርሕቀት ከምኡ’ውን ናብ ሙሉእ ዓለም ዘደውል ካርድ ምጥቃም’ውን ካልእ ኣማራጺ እዩ።

ቅድሚ ምፍራምካ ነቲ ዝርዝር ውዕል ብምልኡ ኣንቢብካ ተረድኣዮ።

ኣብ ውሽጢ ኦንታርዮ ብዙሓት ቤት ንባብ፡ ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ኢንተርነትን ካርድ ቤት ንባብን ይህቡ እዮም። ብተወሳኺ፣ ዋየርለስ ላፕታፕ ኮምፕዩተር (wireless laptop computer) እንተደኣ ሃልዩካ፡ ናጻ ዋየርለስ ኣገልግሎት ኢንተርነት (*Wi-Fi hotspots* ተባሂሉ’ውን ዝፍለጥ) ናብ ዝህቡ ከም እንዳቡን፣ ቤት መግብን ዝኣመሰሉ ቦታታት ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

### ኣገልግሎት ቡስጣ

ኣገልግሎት ቡስጣ ካናዳ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ከተማታት ከምኡ`ውን ማእከል ገጠራት ንኣሽቱ ድኳናት ዘለዎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቡስጣ እዩ። ካብዞም ድኳናት ሓደ መሪጽካ ቡስጣታት ክትሰድድን ክትቅበልን ትኽእል ኢኻ።

### ምግዛእ መግቢ

ድኳናት ኣስቤዛ ብዙሕ ምርጫታት ሓድሽ መግቢ ከምኡ’ውን ካልኦት ፍርያት ኣስቤዛን ኣለዎም። ምግዛእ መግቢ፡ ካብ ድኳን ጸግዒ (*corner stores*) ዝበሃሉ ንኣሽቱ ኮንቪንየንስ ስቶር (ዋግኦም ክቡር ዝኾነ) ወይ ካብ ንኣሽቱ ድኳናት ፍሩታን ኣሕምልትን፣ እንዳ ስጋ ወይ እንዳ ባኒ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት፡ ፍርያት ውሽጢ ሃገር፡ ካብ ዕዳጋ ሓረስቶት ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

### ሞቕሽሽ ምሃብ

ኣብ ባራት፣ ሆቴላት ከምኡ’ውን ኣብ ታክሲ፡ ንዘገልገሎም ሰብ፡ ሰባት መብዛሕትኡ ጊዜ ሞቕሽሽ ይህቡ እዮም። ሞቕሽሽ ምሃብ ናይ ግድን ኣይኮነን፣ ንዝተዋህበካ ጽቡቕ ኣገልግሎት ኣድናቖትካ ትገልጸሉ መገዲ እዩ።

መብዛሕትኡ ጊዜ ሞቕሽሽ፡ 10 ወይ 15 ሚእታዊ ናይቲ ክትከፍሎ ዝግብኣካ መጠን ገንዘብ  እዩ።

**ቅልጡፍ ኣድላይነት መግቢ**

**መግቢ ክትገዝእ ዓቕሚ ዘይብልካ እንተደኣ ኮይኑ፡ ናብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ መግቢ ባንክ ኬድካ ናጻ መግቢ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ ወይ ከኣ ንናይ ኦንታርዮ ማሕበር ባንክ መግቢ ኣብ *1-866-220-4022* ደውለሎም። ን feedontario.ca  ተወከሶ። ኣማኻሪ ምጥያስ ንምርካብ፣ ናብ services.settlement.org ኪድ።**

**ንዓማዊል ኦንታርዮ ምጥባቕ**

ontario.ca/consumerprotection
*1-800-889-9768*

**ናይ ካናዳ መጽሓፍ ዓማዊል**

consumerhandbook.ca

**ኣገልግሎት ቡስጣ ካናዳ**

canadapost.ca
*1-866-607-6301*

**ኣገልግሎት ቴሌፎንን ኢንተርነትን**

settlement.org ወይ
findlink.at/dailylife

**ዕዳጋ ሓረስቶት**

farmersmarketsontario.com





# ጉዳይ ኣባይቲ

## ጉዳይ ኣባይቲ ንኹሎም ሓደስቲ መጻእቲ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ፥ ገዛይ ትብሎ፣ ምቹእን ዓቕምኻ ዝፈቕዶን ቦታ ምርካብ ኣገዳሲ ክፋል ምጅማር ናብራ/ምጥያስ እዩ።

### ጊዚያዊ ገዛ

ናብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ፣ ኣፓርትመንት (apartment)፣ ኮንዶ (condo)፣ ዝካረ ወይ ዝግዛእ ገዛ ክሳዕ ትረክብ ትጸንሓሉ ጊዚያዊ ቦታ የድልየካ እዩ። ሆስተል ድማ ኣብ ሆቴል ትጸንሓሉ ካልእ ዝሓሰረ ኣማራጺ እዩ። ሆስቴላት ናይ ውልቂ ክፍሊ ወይ ምስ ካልኦት ትድቅሰሉ ዓራውቲ ዘለዎ ዓቢ ክፍሊ ይህቡ። ሽቓቕን ክሽነን'ውን ምስ ካልኦት ብሓባር ትጥቀመሉ እዩ። ሆስተል ወይ ሆቴል ንምርካብ፡

- ኣብ መርከቢ ሓበሬታ ቴሌፎንን ኣድራሻን (Yellow Pages)፡ yellowpages.ca ተወከስ
- ናይ ናብራኻ ትጅምረሉ ከተማ፡ መርበብ-ሓበሬታ ቱሪዝም ደሊኻ፡ ዝርዝር መዕረፍ ኣጋይሽ ርኸብ።
- ዝርዝር ሆቴላትን ሆስቴላትን ዝሓዘ ናይ በጻሕቲ መሪሕ-መጽሓፍ ካናዳ ግዛእ።

findlink.at/HousingInCanada

### ዓይነት ገዛውቲ ቶርንቶ

- ክራይ ኣፓርትመንት - ሓደ፣ ክልተ፣ ወይ ሰለስተ መደቀሲ ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ህንጻ ወይ ገዛ ዝርከብ ኣፓርትመንት እዩ ፡ ናይ ስካቡሊ ክፍሊ (*bachelor* units) ከም መንበርን መደቀስን ትጥቀመሉ ሓደ ክፍሊ ጥራሕ ዘለዎ ክፍሊ እዩ። ኩሎም ኣፓርትመንት ክሽነን ሽቓቕን ኣለዎም።
- ናይ ኽራይ ክፍሊ (Rental room) - ዓበይቲ ገዛውቲ ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ብዙሕ ውልቃዊ መደቀሲታት ተኸፋፊሎም ናይ ሓባር ክሽነን ሽቓቕን ዘለዎም ንውልቀ-ሰባት ዝካረዩ ክፍልታት እዮም፥ ሓደ ሓደ ጊዜ ሩሚንግ ሃውስስ (*rooming houses*) ተባሂሎም ይጽውዑ።
- ኮንዶሚኒየም (condo) - መብዛሕትኡ ኮንዶ ኣብ ብዙሕ ክፋላት ዘለዎ ነዊሕ ህንጻ ይርከብ። እቲ ዋና ክራይ ድማ፡ ወርሓዊ ክፍሊት ጽገና ይኸፍል።
- ገዛ (House)- ዘይተላገቡ ገዛውቲ ብኻልኦት ህንጻታት ዝተኸቡ እዮም፥ ብኸፊል ዘይተላገቡ ገዛውቲ ምስ ጥቓኦም ዘሎ ገዛ ብሓደ ወገን ብሓደ መንደቕ ዝፈላለዩ ገዛውቲ እዮም፥ ታውን ሃውስስ (townhouses) ድማ ብኽልቲኡ ወገን ብሓደ መንደቕ ይፈላለዩ።

findlink.at/HousingInCanada



## ምኽራይ

ገዛ ክራይ ንምርካብ እቲ ልሙድ ዝኾነ መንገዲ ኣብ ጋዜጣ ማሕበረሰብካ ዘሎ ክፋል መግለጺ newspaperscanada.ca ወይ findlink.at/newspapers ምርኣይ እዩ።

ብተወሳኺ'ውን ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ትኽእል፡

- ኣብ ባህ ዝብለካ ገዛውቲ ኬድካ "ኣፓርትመንት ኣሎ (Apartment Available)" ወይ "ንኽራይ (For Rent)" ዝብል ምልክት ኣብ ህንጻታት ድለ።
- ንኣዕሩኽትኻ፣ ኣዝማድካ ከምኡ'ውን ንመሳርሕትኻ ሕተት።
- ኣብ ቤት ንባብ፣ ድኳን ኣስቤዛ ከምኡ'ውን ማእከላት ማሕበረሰብ ኬድካ ሰሌዳታት ሓበሬታ ኣንብብ።
- ንviewit.ca ተወከሶ።

ብዛዕባ ገዛ ክራይ ኣብ ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ውሽጢ ጎድኒ እዚ ገጽ ዝርከብ ሽራጥ-ሓበሬታ ብዝርዝር ተጻሒፎም ዘለዉ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

**ኣብ ውሽጢ እዚ ዞባ፡ ገዛ ንምክራይ ዝወጽእ ወጻኢ ዝተፈላለየ እዩ። ብሓፈሻ፡ ዋጋ ክራይ ካብ ኣብ ንኣሽቱ ከተማታት ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ክብር ይብል። ኣብ ከም በዓል ቶሮንቶ ዝበሉ ዓበይቲ ከተማታት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዓቢ ፍልልይ ዋጋ ክራይ ክህሉ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ከኢላታት ካናዳ ልዕሊ 30 ሚእታዊ እቶታካ ኣብ ገዛ ክጠፍእ የብሉን ይብሉ።**

## ምፍራም ውዕል ክራይ

መብዛሕትኦም ኣካረይቲ ሕጋዊ ስምምዕ ዝኾነ ውዕል ክራይ ይደልዩ እዮም። ውዕል ክራይካ፡ ስምምዕ ጊዜ ክራይ (መብዛሕትኡ ጊዜ 12 ወርሒ)፣ ንክራይ ትኸፍሎ መጠን ገንዘብ ከምኡ'ውን እንታይ እንታይ ከም ዘጠቓልል፥ ንኣብነት፡ ናይ ማኪና ደው መበሊ፣ ኬብል፣ ኤሌትሪክ ወይ ጋዝ ክጠቅስ ይግባእ።

መብዛሕትኦም ኣካረይቲ ክንዲ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ዝኸውን ዕርቡን ክኸፈሉ ይደልዩ እዮም። እዚ ዕርቡን ከም ክፍሊት ክራይ መወዳእታ ወርሒ ዝሕሰብ እዩ።

## ምኽፋል ክራይ

መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ክራይካ ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ነፍስወከፍ ወርሒ በዘን ዝስዕባ ሰለስተ መገዲ ትኸፍል፡

- ጥረ ገንዘብ - ንዝኸፈልካዮ ምሉእ መጠን ገንዘብ ቅብሊት ተቐበል።
- ናይ መጻኢ ዕለት ዝተጻሕፎ ቸክ - ናይ መጻኢ ዕለት ዝተጻሕፎ፡ ቅድሚ ግቡእ መዓልቱ ክሽረፍ ዘይክእል ቼክ። እቲ ዘካረየካ ሰብ ወይ ትካል፡ ክራይካ ንምሽፋን ናይ መጻኢ ዕለት ዝተጻሕፎ ቸክ ክትህቦ ክሓተካ ይኽእል እዩ።
- ዝተረጋገጸ ቸክ - ባንክኻ ዘረጋገጾ ቸክ። ዘካረየካ ሰብ ክራይ ናይ መጀመሪያ ወርሕን ናይ መወዳእታ ወርሕን ብዝተረጋገጸ ቸክ ክኽፈል ክደልዮ ይኽእል እዩ።
- ኣውቶማቲካዊ ካብ ባንክ ገንዘብ ምውጻእ – ካብ ሕሳብካ ናብ ካልእ ሕሳብ ብኣውቶማቲካዊ መንገዲ ክፍሊት ንኽትፍጽም የኽእለካ።
- ብኢመይል ዝግበር ምስግጋር ገንዘብ – ብናይ ኢንተርነት ስርዓተ ባንክ ብምጥቃም፣ ብቐጥታ ካብ ሓደ ባንክ ሕሳብ ናብ ካልእ ሕሳብ ብኢመይል ገንዘብ ንምልኣኽ ዝሕግዝ ኣገባብ።

findlink.at/Money-Finances

## ምኽራይ፡ መሰልን ሓላፍነትን

ሕጊ መንበሪ ክራይ (The *Residential Tenancies Act* (RTA)) ንጉዳይ ገዛውቲ ኦንታርዮ ዘመሓድር ሕጊ እዩ። እዚ ሕጊ ኣካራዪ ኣብ ውሽጢ ክንደይ ጊዜን ብኽንደይን ክራይ ክውስኽ ከምዝኽእል፣ ክትወጽእ ኣብ ትደልየሉ ድማ ቅድሚ ክንደይ ጊዜ ክትሕብሮ ከምዘለካ ዘጠቓለለ ኩሎም ኣካረይትን ተኻረይትን ክኽተልዎ ዝግባእ መምርሒታት ይሕዝ።

- ብዛዕባ RTA ንምንባብ፡ ንመርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ጉዳያት ምምሕዳር ከተማን ገዛን ontario.ca ወይ findlink.at/rtact ተወከስ።
- ብዛዕባ ኣካረይትን ተኻረይትን ክስዕብዎ ዝግባእ ሕጊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንሽማግለታት (Board) ኣካራይን ተኻራይን ኣብ *1-888-332-3234* ደዊልካ ርኸቦም ወይ ከኣ ንltb.gov.on.ca ተወከሶ።

## ብደገፍ መንግስቲ ዝርከብ ገዛ

መብዛሕትኦም ከተማታት ኦንታርዮ ብደገፍ መንግስቲ ዝርከብ (ሓሓሊፉ ሰብሲዳይዝድ (*subsidized*) ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ፣ ትኸፍሎ ክራይ ብመሰረት እቶትካ ዝኾነ ገዛውቲ ኣለዎም። ከምዚ ዓይነት ገዛ ንምርካብ ትጽበዮ ጊዜ ነዊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ - ሓደ ሓደ ጊዜ ዓመታት ክወስድ ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ብደገፍ መንግስቲ ዝርከብ ገዛ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ።

**ሚኒስትሪ ጉዳያት ምምሕዳር ከተማን ገዛን ኦንታርዮ**

ብዛዕባ ናይዚ ሚኒስትሪ ኣተገባብራ ጉዳይ ኣባይቲ ኣብ www.mah.gov.on.ca ወይ findlink.at/ont-mmah ኣንብብ።

**ናይ ሞርጌጅን ኣባይትን ኮርፖሬሽን ካናዳ**

*ናይ መጀመሪያ ገዛኻ ኣብ ካናዳ ዝብል ጽሑፍ ኣንብብ፡ ሓደስቲ መጻእቲ እንታይ ክፈልጡ ከምዝግብኦም፡* cmhc.ca ወይ findlink.at/cmhcnc

**Settlement.org**

ዝርዝር ሓበሬታ ጉዳይ ኣባይቲ ኦንታርዮ ኣብ settlement.org ወይ findlink.at/housinginf ርኸብ፡

**ማሕበር ሓገዝ ጉዳይ ኣባይቲ ኦንታርዮ**

ገዛ ንዘይብሎም ሰባት ወይ ድማ ንመጻኢ ገዛ ዘይብሎም ንዝኾኑ ሰባት ዝኸውን ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ findhousinghelp.ca ኬድካ ኣንብብ።





### ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገራት

*ክነብረሉ ዝደልዮ ገዛውቲ፣ ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ኣባይቲ (non-profit housing co-op) ኣለዎ'ዶ? ብኸመይ'ከ ምልክታ ከእቱ ይኽእል?*

*ብኸመይ ኣብ ዝርዝር ተጠባበቕቲ ብደገፍ መንግስቲ ዝርከብ ገዛ ክኣቱ ይኽእል?*

*ገዛ ክገዝእ እንተወሲነ፣ ኣየናይ ባንክ ወይ ትካል ዕቁብ (credit union) ገንዘብ ከለቅሓኒ ይኽእል?*

*ገዛ ክገዝእ እንተወሲነ፣ ንዕርቡን ዝኸውን ክንደይ ገንዘብ ክእከብ የድልየኒ?*

*ንኽራይ ዝኽፍሎ ወጻኢ እንታይ ዘጠቓለለ እዩ፡ መውዓዪ ገዛ፥ መዝሓሊ ገዛ፥ ከም ፍሪጅን ስቶቭን ዝኣመሰሉ መሳርሒታት?*

## ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ

ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ ኣብኡ ብዝነብሩ ሰባት ዝውነን እዩ። ክራይ ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ ዋግኡ ካብ መብዛሕትኡ ገዛውቲ ሕስር ዝበለ እዩ። ኣባላት ተሓጋገዝቲ ንንብረቶም ብምምሕዳርን ብምጽጋንን ክሕግዙ ትጽቢት ይግበሮም። መብዛሕትኡ ጊዜ ክራይ-ገዛ ተሓጋገዝቲ ንምርካብ ነዊሕ ትጽቢት ይሓትት - ብሓፈሻ ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት። ዝርዝር ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ ኣብ ከባቢኻ ንምርካብ፣ ኣብ ኢንተርነት *non-profit co-op housing* ኢልካ ድለ።

findlink.at/HousingInCanada

## ገዛ ምግዛእ

ገዛ ምግዛእ ብዙሕ መደብ ምውጻእ ዝሓትት እዩ፡ በዚ ምኽንያት ብዝቐልጠፈ ሓበሬታ ምእካብ ምጅማር ኣገዳሲ እዩ።

ገዛ ንመጀመሪያ ጊዜ ትገዝእ እንተደኣ ሃሊኻ፣ ኣብ cmhc.ca ወይ findlink.at/cmhcnc ብምኻድ ገዛ ክውንኑ ንዝደልዩ ሓደስቲ መጻእቲ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ ካናዳ መምርሒ ኮርፖሬሽን ሞርጌጅን ገዛን ረኺብካ ኣንብብ።

ገዛ ንምግዛእ ለቓሕ ክትረክብ ክትፍትን ከሎኻ፣ ጽቡቕ ታሪኽ ለቓሕ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ከም ሓድሽ መጻኢ፡ ናይ ካናዳ ባንክ ዘለልዮ ታሪኽ ለቓሕ ኣይህልወካን ይኸውን። ስለዚ፡ ብዝቐልጠፈ ታርኽ ለቓሕካ ከተማዕብሎ ክትጅምር የድልየካ። ከመይ ጌርካ ታሪኽ ለቓሕ ክትጅምር ከምትኽእል ኣብ ባንክኻ ኬድካ ምስ ወኪል ወሃቢ ኣገልግሎት ዓማዊል ተዘራረብ።

ንሓደ ገዛ ክትገዝኦ ኣብ ትውስነሉ፡ ኣብ ምሕላፍ ወይ ዘይምሕላፍ መርመራ ናይቲ ገዛ ዝተመርኮሰ ኩነታዊ ውዕል ክትገብር ጽቡቕ እዩ። እቲ መርማሪ ምዕራይ የድልዮ እዩ እንተ ደኣ ኢሉ፣ ወይ ክትገድፎ ወይ ከኣ ነቲ ክትከፍሎ ዝተባህለ መጠን ገንዘብ ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ።

findlink.at/HousingInCanada

## ገዛ ንተማሃሮ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

መብዛሕትኦን ዩኒቨርሲትን ኮሌጃትን ንተማሃሮ ዝኸውን ኣገልግሎት ገዛ የቕርባ እየን ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናይቲ ንስኻ ክትኣትዎ ትሓስብ ዘሎኻ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮሌጅ፡ ክፍሊ ጉዳይ ገዛ ርኸቦም።

ሓደ ሓደ ጊዜ ኣባይቲ ተማሃሮ ዩኒቨርሲትን ኮሌጃትን፡ ክረምቲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ተማሃሮ ንዘይኮኑ ሰባት ይካረዩ እዮም። ሕሱር ስለዝኾኑ ድማ ንሓደስቲ መጻእትን ተጓዓዝትን መጽንሒ ቦታ ክኾንዎም ይኽእሉ እዮም።

## ህጹጽ መዕቆቢ ቤት (መዕቆቢ)

መዕቆቢ ቦታ ንዘይብሎም ከምኡ'ውን ኣብ ቅልውላው ንዝርከቡ ሰባት ንሓጺር ጊዜ ዝኸውን መጽንሒ ገዛ ይህብ እዩ። ካብ ገዛኻ እንተተሶጊግካ ወይ እንተተገፋዕካ ኣብ ቦታ መዕቆቢ ክትጸንሕ ትኽእል ኢካ። ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ መዕቆቢ ኣባይቲ ከምኡ'ውን ቁጽሪ ቴሌፎን ናይ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት፡ ኣብተን ኣብ መጀመሪያ ዝርከባ ገጻት መጽሓፍ ቴሌፎን ተጻሒፉ ክትረኽቦ ኢኻ። ናብ *211* እውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

findlink.at/HousingInCanada

## ገዛ ንዓበይቲ

ኣብተን ሰማያዊ ገጽ ናይ ቴሌፎን መጽሓፍ ፣ ዝርዝር ኣድራሻ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ብደገፍ መንግስቲ ዝካየድ ናይ ኣረጋውያን ኣባይቲ ክትረክብ ኢኻ። ናይ ግሊ ዝኾነ መንበሪ ኣረጋውያን ንምርካብ ኣብተን ብጫ ገጻት ወይ ኣብ yellowpages.ca ተወከስ።

ንጉዳይ ኣባይቲ ዘጠቓለለ፡ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ኣርጋውያን ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ክፍሊ ኣረጋውያን ኦንታርዮ ኣብ *1-888-910-1999* ደውል ወይ ንseniors.gov.on.ca ወይ findlink.at/seniorguid ተወከስ።

## ጉዳይ ኣባይቲ ከምኡ'ውን መምርሒ ሰብኣዊ መሰል ኦንታርዮ

ብመሰረት መምርሒ መሰል ሰብ ኦንታርዮ፡ ብምኽንያት ዓሌት፣ ወለዶ፣ መበቆል ሃገር፣ ሕብሪ፣ መበቆል ዓሌት፣ ዜግነት፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ጾታ፣ ምልላይ ጾታ፣ ብታሪኽ ገበን፣ ኩነታት መርዓ፣ ናይ ተመሳሳሊ ጾታ ሽርክና ኩነታት፣ ናይ ስድራቤት ኩነታት ወይ ስንክልና ብዘይግቡእ ክትርአ ኣይግባእን እዩ።

ብዛዕባ መሰልካ ብተወሳኺ ክትፈልጥ እንተደኣ ደሊኻ ንልኡኽ መሰል ሰባት ኦንታርዮ ኣብ www.ohrc.on.ca ወይ findlink.at/ohrhousing ተወከስ።



# ተሳታፍነት ማሕበረሰብ

ማሕበረሰብን መደብ ምዝንጋዕን፡ ምስ ሰባት ንምርኻብ፣ ንምምሕያሽ ክእለት ቋንቋ ከምኡ’ውን ንጥፈት ናይ ምዝናይ ንኽተስተማቕርን ይሕግዘካ። ብዛዕባ ንኣኻን ንስድራኻን ቅሩባት ዝኾኑ ንጥፈታት ማሕበረሰብ ፍለጥ።

### ማእከላት ምዝንጋዕ ሕብረተሰብ

ኩሎም ከተማታት ኦንታርዮ መደብ ማሕበረሰብ ከምኡ‘ውን ማእከል ምዝንጋዕ ሓፋሽ ኣለዎም። ኩሎም ማእከላት፡ ጉጅለ ማሕበረሰብ ክራኸብሉ ዝኽእሉ ቦታ ኣለዎም። መብዛሕትኦም ማእከላት ብተወሳኺ ዓውዲ ስኬቲንግ፣ መሐንበሲ፣ ጅም ከምኡ’ውን ናይ ስፖርት ጎልጎል ኣለዎም። መደባትን እዞም ዝተጠቕሱ ቦታታትን ናጻ ወይ ብሕሱር ዋጋ ዝርከቡ እዮም።

ኣብ ማእከል ምዝንጋዕ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ዘሎ ንጥፈታትን መደባትን ብተወሳኺ ንምፍላጥ ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ፣ ናብ *211* ደውል፣ ኣብተን ሰማያዊ ገጻት ናይ ቴሌፎን መጽሓፍካ ተወከስ ወይ’ውን ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተጠቂምካ ኣብ ኢንተርነት ድለ *Community Recreation Centre + ሽም እቲ ትነብረሉ ከተማ።*

### ቤት-ንባብ ሓፋሽ

መጻሕፍቲ፣ ሲዲ፣ ዲቪዲ፣ መጽሔት ከምኡ’ውን ጋዜጣ ብቋንቋ እንግሊዝን ካልእ ቋንቋታትን ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ቤት ንባብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ ቤት-ንባብ ናጻ ኣገልግሎት ኢንተርነት’ውን ይህብ እዩ። ንዓበይትን ንንኣሽቱን ዝኾኑ ናይ ንባብን ናይ ዛንታ ምንጋርን ክለባት፣ ንሓደስቲ መጻእቲ ዝኸውን ናይ ቋንቋ ስልጠና ከምኡ’ውን ብደረስቲ ዝዳሎ ንባብ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ መደባት ዘጠቓለለ መደባት ቤት-ንባብ የዳሉ እዩ።

ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ቤት-ንባብ ንምርካብ ንሚኒስትሪ ቱሪዝም፣ ባህልን ስፖርትን ኣብ mtc.gov.on.ca ወይ findlink.at/opl ተወከሶ።

ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ንምርካብ፣ ሓደ ሕጋዊ መለለዪ ታሴራ (ፓስፖርት ወይ ፍቓድ መምርሒ ማኪና) ከምኡ’ውን መረጋገጺ ኣድራሻ (ናይ ቴሌፎን፣ ናይ ማይ ወይ ናይ ኬብል መጻዋዕታ ክፍሊት) የድልየካ።

### ቦታ ኣምልኾ

ብመሰረት ቅዋም መሰልን ናጽነትን፣ ካናዳውያን ሃይማኖቶም ክስዕቡ መሰል ኣለዎም። ወላ’ኳ ኦንታርዮ ዓለማዊ ማሕበረሰብ እንተኾነት፣ ኦንታርያውያን እምነቶም ኣብ ቤተክርስትያናት፣ ምኩራባት መስጊዳት፣ ቤት መቕደሳት ከምኡ’ውን ኣብ ካልእ ቦታታት ኣምልኾ ብምእካብ ይገልጽዎ።

ኣብ ኢንተርነት ነዚ ቃል ብምጥቃም *Places of Worship + ስም ከተማኻ፡* ኣብ ጥቓኻ ዝርከብ ቤት ኣምልኾ ርኸብ።

### ብወለንታ ምስራሕ

*ጊዜኻ ኣብ ሰናይ ግብሪ ምውዓል፡ ምስ ሰባት ንምልላይን፣ ከባቢኻ ብዝበለጸ ንኽትፈልጦን ዝሕግዝ መገዲ እዩ። ብወለንታ ብምስራሕ ጠቓሚ ርክባት ስለትፈጥርን፣ ኣብ ተሞክሮ ስራሕካ ከተእትዎ ስለትኽእልን፣ ጠቓሚ ክፋል ናይ ስራሕ ምድላይ እዩ። ቅድሚ ንኣኻ ከም ብወለንታ ዝሰርሕ ሰብ ምቕባሎም፣ ገለ ትካላት ድሕረባይታ ምርመራ ፖሊስ ክትገብር ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።*

- ብዛዕባ ብወለንታ ምስራሕ ብተወሳኺ ክትፈልጥ እንተደኣ ደሊኻ፣ ንመርበብ-ሓበሬታ ማእከል ብወለንታ ምስራሕ ኦንታርዮ ovcn.ca ተወከሶ።
- ንሚኒስትሪ ዜግነትን ኢሚግሬሽንን ኣብ www.citizenship.gov.on.ca ወይ findlink.at/mci-active ተወከሶ።
- ንኣማኻሪ ምጥያስ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ዕድላት ብወለንታ ምስራሕ ሕተቶ።
- ናብ *211* ደውል።



# መጓዓዝያ

## ናብ ስራሕ ንምኻድ ይኹን ኣብ ከባቢኻ ንምዝዋር ወይ'ውን ንደቅኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ንምብጻሕ ኣብ ከተማኻ ምንቅስቓስ ኣገዳሲ ክፋል ምጅማር ናብራ ኣብ ማሕበረሰብካ እዩ።

### ፍቓድ ምምራሕ ማኪና

ብዛዕባ ምርካብ ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ኣብ ኦንታርዮ፡ ንdrivetest.ca ወይ findlink.at/driverinfo ተወከስ።

### ማእከል ፈተና ምምራሕ ማኪና

ኣድራሻ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ፈተና ምምራሕ ማኪና ኣብተን ብጫ ገጻት ናይ ቴሌፎን መጽሓፍ ርኸቦ፣ ንyellowpages.ca ተወከሶ ወይ ንመርበብ ሓበሬታ ፈተና ምዝዋር ኣብ drivetest.ca ወይ findlink.at/testcentre ርኸቦ።

### ናይ ምምራሕ ማኪና መጽሓፍ

ሕጋጋት መንገዲ ኣንቢብካ ናይ ጽሑፍ ፈተና ኣብ www.mto.gov.on.ca ወይ findlink.at/dhandbook ክትወስድ ተዳሎ። ኣብ ወረቐት ዝተሓትመ ቅዳሕ ናይዚ መጽሓፍ ኣብ ማእከል ፈተና ምዝዋር ከምኡ'ውን ኣብ ብዙሕ ድኳናት ኬድካ ክትገዝኦ ትኽእል ኢኻ።

### ምዝዋር ብሽከለታን ድሕነትን

ንኣገልግሎት ኦንታርዮ ኣብ *1-800-267-8097* ደውለሎም ወይ ንwww.mto.gov.on.ca ወይ findlink.at/cycling ተወከሶም።

### ህዝባዊ መጓዓዝያ

መብዛሕትኦን ከተማታት ኦንታርዮ ብተዛማዲ ክቡር ዘይኮነ ህዝባዊ ስርዓት መጓዓዝያ ኣለወን። ዓበይቲ ከተማታት ኣውቶቡስ፣ ባቡር፣ ትሕቲ ምድሪ ዝኸይድ ባቡር ከምኡ'ውን ስትሪትካርስ እናተባህላ ዝጽውዓ ምስ ገመድ ኤሌትሪክ ከተማ ተላጊበን ዝኸዳ መጓዓዝያ ዘጠቓልል ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ህዝባዊ ስርዓተ-መጓዓዝያ ኣለወን። መብዛሕትኡ ጊዜ ናይ ወርሓዊ ካርድ ወይ ቲኬት/ቶክን ብብዝሒ ምግዛእ ዝሓሰረን ዝቐለለን እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ንምፍላጥ፡ ነተን ሰማያዊ ገጻት መጽሓፍ ናይ ተሌፎን ኣንብበን ወይ ንሚኒስትሪ መጓዓዝያ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/transit ተወከሶ።

### ወግዒ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ

ወግዒ ዝብል ቃል፡ ኣብ ማእከል ህዝቢ እሩም ጠባይ ምህላው ማለት እዩ። ብዛዕባ ወግዒ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትካ ናብ ካናዳ እንቋዕ ደሓን መጻእካ ዝብል ክፋል ተወከሶ።

### ታክሲ

ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ኦንታርዮ፡ ክወስደካን ናብ ቦታኻ ክመልሰካን ታክሲ ክትቆጽር ትኽእል ኢኻ። ዋጋ ታክሲ ክቡር ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ስለዚ ቅድሚ መገዲ ምጅማርካ ነቲ ኣውቲስታ ብገምጋም ዋግኡ ክንደይ ከምዝኾነ ሕተቶ። ነቲ ሜትር (ዋጋ ጉዕዞ ክንደይ ከምዝኾነ ዘርኢ) ብንጹር ክትርእዮ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ዘለኻዮ ከተማ ናይ ታክሲ ትካል ንምርካብ፡ ነተን ብጫ ገጽ ናይ ቴሌፎን መጽሓፍ ወይ yellowpages.ca ተወከስ።

### ምክራይ ማኪና

ማኪና እንተደኣ ዘይብልካ ኾይኑ፡ ምክራይ ማኪና ዝቐለለ ምርጫ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቅድሚ ምፍራምካ፡ ነቲ ውዕል ኽራይ ብግቡእ ኣንብቦ።

ኣብ መብዛሕትኦም ዓበይቲ ከተማታት፡ ከም ምስ በዓል ዚፕካር ዝበሃሉ ኣገልግሎት ምሽራኽ-ማኪና፡ ተጸንቢርካ ኣብ ውሽጢ ከተማኻ ጉዳያትካ ከተሳልጥ ንሓጺር እዋን ማኪና ክትካረ ትኽእል ኢኻ። እዞም ወሃብቲ ኣገልግሎት ነተን ማካይን ወሲድካ ትመልሰሉ ምቹእ ቦታ ኣለዎም።

ኣብ ውሽጢ ከተማ ማኪና ዘካርዩ ትካላትን ኣገልግሎት ምሽራኽ-ማኪና ንምርካብን ነተን ብጫ ገጽ ናይ ቴሌፎን መጽሓፍ ወይ yellowpages.ca ተወከስ።

### ምርካብ መምርሒ ፍቓድ ማኪና

ኣብ ዓድኻ ከለኻ ዘውጻእካዮ ፍቓድ መምርሒ ማኪና እንተደኣ ሃልዩካ፣ ኣብ ካናዳ ካብ ትኣቱ ኣትሒዙ ን60 መዓልቲ ይሰርሕ እዩ። ብድሕሪኡ ግና ናይ ኦንታርዮ መምርሒ ፍቓድ ማኪና የድልየካ እዩ።

ናይ ኦንታርዮ ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ንምውጻእ ክተመልክት ከሎኻ፣ ዝሓለፈ ናይ ምዝዋር ታሪኽካ ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። እንተኾነ ግን፡ መምርሒ ፍቓድ ይሃሉኻ ኣይሃሉኻ ብዘየገድስ፣ ሓደ ወይ ክልተ ናይ መንገዲ ፈተናን ብዛዕባ ሕጊ ትራፊክ ድማ ብጽሑፍ ተፈቲንካ ክትሓልፍ ይግብኣካ እዩ።

መምርሒ ፍቓድ ሕጋዊ መንነት እዩ።

መምርሒ ፍቓድ ከየውጻእካ፡ ሕጋዊ መንነት ጥራሕ ከተውጽእ እንተመሪጽካ፡ ስእሊ ዘለዎ ናይ ኦንታርዮ ካርድ ንምውጻእ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ'ውን ከም ሕጋዊ መንነት እዩ ዝቑጸር።

ንኽተመልክት፡ ሕጋዊ ሽምካ፣ ዕለተ ልደትካ ከምኡ'ውን ክታምካ ዝሓዘ፡ ቅዳሕ ዘይኮነ መለለዩ መንነት ከተርኢ የድልየካ። ምልክታ ፎርም ድማ ክትመልእ ይግብኣካ። እዚ ካርድ ዋግኡ $35.00 እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንserviceontario.ca ወይ ontario.ca/government/ontario-photo-card ተወከሶ።

**መዘኻኸሪ፥ መምርሒ ፍቓድን ስእሊ ዘለዎ ካርድ ኦንታርዮን ብሓንሳብ ክህልወካ ኣይከኣልን እዩ – ሓዲኡ ክትመርጽ ኣሎካ።**





## ሕጊ ምምራሕ ማኪና

ሕጊ ትራፊክ ምጥሓስ ከቢድ መቕጻዕቲ የስዕብ። እቶም ኣገደስቲ ሕግታት ከም ዝስዕብ እዮም፥

- ማኪና ንምዝዋር ናይ ግድን  ፍቓድ መምርሒ ክህልወካ ይግባእ፡ ኩሉ ጊዜ ድማ ምሳኻ ክህሉ ይግባእ።
- ናይ ማኪና መድሕን ናይ ግድን ክህልወካ ይግባእ።
- መረጋገጺ ዋንነት ናይ ግድን ክህልወካ ይግባእ - ኣብ ውሽጢ ማኪናኻ ኣቐምጦ።
- ካብቲ ተጻሒፉ ዘሎ ዓቐን ፍጥነት ንላዕሊ ኣይትዘውር። ልዕሊ ዓቐን ምቕልጣፍ ልዕል ዝበለ መቕጻዕቲ የስዕብ፡ ብተወሳኺ’ውን ንመድሕን ትኸፍሎ ገንዘብ ከምዝውስኽ ክገብሮ ይኽእል እዩ።
- ንስኻን ምስኻ ዝሳፈሩ ተጓዓዝትን ዕጣቕም ክኣስሩ ይግብኦም።
- ሰቲኻ ኣይትዘውር። ፖሊስ ኣብ ደምካ ዘሎ ዓቐን ኣልኮል ልዕሊ እቲ ብሕጊ ዝፍቀድ ዓቐን ኮይኑ እንተረኺብዎ መቕጻዕቱ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።
- ብኢድ ምሓዝ ዘየድልዮ እንተዘይኮይኑ እናዘወርካ ተንቀሳቓሲ ቴሌፎን ኣይትጠቀም።
- ዕሽላትን ንኣሽቱ ህጻናትን ኣብ ፍሉይ ናይ መኪና ወንበር ኮፍ ኢሎም ክጓዓዙ ኣለዎም።
- መኪና ኣብ ትዝውረሉ እዋን ኣብ ኢድካ እትሕዞ መራኸቢ ወይ መዘናግዒ መሳርሒታት ብውሑስ ኣገባብ ዝተቐመጠ ወይ ኣብ ዳሽቦርድ ናይ ተሽከርካሪትካ ዝተገጠመ እንተዘይኮይኑ ፈጺምካ ኣይትጠቕም።
- ምብላዕ፣ ምስታይ፣ ምጽብባቕ፣ ምትካኽ ሽጋራ፣ ምንባብን ናብ ኣቕሑ ምምጥጣርን ሳዕቤኑ ሽለልትነት ዝመልኦ ወይ ሓደገኛ ኣገባብ ምዝዋር መኪና ክኸውን ይኽእል።
- ካናቢስ ምስ ተጠቒምካ ፈጺምካ መኪና ኣይትዝውር። ብካናቢስ ተሰኒፍካ ከለኻ መኪና ምዝዋር ዘይሕጋውን ሓደገኛን’ዩ። ከቢድ መቕጻዕቲ ስለዘለዎ ማንጃ ፍቓድካ ክድስክል ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከሱ፤

findlink.at/DrivingInCanada

## መድሕን

ኦንታርዮ ኣብ ጌጋታት ዘይምርኮስ ውጥን መድሕን ኣለዋ። እዚ ማለት ብናትካ ጌጋ ይኹን ወይ ብጌጋ መራሕ ካልእ ማኪና ብዘየገድስ ማኪናኻ ንዝገጥማ ዝኾነ ጉድኣት መድሕን ይኸፍለልካ።

ብዛዕባ ኣብ ጌጋኻ ዘይምርኮስ መድሕን ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት መድሕን ኦንታርዮ ibc.ca ወይ findlink.at/nofault ሓበሬታ ርኸብ።

ዋጋ መድሕን ማኪና ካብ ትካል ናብ ትካል ይፈላለ እዩ። ዋጋ ንምሕታት ናብ ብዝሕ ዝበሉ ትካላት ደውል ወይ’ውን ዝበለጸ ውዕል ክረኽበልካ ደላላይ መድሕን ርኸብ። ኣብ yellowpages.ca ወይ ኣብ ኢንተርነት ብምድላይ ኣድራሻታት ደለልትን ትካላት መድሕንን ርኸብ።

## ምጥቃም ብሽክለታ

ኣብ ሞንጎ እዚ ሓድሽ ማሕበረሰብ ንምምልላስ ብሽክለታ ምጥቃም ዝበለጸ መንገዲ እዩ። ገለ ከተማታት ኣብ ጽርጊያታቶም ብሽክለታ ንዝጥቀሙ ሰባት ዝተሓንጸጸ መስመር ኣለዎም፡ ብዙሓት ከተማታት ከኣ ንመዘናግዒ ዝተሰርሐ መገዲ ብሽክለታ ኣለዎም። ከም ተጠቃሚ ብሽክለታ፡ ብመሰረት ሕጊ ትራፊክ ጽርጊያ ኦንታርዮ፡ ከም ማኪና ኢያ ትሕሰብ። እዚ ማለት ድማ ኩሉ ሕጊ ትራፊክ ክትሕሉ ኣሎካ።

ብሕጊ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዘለዉ ኩሎም ዘወርቲ ብሽክለታ ብሕጊ ዝተረጋገጸ ናይ ብሽክለታ ቆብዕ (bicycle helmet) ክገብሩ ይግብኦም።

### ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት

*ናይ ኦንታርዮ ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ከውጽእ እንተዘይመሪጸ፡ ከመይ ዓይነት ብመንግስቲ ዝወሃብ ናይ ስእሊ መንነት ይጥቀም?*

*ሓድሽ ወይ ካልኦት ዝተጠቀሙሉ ማኪና ንምግዛእ ክንደይ ገንዘብ የድልየኒ? መድሕን ንምግዛእ፣ ማኪናይ ንምምዝጋብ ከምኡ’ውን ፍቓድ ንምውጻእ ክንደይ ገንዘብ የድልየኒ?*

# ሕጋዊ መሰልን ኣገልግሎትን

ፈደራላዊን ዞባዊ ወይ ግዝኣታዊ ሕግታት ንውልቃዊ መሰል ከምኡ'ውን ንሓርነት፣ መዓርነትን ናጽነትን ይሕልዉ እዮም። ሕጋዊ ስርዓትና ኣብ ሕጊ መምርሒ ከምኡ'ውን ዴሞክራሲያዊ መትከል ዝተመርኮሰ እዩ።

### ቅዋም መሰልን ናጽነትን ካናዳ

ቅዋም መሰልን ናጽነትን ካናዳ ንደቂ-ተባዕትዮን ንደቀንስትዮን ሓደ ዓይነት መሰልን ናጽነትን ይሕሉ።

- ናጽነት እምነትካን ርኢቶኻን ምግላጽ።
- ምስ ዝደለኻዮ ሰብ ሕብረት ናይ ምፍጣርን ብሰላማዊ መንገዲ ናይ ምእካብን ናጽነት።
- ናጽነት ሃይማኖት።
- ኣብ ካናዳ ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ናይ ምንባር መሰል።
- ካብ ብዘይሕጋዊ ወይ ዘይፍትሓዊ መገዲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምውዓል ወይ ምእሳር ዝሕሉ መሰል፡ ከምኡ'ውን መሰል ነቲ ዝግብኣካ ሕጋዊ መስርሕ። እዚ ማለት መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘሎ ኩሉ መሰላትካ ከኽብር ኣለዎ።
- ኣብ ዓሌት፣ መበቆል ዓዲ፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ዕድመ ወይ'ውን ኣእምሮኣዊ ወይ ደጋዊ ስንክልና ዝተመርኮሰ ኣድልዎ ዘይብሉ መሰልካ ብመዓረ ምሕላው ከምኡ'ውን መዓረ ናይ ሕጊ ረብሓታት ናይ ምርካብ መሰል።
- ብቋንቋ እንግሊዝ ወይ ብቋንቋ ፈረንሳይ ካብ ፌደራል ምምሕዳር ኣገልግሎት ናይ ምቕባል መሰል ።

ነቲ ቅዋም ኣብ ናይ ፌደራል ክፍሊ ፍትሒ ኣንብቦ፥ justice.gc.ca ወይ findlink.at/constiacts

findlink.at/HumanRights

### ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ

ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ  ኣብ ቦታ ስራሕ፣ ገዛ ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ ኣገልግሎት፣ ንኹሎም ኦንታርያውያን ካብ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ይሕልዎም። ንሰባት ብመሰረት ዓሌት፣ ወለዶ፣ መበቆል ዓዲ፣ ሕብሪ ነገድ፣ ምልላይ ጾታ፣ ኩነታት ተመሳሳሊ ጾታ ሽርክና፣ ኩነታት ስድራቤት ወይ ስንክልና ምፍልላይ ወይ ምጭናቕ ሕጋዊ ኣይኮነን። ንልኡኽ መሰል ሰባት ኦንታርዮ ኣብ ohrc.on.ca ተወከሶ።

### ዕድመ እኹላትን ዕድመ ስምምዕን

ኣብ ኦንታርዮ፡ ዕድመ እኹላት 18 እዩ። እዚ ብሕጋዊ ሓደ ሰብ ከም በጽሒ ዝርኣየሉ ዕድመ እዩ። ብስምምዕ ዝፍጸም ጾታዊ ግብሪ ዝፍቀደሉ ዕድመ 16 እዩ። ብዘይ ስምምዕ ዝግበር ኩሉ ጾታዊ ግብሪ ገበን እዩ። ብዛዕባ ዕድመ ስምምዕ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንjustice.gc.ca ወይ findlink.at/ageconsent ተወከሶ።



## ጠበቓ ምርካብ

- ብእትደልዮ ዘሎኻ ዓውዲ ጠበቓ ንምርካብ፡ ኣማኻሪ ምጥያስ ኽሕግዘካ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ብጫ ገጽ ናይ ውሽጢ ከተማ መጽሓፍ ቴሌፎን ወይ ኣብ yellowpages.ca ተመልከት።
- መሐበሪ ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ ጠበቓታትን በዓል ሞያ ሕጊን ንምርካብ፡ ንማሕበረሰብ ሕጊ ላዕልዋይ ካናዳ (the Law Society of Upper Canada) ኣብ lsuc.on.ca ወይ findlink.at/tlsuc ረኺብካ ተወከሶ።
- ሕጋዊ ሓገዝ ኦንታርዮ፡ ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ሰባት ሕጋዊ ኣገልግሎት ይህብ። ናብ 1-800-668-8258 ደውል ወይ ንlegalaid.on.ca ተወከሶ።

## ኢሚግሬሽንን ካናቢስን

ኣብ ካናዳ ካናቢስ ምጥቃም ሕጋዊ እዩ። መንግስቲ ኦንታርዮ፣ ሰባት ንመዘናግዒ ዝኸውን ካናቢስ ክገዝኡን ክጥቀሙን ከለዉ ውሕስነቶም ንምሕላው ዝሕግዝ ሕግታት ኣለዎ። ንመዘናግዒ ዝኸውን ካናቢስ ንምግዛእ፣ ንምጥቃም፣ ንምውናንን ንምብቋልን ዕድሜኻ 19 ዓመትን ልዕሊኡን ክኸውን ኣለዎ ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ እዋን ብኢንተርነት ካብ መደበር ካናቢስ ኦንታርዮ (Ontario Cannabis Store, OCS) ወይ ካብ ፍቓድ ዘለዎ ድኳን ኮሚሽን ጸወታ ኦንታርዮ (Gaming Commission of Ontario, AGCO) ዝተዓደገ እንተበዝሐ 30 ግራም ደረቕ ካናቢስ (ወይ ተመጣጣኒ) ሒዝካ ኣብ ህዝቢ ዝእከበሎም ቦታታት ክትንቀሳቐስ ትኽእል ኢኻ። ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ዝፍቀደሉ ቦታ ካናቢስ ከተትክኽን ክተስሕብን ትኽእል ኢኻ። ካናቢስ ናብ ሃገራዊ ዶባት ካናዳ ምጉዕዓዝ ዘይሕጋዊ'ዩ። ምምሕዳር ከተማኹም ኣብ ከባቢኹም ንኣጠቓቕማ ካናቢስ ዝቆጻጸር ሕጋጋት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከሱ፤ canada.ca

ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝሰርሑ ውልቀሰባት ብመሰረት ናይ ፌደራል ሕጊ ካናቢስ ገበናዊ ክሲ ክምስረተሎም ይኽእል እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኩነታት ቀዋሚ ነባርነት ዘለዎም ሰባት ኩነታቶም ክስእኑ/ክኸስሩ ይኽእሉ፣ ግዝያውያን መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ኣብ ካናዳ ናይ ምጽናሕ ፍቓድ ዘይክወሃቦም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ መቕጻዕቲ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ  ክትውክሱ ትኽእሉ ኢኹም፤ canada.ca



**ማእከል ሕጋዊ ሓገዝ መሰል ሰብ**

ኣድልዎ ዘጋጠሞም ኮይኑ ንዝስምዖም ሰባት ይሕግዝ ከምኡ'ውን ይውክል፥ hrlsc.on.ca

**ተሓላቒ ፍትሒ ኦንታርዮ**

ምምሕዳር ኦንታርዮ ብዘይ ፍትሓዊ ኣታሓሕዛ ዝሕዞም ዘሎ ኮይኑ ንዝስምዖም ሰባት ይሕግዝ፥ ombudsman.on.ca

**ፍትሒ ኦንታርዮ**

ብዛዕባ ብ12 ቋንቋታት ዝተዳለወ ስርዓተ ሕጊ ኦንታርዮ ሓበሬታ ንምርካብ፥ ንwww.attorneygeneral.jus.gov.on.ca ወይ findlink.at/on-justice ተወከስ።

**Settlement.org**

ብዛዕባ ስርዓተ-ሕጊ ከምኡ'ውን ሕጋዊ ኣገልግሎት ካናዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥ ንsettlement.org ወይ findlink.at/legal-serv ተወከሶ።

**ሕጋዊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኦንታርዮ**

ሰባት ሕጋዊ መሰሎም ክርድኦምን ክትግብርዎን ንምሕጋዝ ነቲ ሕጊ ቅልል ብዝበለ ኣገላልጻ ዘረድኡ ጽሑፋት የዳሉ፥ cleo.on.ca

# ውጥን ምጥያስ

## ክንክን ጥዕና

- [ ] ናይ OHIP ካርድ ንምውጻእ ምልክታ ከተእቱ፡ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ኦንታርዮ (ServiceOntario Centre) ኪድ።
- [ ] ነተን ኣብ ካናዳ ትነብረለን ናይ መጀመሪያ ሰለስተ ወርሒ ዝኸውን መድሕን ጥዕና ግዛእ።
- [ ] ናይ ስድራ ሓኪም
- [ ] ንኣኻ ዝቐረበ ሆስፒታል ከምኡ'ውን ብዘይቖጸራ ዝኽየዶ ክሊኒክ ኣይናይ ምኻኑ ፍለጦ።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ኣገልግሎት ዓማዊል

- [ ] ዋጋ ኣስቤዛ ክንደይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ኣብ ማሕበረሰብካ ዘሎ ድኳናትን ዕዳጋታትን ፍለጦ።
- [ ] ክትርከበሉ ትኽእል ቁጽሪ ቴሌፎን ንምርካብ ምድላዋት ግበር።
- [ ] ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣገልግሎት ኢንተርነት ብኸመይ መገዲ ከምትረክብ ፍለጥ።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ጉዳይ ገዛ

- ☐ ምስ ባጀትካ ዝሰማማዕ ገዛ ርኸብ።
- ☐ ክትካረ እንተደኣ ኴንካ መሰልካን ግቡእካን ብግቡእ ፍለጥ።
- ☐ ከም መድሕን ገዛ፣ ኣገልግሎት (ኤሌትሪክ፣ ማይ፣ ጎሓፍ...) ከምኡ'ውን ግብሪ ናይ ገዛ ዝኣመሰሉ ምስ ገዛ ንዝተኣሳሰሩ ወጻኢታት ኣቐዲምካ ዝተዳለኻ ኩን።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ተሳታፍነት ኣብ ማሕበረሰብ

- ☐ ብዛዕባ ኣብ ማእከል ማሕበረሰብ ከባቢኻ ዝርከቡ መደባትን መሳለጥያታትን ፍለጥ።
- ☐ ኣድራሻ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ረኺብካ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ኣውጽእ።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## መጓዓዝያ

- [ ] ብዛዕባ ኣብ ማሕበረሰብካ ዝርከብ ምርጫታት መጓዓዝያ ፍለጥ።
- [ ] ናይ ኦንታርዮ ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ንምውጻእ ኣመልክት።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ሕጋዊ መሰንልን ኣገልግሎትን

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

# ትምህርትን ስልጠናን

እዚ ክፋል ብዛዕባ ካብ ክንክን ቆልዓ ክሳብ ድሕረ-ምረቓ ዘሎ ዕድላት ትምህርትን ስልጠናን ሓበሬታ ይህብ። ብተወሳኺ ምስ ትምህርቲ ዓበይትን ትምህርቲ ምቕጻልን ከምኡ'ውን ምስ ስልጠና ቋንቋ የላሊ።




30 ክንክን ቆልዓ

31 ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃታት ትምህርቲ

33 ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

34 ምቕጻል ትምህርቲ

35 ስልጠና ቋንቋ

36 ውጥን ምጥያስ



# ክንክን ቆልዓ

ኣብ ኦንታርዮ ብዙሕ ኣማራጺ ክንክን-ቆልዓ (ከምኡ'ውን ዴይ ኬር (daycare) ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ኣሎ። ንውላድካ፡ ንስድራቤትካ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዓ ከተመዝግቦ ትኽእል ኢኻ።

## ፍቃድ ዘለዎ ከምኡ'ውን ፍቓድ ዘይብሉ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዓ

ኣብ ኦንታርዮ ክልተ ዓይነት ክንክን-ቆልዓ ኣሎ፥ ፍቓድ ዘለዎ (ሓሓንሳብ ስሩዕ ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ከም ኡ'ውን ፍቓድ ዘይብሉ (ሓሓንሳብ ዘይስሩዕ ተባሂሉ ዝጽዋዕ)።

ብመሰረት ሕጊ እንዳቆልዑ፡ ንትሕቲ 10 ዓመት ዘለዉ፡ ብዝሓም ልዕሊ 5 ኮይኖም ነንሓድሕዶም ድማ ዝምድና ንዘይብሎም ቆልዑ ኣገልግሎት ክንክን ዝህቡ ሰባት ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ፍቓድ ክውጽኡ ይግብኦም። ፍቓድ ዘለዎም ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ክማልእዎ ዝግባእ መስፈር ኣሎ።

ፍቓድ ዘይብሉ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዓ፡ ኣብ ሞንጎ ወሃቢ ኣገልግሎትን ወላድን ዝግበር ውልቃዊ ስምምዕ እዩ።

ኩሉ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዓ ዝተፈላለየ መምርሒታት ኣለዎ። ገሊኦም፡ ውላድካ ናይ ሙሉእ-ግዜ ተሳታፊ ክኾውን ይደልይዎ። ካልኦት ድማ ናይ ፍርቂ-ግዜ ከምኡ'ውን ኣብ ዝጠዓመካ ጊዜ ኬድካ ተብጽሓሉ ዕድላት ይህቡ። ነዊሕ ናይ ምጽባይ ጊዜ ክህሉ ይኽእል እዩ፥ ክፍሊት'ውን ብብዙሕ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ምርጫታት ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ontario.ca ወይ findlink.at/childcare ብምኻድ ፍለጥ።

## ሓገዝ ንኣገልግሎት ክንክን-ቆንዑ

ንኣገልግሎት ክንክን-ቆልዑ ክኸፍሉ ዓቕሚ ንዘይብሎም ስድራቤት ዝኸውን ገለ ሓገዝ ኣሎ። ብቑዕ ከምዝኾንካን ከመይ ጌርካ ከምእተመልክት ንምፍላጥን ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ ወይ'ውን ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/payingchc ተወከሶ።

## ማእከል ቀዳሞት ዓመታት ሕጻናት ኦንታርዮ

መንግስቲ ኣብ ዝድግፎም፡ ማእከላት ቀዳሞት ዓመታት ሕጻናት፡ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዘለዉ ህጻናት ክጻወቱን ክመሃሩን ይኽእሉ እዮም። ወላዲ ወይ ሞግዚት ከኣ ምስ ህጻን ክህሉ ኣለዎ። እዚኦም ማእከላት ንወለዲ ብዙሕ ኣገልግሎት ዝህቡ እዮም። ንምስታፍ ድማ ክፍሊት የብሉን።

ኣብ ጥቓኻ ማእከል ቀዳሞት ዓመታት ህጻናት ኦንታርዮ ንምርካብ ናብ ኣገልግሎት ኦንታርዮ (ServiceOntario) ኣብ 1-800-268-1153 ደውል ወይ ን ontario.ca ተወከሶ።

**ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገራት**

*ንወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን-ቆልዓ ቃለ መጠይቕ ክገብረሉ ከለኹ እንታይ ክሓቶ ይግባእ?*

*ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ውላደይ፡ ከተዓጻጽፍ ዝኽእል ጊዜ ኣለዎ ዶ?*

*ውላደይ ኣብ ዘይህልወሉ መዓልቲ ክኸፍል ይግብኣኒ ድዩ?*

*ውላደይ ንምውሳድ ደንጉዩ እንተመጺኤ እንታይ ይኸውን?*



# ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ

ውላድካ ኣብ ናይ ህዝቢ ቤት-ትምህርቲ ብናጻ ክመሃር ይኽእል እዩ። ናይ ህዝቢ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ (መዋእለ ህጻናት ክሳብ 8ይ ክፍሊ) ከምኡ'ውን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (ካብ 9ይ ክሳብ 12) ይምቀሉ። ውላድካ፡ ናብ ዝኽፈሎ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ'ውን ክኸይድ ይኽእል እዩ። ንዲፕሎማ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝሕሰብ ትምህርቲ ዝህቡ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ኦንታርዮ ይምርመሩ እዮም።

## ቀዳማይ ከምኡ'ውን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ

መብዛሕት'ኦም ቆልዑ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመት ምስ ገበሩ ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ይጅምሩ። ብመሰረት ሕጊ ኦንታርዮ፣ ኣብ ሞንጎ ሽድሽተን 18 ዓመት ዘለዉ ቆልዑ ናይ ግድን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም።

ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ንድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (ኮሌጅ፣ ዩኒቨርሲቲ ከምኡ'ውን ልምምድ ስራሕ) የዳልዎም ወይ ድማ ንተማሃሮ ድሕሪ ምምራቕ ብቐልጡፍ ስራሕ ንኽጅምሩ ከም ሞያዊ ስልጠና ዝኣመሰሉ መደባት ይህቡዎም።

ቆልዑ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ክምዝገቡ ኣለዎም። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ቆልዑ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ።

## ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ

ብገንዘብ ህዝቢ ዝድገፉ ሓደ ወይ ብዙሓት ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ወይ'ከኣ በዓል መዚ ቤት-ትምህርቲ፡ ንነፍስ ወከፍ ማሕበረሰብ ኦንታርዮ የገልግልዎ። ኣብ ሙሉእ ዞባ፡ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ወይ ቋንቋ ፈረንሳይ ቦርድ ቤት-ትህምርቲ ኣሎ። ብተወሳኺ መብዛሕትኡ ቦታ ብገንዘብ ህዝቢ ዝድገፍ ናይ ካቶሊኽ ቦርድ ቤት ትምህርቲ ኣለዎ።

ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ ቤት-ትምህርቲ ዘመሓድሩ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ ወይ በዓል መዚ ፍለጦም። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ውላድካን ሕብረተሰብካን ትሓብረሉ ብዙሕ መገድታት ይህቡ እዮም።

## ምምዝጋብ ተማሃሮ

ንደቅኻ ንመጀመሪያ ጊዜ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንምምዝጋብ፡ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ ርኸቦ። ደቅኻ ኣበይናይ ደረጃ ትምህርቲ ክኣትዉ ከምዝግብኦም ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ወይ ቋንቋ ፈረንሳ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልዮም እንተኾይኑ ንምፍላጥ መርመራ ክገብሩ እዮም።

findlink.at/EducationInCanada

**ሚኒስትሪ ትምህርቲ**

ብዛዕባ ናይ ህዝቢ ቤት-ትምህርቲ ኦንታርዮ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ edu.gov.on.ca ምድላይ ጀምር።

**Settlement.org**

መምርሒ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ኣብ settlement.org ወይ findlink.at/educinfo ኣንብብ፥

**ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ**

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ ናይ ቤትምህርቲ ቦርድን ዝርዝር በዓል መዚን ንምርካብ፡ ን ontario.ca ወይ findlink.at/boardlist ተወከሶ።

**ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳይ**

ወለዶም ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳይ ዝኾኑ ቆልዑ፡ ብ12 ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ፡ ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳይ ይወሃቦም። ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/fsl ብምኻድ ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።





## ስልጠና ቋንቋ

ቋንቋ እንግሊዝ - ሓደ ሓደ ተመሃሮ ቋንቋ እንግሊዝ ንመጀመሪያ ጊዜ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ወይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ እዮም ዝመሃሩ። መበቆላዊ ቋንቋኦም ቋንቋ እንግሊዝ ንዘይኮነ ተማሃሮ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ኣሎ።

ቋንቋ ፈረንሳይ - መደባት ቋንቋ ፈረንሳይ ከም ካልኣይ ቋንቋ (FSL)፡ ንኹሎም ተማሃሮ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ይወሃብ እዩ። እቶም መደባት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥

- ዋና ቋንቋ ፈረንሳ (Core French) - ተማሃሮ ንቋንቋ ፈረንሳይ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ይመሃርዎ።
- ዝተናውሐ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ (Extended French) - ተመሃሮ፡ ንቋንቋ ፈረንሳ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ይመሃርዎ ከምኡ'ውን ብውሑዱ ንሓደ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳ ይመሃርዎ። ዝተናውሐ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ካብ ሻብዓይ ክፍሊ ይጅመር።
- ምእታው ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ (French immersion) - ተመሃሮ ንቋንቋ ፈረንሳ ከም ዓይነት ትምህርቲ ከምኡ'ውን ንኽልተ ወይ ንልዕሊ ክልተ ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳ ይመሃርዎ። መደብ ምእታው ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ካብ መዋእለ ሕጻናት ይጅምር።

ብዛዕባ መደባት FSL ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ontario.ca ወይ findlink.at/onfsl ኬድካ ኣንብብ፥

መደባት ምእታው ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ (French immersion) ከምኡ'ውን ዝተናውሐ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ (extended French) ኣብ ኩሉ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ኣይወሃቡን እዮም። ኣብ ከባቢኻ ኣበይናይ ቤት ትምህርቲ እዞም መደባት ከምዘለዉ ንምፍላጥ፡ ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ ቦርድ ቤት-ትምህርቲ ወይ በዓል መዚ ርኸቦም።

**መደባት ቋንቋ ውርሻ**

እዞም መደባት ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ንዝርከቡ ቆልዑት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት መምርሕን ንጥፈታትን ይህቡ። እዞም መደባት ካብ ምዱብ ሰዓታት ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ይካየዱ። ኣብ ከባቢኻ ከመይ ዓይነት ኣማራጺታት ከምዘለዉ ንምፍላጥ፡ ንቤት-ትምህርቲ ከባቢኻ፣ ቦርድ ቤት-ትምህርቲ ወይ በዓልመዚ ቤት-ትምህርቲ ረኺብካ ኣረጋግጽ።

**ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገራት**

*ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ውላደይ ትምህርቲ ምእንቲ ክጅምር መዓስ ከመዝግቦ ይግባእ?*

*ደቀይ ተፈቲኖም ኣብ ግቡእ ደረጃ ትምህርቲ ኣትዮም ዶ?*

*ውላደይ ብኸመይ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ይኽእል? ኣገልግሎት ኣውቶቡስ ኣሎ ዶ?*

*ውላደይ ፍሉይ ኣገልግሎት ዘድልዮ እንተኾይኑ፡ ኣብ ከባብየይ ዝርከቡ ቤት ትምህርቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድን ከመይ ዓይነት ድጋፍ የቕርቡ?*

*ኣብ ከባብየይ ዘሎ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ፡ ትምህርቲ ብቋንቋ ፈረንሳይ ይህብ ዶ?*

## ናይ ሙሉእ መዓልቲ መዋእለ ሕጻናት

ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ኦንታርዮ፡ ዕድሜኦም ኣርባዕተን ሓሙሽተን ንዝኾኑ ሕጻናት ናይ ምሉእ መዓልቲ ኣገልግሎት መዋእለ ሕጻናት ይህብ። ካሳብ መስከረም 2014 ኣብ ዘሎ ጊዜ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት ክጅምር እዩ።

እኹል ተገዳስነት ወለዲ ኣብ ዝህልወሉ ድማ፡ ቤት ትምህርቲ ብቕድሚ ሰዓታት ቤት-ትምህርትን ብድሕሪ'ኡን ካብ ከባቢ ሰዓት 7:00 ክሳብ 9:00 ናይ ንግሆ ከምኡ'ውን ካብ 3:30 ክሳብ 6:00 ናይ ድሕሪ ቀትሪ መደብ ድሕረ-ቤት-ትምህርቲ ይህብ። ብሓፈሻ እዞም መደባት ምሉእ-መዓልቲ ንዝመሃሩ ተማሃሮ መዋእለ ህጻናት ዝተዳለዉ ኮይኖም ብተመጣጣኒ ዋጋ ድማ ይወሃቡ።

ብዛዕባ ኣገልግሎት ናይ ምሉእ-መዓልቲ መዋእለ ሕጻናት ከምኡ'ውን መደባት ናይ ቅድሚ ሰዓታት ቤት-ትምህርትን ብድሕሪ'ኡን፡ ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/full-dayk ርኸብ።

## ፍሉይ ኣገልግሎት ዘድልዮም

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሕሉ ጊዜ፡ ምሉእ ረብሓ ምእንቲ ክረኽቡ፡ ናይ ጠባይ፣ ምርድዳእ፣ ኣእምሮኣዊ ከምኡ'ውን/ወይ ደጋዊ ሓገዝ ንዘድልዮም ቆልዑ ዝኸውን ደገፍን መደባትን ኣሎ።

ብዛዕባ እዞም መደባት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ontario.ca ወይ findlink.at/speceduc ኬድካ ኣንብብ።

# ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

**ኣብ ኦንታርዮ ተመሃሮ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ወይ ንስራሕ ዘዳልዎም ስልጠና ኣብ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ከይዶም ይመሃሩ። ዩኒቨርሲቲን ኮሌጃትን፡ ኣብ ካልእ ሃገር ዝተማህሩ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዘለዎም ሰባት'ውን ዝተፈላለዩ ናይ ድሕረ-ምረቓ ወረቐት ምስክር ይህቡ እዮም።**

## ኮሌጃት

ኮሌጃት ኦንታርዮ ንተመሃሮ፡ ኣብ ቴክኖሎጂ፣ ጥዕና፣ ንግዲ፣ ምእንጋድ ከምኡ'ውን ቱሪዝም ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ መዳያት ስራሕ ክረኽቡ ዘዳልዎም፡ ኣብ ሞያ-ዘተኮረ መደባት ትምህርቲ ይህቡ እዮም። ኮለጃት መደብ ወረቐት ምስክር፣ ዲፕሎማ ከምኡ'ውን ንተመሃሮ ንስራሕ ዘዳልዉ ስልጠናታት (ኣብ ትግበራ ዘድልዮም መዳያት ትምህርቲ ድማ ገለ ናይ ዲግሪ መደባት) ይህቡ እዮም።

መብዛሕትኡ ጊዜ ወረቐት ምስክር ናይ ምርካብ መደባት ኮሌጅ፡ ናይ ሓደ ዓመት ወይ ካብ ሓደ ዓመት ናይ ዝሓጸረ ጊዜ ትምህርቲ ዘድልዮም እዮም። መደብ ዲፕሎማ ኮሌጅ ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመት ዝወስድ ናይ ሙሉእ-ጊዜ ትምህርቲ ይሓትት።

## ዩኒቨርሲቲ

ኣብ ዩኒቨርስቲ ተመሃሮ ናይ ቅድመ-ምረቓ (bachelor's degree) ከምኡ'ውን ናይ ድሕረ-ምረቓ (master's and Ph.D. degrees) መደባት ትምህርቲ ይወስዱ። ዩኒቨርሲቲ፡ ናይ ኣርት፣ ሳይንስ ከምኡ'ውን ናይ ትምህርቲ፣ መድሃኒት፣ ሕግን ሃንደሳን ዝኣመሰሉ ፍሉይ ሞያዊ መደባት ትምህርቲ ይህብ።

ብሓፈሻ ዩኒቨርሲቲን ኮሌጅን፣ ኣመልካቲ ዲፕሎማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወይ ማዕሪኡ ዝኾነ መረጋገጺ ክህልዎ ይሓቱ። ዕድሜኻ ልዕሊ19 ኮይኑ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወዳእካ ካናዳዊ ወይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ስደተኛ እንተደኣ ኴንካ፡ ከም እኹል ተመሃራይ ከተመልከት ትኽእል ኢኻ።

ናይ ዩኒቨርስቲን ኮሌጅን ዓውደ-ኣዋርሕ ብዛዕባ መደባቶምን ንምእታው ዘድልየካ ነገራትን ሓበሬታ ይህብ። እንድሕር ካብ ካናዳ ወጻኢ ኴንካ ተማሂርካ፡ ናይ ትምህርቲ ዶክመንትኻ ከተመርምሮ የድልየካ። ነፍስ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ናቱ መስፈር መርመራን ኣተገባብራን ኣለዎ። ኣብ ወጻኢ ሃገር ትምህርትኻ ወዲእካ እንተደኣ ዄንካ፡ ብቕዓት ንዝዓበየ መርገጺ፣ ብቕዓት ካብ ገሊኡ መጽናዕቲ ናጻ ምኧን ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ንዝተመሃርካዮ ትምህርቲ ግምት ክወሃበካ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ዝተመሃርካዮ ትምህርቲ፡ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮሌጅ ካናዳ ብኸመይ ከምዝቕበሎን ከምዝምርምሮን ንምፍላጥ ነቲ ቤት-ጽሕፈት ቅበላ ቤት-ትምህርቲ ብምርካብ ሕተት።

## ገንዘባዊ ሓገዝ

ናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክፍሊት ብመሰረት ትመርጾ መደብ ትምህርቲ ይፈላለ እዩ። ናይ ተመሃሮ ዋና ምንጪ ገንዘባዊ ሓገዝ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኦንታርዮ፡ መደብ ገንዘባዊ ሓገዝ ንተመሃሮ (OSAP) እዩ። ብመገዲ መደብ ለቓሕ ተመሃሮ ካናዳ፡ ፈደራላዊ ምምሕዳር'ውን ገለ ቀረብ ገንዘብ ይገብር እዩ።

ነፍስ ወከፍ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ናቱ ዝኾነ ስኮላርሽፕን ክፍሊ ጉዳያት ገንዘብን ኣለዎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንዌብሳይት ናይ'ቲ ቤት-ትምህርቲ ተወከስ ወይ ድማ ናብ ቤት-ጽሕፈት ገንዘባዊ ደገፍ ደውል።

## ንስራሕ ዘዳሉ ስልጠና

ሰልጣኒ ስራሕ፡ ኣብ ስራሕ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ምኩር ሰራሕተኛ ክኢላዊ ንግዲ ዝመሃር ሰብ እዩ። ሰልጠንቲ ስራሕ ከም ሓደ ክፋል ትምህርቶም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ቤት-ትምህርቲ ትምህርቲ ይመሃሩ። ከም መጠን ሰልጣኒ ስራሕ፡ ኣብ ትምህርቲ ከለኻ ደሞዝ ዝወሃበካ ሰራሕተኛ ኢኻ። ኸምዚ ዓይነት መገዲ ብዓይነቶም ልዕሊ 150 ዝኾኑ ትምህርቲ ክኢላዊ ንግዲ ምምሃር ይከኣል እዩ። ኣብ ጎኒ እዚ ገጽ'ዚ ዝርከብ ምንጪ ሓበሬታ ተመልከት።

## ምዝጉብ ዝኾነ መደብ ምቕማጥ ገንዘብ ንትምህርቲ (RESPS)

ንውላድካ ንኮሌጅ ወይ ንዩኒቨርስቲ መምሃሪ ዝኾኖ ገንዘብ ኣብ ባንክ፣ ክሬዲት ዩንየን ወይ ትካል ሓባራዊ ገንዘብ ብምኻድ ካብ ግብሪ ናጻ ዝኾነ RESP ከፊትካ ከተቐምጠሉ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ምቁጻር ስራሕን ሕብረተሰባዊ ምዕባለ ካናዳ (Employment and Social Development Canada) hrsdc.gc.ca ወይ findlink.at/can-resp ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።

**ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ኦንታርዮ**

ናይ ኦንታርዮ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/findschool ርኸብ።

**ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን**

ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ፈረንሳይ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/frenschool ርኸብ።

**ገንዘባዊ ሓገዝ ንተመሃሮ**

OSAP ንምርካብ ብቕዓትካ ንምፍላጥ ዝሕግዝ ሓበሬታ ኣብ osap.gov.on.ca . ርኸብ።
ኣብ canlearn.ca ብምኻድ ብዛዕባ መደብ ለቓሕ ተመሃሮ ካናዳ ኣንብብ።

**መደባት ስልጠና ስራሕ**

ንመርበብ-ሓበሬታ ሚኒስትሪ ስልጠና፣ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/trades ተወከስ።



# ምቕጻል ትምህርቲ

## ኮሌጅ፣ ዩኒቨርስቲ ከምኡ'ውን ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ፡ ምሸት ወይ ቀዳመ ሰንበት ዝወሃቡ ዝተፈላለዩ መደባት ምቕጻል ትምህርቲ ይህቡ።

### ምቕጻል ትምህርቲ

ሓደ ሓደ ጊዜ ሰባት ድሕሪ ዲግሪ ወይ ዲፕሎማ ምሓዞም፡ ውልቃዊ ድሌታቶም ንኸማዕብሉ ወይ ድማ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ዕላምኦም ንኸሃርሙ ስልጠና ቐጻሊ ትምህርቲ ይወስዱ - ንኣብነት፡ ስነ-ተኸሊ ወይ ፎቶግራፍ ምልዓል። እዚ ዝበለጸ ተሞክሮ ምምሃር ክኸውን ይኽእል እዩ ከም ኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብካ ምስ ዝነብሩ ሰባት ንምልላይ ይሕግዘካ እዩ።

ብዛዕባ ስልጠና ቐጻሊ ትምህርቲ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ ኮሌጅ፣ ዩኒቨርስቲ ከምኡ'ውን ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ ተወከሶም።

- ኣብ ካባቢኻ ዘሎ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ ንምርካብ፡ ነተን ሰማያዊ ገጻት ናይ ቴሌፎን መወከሲ መጽሓፍ ርኣየን ወይ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/schoolinfo ርኸቦ።
- ናይ ኦንታርዮ ኮሌጅን ዩኒቨርስቲን ኣብ ሚኒስትሪ ምዕቡል ትምህርትን ምምዕባል ክእለትን (Ministry of Advanced Education and Skills Development ) (MAESD) ontario.ca ወይ findlink.at/findschool ርኸብ።
- ናይ ምንባብ፣ ምጽሓፍ ከምኡ'ውን ናይ ቁጽሪ ክእለቶም ከማዕብሉ ንዝደልዩ ዓበይቲ ሰባት'ውን ስልጠና ምቕጻል ትምህርቲ ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ፕሮግራም ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ontario.ca ወይ findlink.at/adultlearn ኪድካ ሓበሬታ ርኸብ።

### ዓቢ ከሎኻ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ምርካብ

ልዕሊ 18 ዓመት ኴንካ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ክትሕዝ እንተደኣ ደሊኻ፣ ብዙሕ ብናጻ ዝወሃቡ መደባት ኣለዉ።

- ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ontario.ca or findlink.at/ossd ተወከሶ።
- ማእከል ብውልቂ ምምሃር (The Independent Learning Centre) ብዙሕ ኣብ ኢንተርነት ኴንካ ክትወስዶ ትኽእል ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ይህብ እዩ። ንilc.org ተወከሶ።



# ስልጠና ቋንቋ

## ምምሃር ቋንቋታት እንግሊዝን ፈረንሳን ኣገዳሲ ክፋል ምጅማር ናብራ ኣብ ካናዳ እዩ። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ወይ ድማ ክልቲኡ ቋንቋ ምምላኽ ብኹሉ ወገን ይጠቕመካ እዩ።

### ክፍልታት ቋንቋ

ፈደራላውን ዞባውን ምምሕዳራት ናጻ ዝኾነ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳን ምእንቲ ክህቡ ንቦርድ ቤት-ትምህርቲ ኮሌጅን፣ ንወኪል ማሕበረሰብን ናይ ገንዘብ ቀረብ ይህብዎም እዮም።

ኮሌጅ፣ ዩኒቨርሲቲ ከምኡ'ውን ናይ ግሊ ዝኾኑ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋ፡ ትምህርቲ ቋንቋ ብናጻ ይህቡ እዮም።

ኣብ ኦንታርዮ  ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳን ኣለዉ፡ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፥

- **ምዕባለ ኣስተምህሮ ቋንቋ እንግሊዝ** (English Literacy Development (ELD))
- **ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳን ከም ካልኣይ ቋንቋ** (English and French as a Second Language (ESL and FSL))
- **ናብ ካናዳ ንዝመጹ ሓደስቲ ዝኸውን ትምህርቲ ቋንቋ** (Language Instruction for Newcomers to Canada (LINC))
- Cours de langue pour les immigrants au Canada (CLIC)
- **ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ስልጠና ቋንቋ** (Occupation-specific Language Training (OSLT))
- **ብሉጽ ስልጠና ቋንቋ** (Enhanced Language Training (ELT))
- **ፍሉይ ስልጠና ቋንቋ** (Specialized Language Training (SLT))

### ገምጋም ቋንቋ

ቅድሚ ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ምምዝጋብካ፡ ናይ ቋንቋ ክእለትካ ከተገምግሞ የድልየካ ይኸውን እዩ። ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ ማእከል መርመራ  ምእንቲ ክመርሓካ፡ ንኣማኻሪ ምጥያስ ሕተቶ ወይ ድማ ኣብ cicic.ca ኬድካ ኣንብብ። ኣብ ገለ ገለ ክፋላት ኦንታርዮ፡ ካብ ቋንቋ ናይ ፈረንሳ ወይ ድማ ቋንቋ እንግሊዝ ሓዲኡ መሪጽካ ክእለትካ ከተገምግሞ ትኽእል ኢኻ።

#### ግምገማ ቋንቋ

ብዛዕባ ግምገማ ቋንቋ ተወሳኺ ኣፍልጦ ንኽህልወካ፣ ኣብ www.language.ca ወይ findlink.at/clb-assess ኬድካ ኣንብብ።

#### ትምህርቲ ቋንቋ

ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ቋንቋ መግለጺ ንምርካብ ኣብ findlink.at/eslprogram ኬድካ ኣንብብ።

#### ትምህርቲ ቋንቋ ኣበይ ቦታ ከምዝወሃብ ፍለጥ


ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ከባቢኻ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኢሚግሬሽ ኦንታርዮ ontario.ca ወይ findlink.at/onlinetool ኬድካ ኣንብብ። ናብ *211* ክትድውል ወይ'ውን ናብ 211ontario.ca ኬድካ ከተንብብ'ውን ትኽእል ኢኻ።

#### ንሓደስቲ መጻእቲ ናብ ካናዳ ዝኸውን ኣብ ገዛ ኴንካ ዝጽናዕ ትምህርቲ ቋንቋ

ብዛዕባ ኣብ ገዛ ኴንካ ትወስዶ LINC ስልጠና ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንtcet.com ወይ findlink.at/homestudy ተወከሶ።

#### ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ስልጠና ቋንቋ

OSLT ኣብ ኮሌጃት ኦንታርዮ ናጻ ዝኾነ ንዝተወሰነ ዓይነት ስራሕ ዝኸውን ናይ ምርድዳእ ክእለት (communication skills) ትምህርቲ ይህብ። ኣብ co-oslt.org ብምኻድ ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።



# ውጥን ምጥያስ

## ክንክን ቆልዓ

- [ ] ንክንክን ቆልዓ ዝኸውን ምድላዋት ግበር።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ

- [ ] ደቅኻ ኣበይናይ ቤት-ትምህርቲ(ታት) ከምዝኸዱ ፍለጥ።
- [ ] ደቅኻ ንምምዝጋብ መወዳእታ መዓልቲ ምምዝጋብ መዓስ ምዃኑ ፍለጥ።
- [ ] ደቅኻ ናብ ቤት-ትምህርቲ ዝኸድሉን ዝምለሱሉን መጓዓዝያ ኣዳሉ።
- [ ] ደቅኻ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንምምዝጋብ ዘድሊ ዘበለ ዶኩመንት ኩሉ ኣኪብ።
  - [ ] መረጋገጺ ዕድመ
  - [ ] መረጋገጺ ኣድራሻ
  - [ ] ወላዲ/መዕበዪ ምዃንካ መረጋገጺ
  - [ ] መዝገብ ክታበት

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

- [ ] ክርክብ ዝከኣል ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ኣመልክት።
- [ ] ንዓኻ ወይ ንደቅኻ ናይ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርስቲ
- [ ] ንኽቕበሉኻ ብሓፈሻ ዘድልዩ ነገራት እንታይ ምዃኖም ፍለጥ

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ምቕጻል ትምህርቲ

- [ ] ብዛዕባ ምስ ድሌታትካ ወይ ስራሕካ ዝኸዱ ስልጠናታት ምቕጻል ትምህርቲ ኮሌጅ፣ ዩኒቨርስቲ ወይ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ፡ ሐበሬታ ርኸብ።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

## ስልጠና ቋንቋ

- ☐ ናይ ቋንቋ ክእለትካ ኣገምግሞ
- ☐ ንድሌታትካ ዘማልእ መደብ ትምህርቲ ቋንቋ ኣየናይ ምዃኑ ፍለጥ።
- ☐ ብዛዕባ ምስ ስራሕካ ዝተተሓሓዘ ስልጠና ቋንቋ ብዝበለጸ ንምፍላጥ ንኣማኻሪኻ ሕተቶ።

1. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

2. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

3. ዕማም ብዕለት / / መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ

# ምስራሕን ንግድን

እዚ ክፋል፡ ዕዳጋ ስራሕ ኦንታርዮ ከመይ ከምዝኾነ ክትርድኦን ከመይ ጌርካ ከምትረኽቦን ሓበሬታ ይህብ። ኣብ ኦንታርዮ ንምስራሕ ከመይ ከምትዳሎ፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝረኸብካዮ ስልጠናን ተሞክሮ ስራሕን ብኸመይ ተቐባልነት ከምትረክብ፣ ውጽኢታዊ ዝኾነ ኣደላልያ ስራሕ ከመይ ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ናይ ግሊ ንግዲ ከመይ ከምትጅምርን ክትመሃር ኢኻ።




40 ንስራሕ ምድላው

42 ስራሕ ምድላይ

44 መሰል ቦታ-ስራሕ

46 ምጅማር ናይ ግሊ ንግዲ

47 ውጥን ምጥያስ



# ንስራሕ ምድላው

## ማሕበራዊ ቁጽሪ መድሕን (SOCIAL INSURANCE NUMBER (SIN))

ኣብ ካናዳ ቅድሚ ስራሕ ምጅማርካ፡ ሶሻል ኢንሹራንስ ናምበር (መብዛሕትኡ ጊዜ *SIN* እናተባህለ ዝፍለጥ) ክህልወካ ይግባእ። ስራሕ ምስረኸብካ፡ ኣስራሒኻ፡ መስርሕ ናይ ምቑጻር ንምውዳእ፡ SIN ክትህቦ ክሓተካ እዩ። ነዚ ቁጽሪ ናይ ቀረጽ ፎርም ኣብ ትመልኣሉ ጊዜ ከምኡ'ውን ካብ መንግስቲ ገለ ኣገልግሎት ኣብ ትሓተሉ ጊዜ ክትጥቀመሉ ኢኻ። SIN ናትካ ኣብ ሕቡእን ስቱርን ቦታ ከተቐምጦ ይግባእ።

## ምግምጋብ መዝገብ ትምህርቲ ወጻኢ ሃገር

ብመጀመርታ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝረኸብካዮ መዝገብ ትምህርቲ፡ ከተገምግሞ የድልየካ ድዩ ወይስ ኣየድልየካን ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። ንገለ ባዕልኻ ትቆጻጸሮ ወይ ቁጽጽር ዘይግበሮ ስራሕ፡ ነዚ ምግባር ኣድላዪ ኣይኮነን፡ ከም ምርጫ ኣስራሒኻ ድማ ይኸውን።

ስራሕካ ፍሉይ ትምህርቲ ክህልወካ ስለዝሓትት፡ ምግምጋም ዘድልየካ እንተደኣ ኾይኑ፡ መዝገብ ትምህርትኻ ምስ ናይ ካናዳ ትምህርቲ ክነጻጸር እዩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ኦንታርዮ ነቲ ትደልዮ ስራሕ ንምርካብ ተወሳኺ ስልጠና ወይ ትምህርቲ የድልየካ ወይ ኣየድልየካን ክፍልጠካ እዩ። ምንጪ ሓበሬታ ኣብ ጸግዒ እዚ ገጽ ርኸብ።

## ስራሕ ኣብ ኦንታርዮ

ኣብ ኦንታርዮ ብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነት ስራሕ፣ ሞያ ከምኡ'ውን ንግዲ ኣሎ። ገሊኡ ስራሕ መንግስቲ ዝቆጻጸሮ ክኸውን እንከሎ ገሊኡ ድማ ቁጽጽር ዘይግበሮ ወይ ባዕልኻ ትቆጻጸሮ እዩ።

## ቁጽጽር ዘይግበሮ ወይ ባዕልኻ ትቆጻጸሮ ስራሕ

መብዛሕትኡ ሞያን ንግድን፡ ኣብ ኦንታርዮ ንምስራሕ ፍሉይ ፍቓድ ወይ ወረቐት ምስክር ኣይሓትትን እዩ። እዚ፡ ቁጽጽር ዘይግበሮ ስራሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቁጽጽር ዘይግበሮ ስራሕ፡ ኣካየድቲ ፊናንሳዊ ጉዳይ፣ ስነ-ቁጠባውያን፣ ኮምፕዩተር ፕሮግራመርስ፣ ተሓዝቲ-መዝገብ፣ ሲስተም ኣናሊስት፣ ጸረብቲ፣ ከሸንቲ ከምኡ'ውን ካልኦት ብዙሓት ዘጠቓለለ እዩ።

ሓደሓደ ስራሕ፡ ኣብ ኦንታርዮ ንምስራሕ፡ ወረቐት ምስክር ዘየድልዮ እኳ እንተኾነ፡ እዚ ወረቐት ምስክር ግና ክወሃብ ዝኽእል እዩ። እዚ ባዕልኻ ትቆጻጸሮ ስራሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣማኻሪ ሓይሊ-ሰብ ኣብነት ናይዚ እዩ።

### SIN ንምርካብ ምምልካት

SIN ንምርካብ ከመይ ጌርካ ከተመልክት ከምዝግብኣካ ንምፍላጥ ንመርበብ-ሓበሬታ ኣገልግሎት ካናዳ www.servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/sin ተወከሶ።

### ምግምጋም መዝገብ ትምህርቲ

ካብ ሃገር ወጻኢ ንዝተረኸበ መዝገብ ትምህርቲ ዝምልከት፡ ንማእከል ሓበሬታ ካናዳ ኣብ cicic.ca ወይ findlink.at/cicic-cred ወይ'ውን ናይ ወጻኢ ሃገር መዛግብቲ ትምህርቲ ናብ ዝኸዶ ቤት-ጽሕፈት መርበብ-ሓበሬታ credentials.gc.ca ኬድካ ኣንብብ።

### ዓለም-ለኻዊ ተሞክሮ ኦንታርዮ


ኣብ ኦንታርዮ መንግስቲ ብዛዕባ ዝቆጻጸሮ ዓይነት ስራሕ ንምፍላጥ፣ ናብ *1-866-670-4094* ደውል ወይ ድማ ናብ www.citizenship.gov.on.ca ወይ findlink.at/globalexpe ኬድካ ኣንብብ።

### ሓይልታት-ጥዕና ኦንታርዮ

ካብ ሃገር ወጻኢ ዝተመሃረ በዓል-ሞያ ጥዕና እንተደኣ ኴንካ ናብ *1-800-596-4046* ደውል ወይ ንhealthforceontario.ca ተወከሶ።

### መደባት መራኸቦ-ድልድል

ብዛዕባ መደባት መራኸቦ-ድልድል ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ ወይ ድማ ኣብ www.citizenship.gov.on.ca ወይ findlink.at/training ኬድካ ተመልከት።



## ቁጽጽር ዝግበሮ ስራሕ

ኣብ ኦንታርዮ፡ ንሶሻል ወርከ፣ ነርስ፣ ኤለክትሪካዊ ሸቓጥ ከምኡ’ውን ምዕራይ ቱቦታት ዘጠቓለለ ብዙሕ ሞያን ንግድን፡ ኣብ ተቖጻጻሪ ኣካል ምዝጉብ ክትከውን ወይ ድማ ሕጋዊ ፍቓድ ክህልወካ ዝሓትት እዩ። እዚ ቁጽጽር ዘድልዮ ስራሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቁጽጽር ዘድልዮ ስራሕ ክትሰርሕ እንተደኣ ደሊኻ፡ ብዛዕባ ኣብ ኦንታርዮ ዘሎ ተቖጻጻሪ ኣካል ናይ’ቲ ትደልዮ ዘለኻ ስራሕ፡ መጽናዕቲ ጌርካ፡ ፍቓድ ንምርካብ ወይ ድማ ንምምዝጋብ እንታይ ከምዘድልየካ ፍለጥ።

ዓለም-ለኻዊ ተሞክሮ ኦንታርዮ (Global Experience Ontario (GEO))፡ ምስ ጥዕና ዘይተተሓሓዘ ስራሕ ክሰርሑ ንዝደልዩ ከምኡ’ውን ኣብ ውሕሉል ሸቓጥ ክዋፈሩ ንዝደልዩ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝተማህሩ ሓደስቲ መጻእቲ፡ ናጻ ዝኾነ ሓበሬታን ሓገዝን ዝህብ ማእከል ሓበሬታ እዩ። ካብ ሃገር ወጻኢ ዝተማህረ በዓል-ሞያ ጥዕና፡ ምስ ጥዕና ዝተተሓሓዘ ስራሕ ንኽሰርሕ ዘሳልጠሉ፡ ዋና ወኪል፡ ሓይልታት ጥዕና ኦንታርዮ (HealthForceOntario) እዩ።

## መደባት መራኸቦ-ድልድል

መደባት መራኸቦ-ድልድል ኦንታርዮ፡ ስልጠና፣ ምዕባለ ክእለት፣ ኣብ ንጥፈት ዘተኮረ ስራሕ ናይ ምድላይን ምቑጻርን ደገፍ ብምሃብ ንስራሕካ ድልው ክትከውን ይሕግዙኻ። ሓደ ሓደ መደባት መራኸቦ-ድልድል፡ ኣብ ቁጽጽር ዝግበሮ ስራሕ ምእንቲ ክትዋፈር፡ ፍቓድ ከተውጽእ የዳልዉኻ ። ካልኦት ድማ ብመገዲ ምምዳብ ስራሕ፣ ምዕዶ ምሃብ ከምኡ’ውን ምስ ሰራሕተኛታት ርክብ ከምትፈጥር ብምግባር፡ ኣብ ውሽጢ ኦንታርዮ ብሞያኻ ዕድላት ስራሕ ይኸፍቱልካ።

### ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት

*እቲ ትመርጾ ስራሕ ቁጽጽር ዝግበሮ ድዩ ዘይግበሮ?*

*ቁጽጽር ዝግበሮ እንተደኣ ኮይኑ፡ ፍቓድ ንምርካብ እንታይ ክገብር የድልየኒ?*

*መዛግብቲ ትምህርተይ ከገምግም ምእንቲ ክኽእል፡ ዘድሊ ዘበለ ዶኩመንት ኩሉ ኣሎኒ’ዶ? ዝጎደለ ዶኩመንት ንምርካብ ምስ መን ክራኸብ ኣሎኒ?*

*ስርሐይ ገለ መረጋገጺ ደረጃ ትምህርቲ ክህልወኒ ይሓትት ድዩ? ፍሉይ መዳይ ትምህርቲ ክህልወካ ዝሓትት ድዩ?*

*እቲ ዘድሊ መዝገብ ትምህርቲ ኣሎኒ’ዶ?*

# ስራሕ ምድላይ

ነቲ እትደልዮ ስራሕ ንምድላይ፡ ጊዜን ምውጻእ ውጥንን ይሓትት እዩ። ኣብ ኦንታርዮ ስራሕ ምድላይ ሓደስቲ ብድሆታት ከምጽእ ዝኽእል እዩ። ጽሟቕ ዝርዝር ብቐዓትካ (résumé) ብፍሉይ ዝቐርብ ክኸውን ይኽእል፡ ከምኡ'ውን መብዛሕትኡ ጊዜ ምስ ሰባት ርክብ ምፍጣር ኣገዳሲ ክፋል ናይ ስራሕ ምድላይ እዩ። ዝተፈላለዩ ወኪላትን ሓገዝትን ንኽሕግዙኻ ቅሩባት እዮም።

*ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገራት*

*ኣብ ስርሐይ ተዓዊቲ ንምኳን፡ ንስራሕ-ዘትኮረ ተወሳኺ ስልጠና ምምዕባል ክእለት ምርድዳእ ምስ ሰባት የድልየኒ ድዩ?*

*ርእይቶ ብዛዕባ ጽሟቕ ዝርዝር ብቕዓተይ (résumé)፣ መሰነዪ ደብዳበ (cover letters) ከምኡ'ውን ካልእ ሓገዝ ስራሕ ምድላይ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?*

*ኣብ ዓውዲ ስርሐይ ዝሰርሑ ሰባት ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?*

*ኣብ ኦንታርዮ፡ ደሞዝ እቲ ኣነ ዝመርጾ ስራሕ ብገምጋም ክንደይ ይኸውን?*

*ኣብ ኦንታርዮ፡ ኣብቲ ኣነ ዝመርጾ ኢንዱስትሪን ስራሕን፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገብረ እንታይ ዓይነት ኣገዳሲ ለውጢ ኣሎ?*

## ሓገዝ ስራሕ ምድላይ

ኣብ ኦንታርዮ ንሓደስቲ መጻእቲ ብዛዕባ ዕዳጋ ስራሕ ከምኡ'ውን ስራሕ ምርካብ ዝሕብር ብዙሕ መደብን መርበብ-ሓበሬታን ኣሎ። ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ መሪጽካ መጽናዕቲ ክትገብር ክትጅምር ትኽእል ኢኻ፥

- ብናጻ ንሓደስቲ መጻእቲ ተባሂሉ ኣብ ዝዳሎ ኣኼባ ስራሕ-ምድላይ፡ ንምስታፍ ተመዝገብ። ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርባ ወይ ድማ ናብ jswontario.org ኬድካ ኣንብብ።
- ብዛዕባ ዕዳጋ ስራሕ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/lmi ኬድካ ሓበሬታ ርኸብ።
- ንምድላይ ስራሕ ዝኸውን ሓበሬታን፣ ንእሽቶ ምኽርን ንምርካብ ምእንቲ ክሕግዘካ ንማእከል ምቹጻር-ስራሕ ኦንታርዮ ኣብ *1-800-387-5656* ደውል ወይ ድማ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/etlanding ንምቹጻር-ስራሕ ኦንታርዮ ረኺብካ ተወከሶ።
- ኣገልግሎት ወሃቢ ምቹጻር ስራሕ ኦንታርዮ ብኸመይ ክሕግዘካ ከምዝኽእል ኣብ www.tcu.gov.on.ca ወይ findlink.at/ineedajob ሓበሬታ ርኸብ።
- ብመንግስቲ ካናዳ ዝተዳለወ "ኣብ ካናዳ ምስራሕ" ዝብል መሳለጢ (tool) ፈትሸ፥ workingincanada.gc.ca
- ጠቃሚ ዝኾኑ ጽሑፋት ስራሕ-ምድላይ ኣብ settlement.org ወይ findlink.at/employInfo ርኸብ።
- ኣብ ሙሉእ ኦንታርዮን ካናዳን ዝርከብ ስራሕ፡ ኣብ ዳታቤዝ ኣገልግሎት ካናዳ jobbank.gc.ca ኬድካ ርኸብ።

## ምስ ሓይልታት-ስራሕ ምርኻብ

ብወለንታ ምስራሕ፡ ምስ ሓይልታት-ስራሕ ካናዳ ክራኸበካ ዝኽእል ጽቡቕ መገዲ እዩ። ናብ *211* ደዊልካ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ወለንታዊ-ስራሕ ኣበይ ከምዝኾነ ሕተት፡ ወይ ድማ ንመርበብ-ሓበሬታ ማእከል ወለንታዊ ስራሕ ኣብ ovcn.ca ተወከሶ።

መራኸቢ-ድልድል ሞያ (Career Bridge)፡ ንምኩራት ስደተኛታት፡ ምምሕዳር፣ ኬሚስትሪ፣ ጉዳያት ርክብ፣ ኣከባብያዊ መጽናዕቲ ከምኡ'ው ፊናንስ ዘጠቓለለ ኣብ ብዙሓት ቁጽጽር ዘይግበሮም መዳያት ስራሕ፡ ተሞክሮ ንምጥራይ ዝወሃብ ስራሕ ይህብ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ከምኡ'ውን ንኽተመልከት ኣብ *1-888-507-3343* ደውል ወይ ድማ ንcareerbridge.ca ተወከሶ።



## ምልከታ ስራሕ ንምእታው

ብሓፈሻ፣ ጽሚቕ ዝርዝር ብቕዓትካ (résumé (ወይ ከኣ“curriculum vitae” ወይ CV ተባሂሉ ዝፍለጥ)) ከምኡ’ውን መሰነዪ ደብዳበ (cover letter) ብምስዳድ ኢኻ ንስራሕ ተመልክት። ጽሚቕ ዝርዝር ብቕዓትካ (Résumé) ዝርዝር ብቕዓትካን ናይ ስራሕ ተሞክሮኻን እዩ። መሰነዪ ደብዳበ (cover letter) ድማ ነቲ ስራሕ ምሩጽ ሕጹይ ዝገብረካ ነገራት እንታይ ከምዝኾነ ዝሕብር ሓጺር መሰነዪ ደብዳቤ እዩ።

ገሊኦም ኣስራሕቲ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ብዛዕባ ዝነበረካ፡ ብቕዓት ሕሉፍ ተሞክሮ፡ ክጠራጠሩ ይኽእሉ እዮም። ዝርዝር ብቕዓትካ (résumé) ከምኡ’ውን እቲ ትጽሕፎ መሰነይታ ደብዳቤ (cover letter)፡ ሕሉፍ ተሞክሮ ስራሕካ ብኸመይ ኣብ ኦንታርዮ ንዝርከብ ኣስራሒ ረብሓ ከምዝህቦ ዝገልጽ ከምዝኸውን ግበር። ዝርዝር ብቕዓትን መሰነይታ ደብዳበን ከመይ ከምዝጸሓፍ ከምኡ’ውን ንቃለ-መጠይቕ ከመይ ከምእትዳሎ ዝነግር ሓበሬታ ኣብ canada.ca ከምኡ’ውን jobbank.gc.ca ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

findlink.at/EmploymentInCanada

## ናይ ኦንታርዮ ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታ

ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ወይ’ውን ካብ ስራሕ ናብ ስራሕ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ ኦንታርዮ ዘለዉ ኣስራሕቲ ንኽእለት ርክብ፡ ዓቢ ግምት እዮም ዝህብዎ። ናይ ከባቢኻ ወኪል ምጥያስ ከምኡ’ውን ካልኦት ክኢላታት ምቑጻር ብዛዕባ ናይ ኦንታርዮ ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታ ኣጸቢቕካ ምእንቲ ክትፈልጦ፡ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ገሊኡ ስልጠና ቋንቋ፡ ኣብ ውሽጡ ብዛዕባ ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታን ርክብን ዘጠቓልል እዩ።





# መሰል ቦታ ስራሕ

## መዓርነት ኣብ ቦታ ስራሕ

ናይ ኦንታርዮ ሕጊ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ቦታ ስራሕ ኣድልዎተ-ምፍልላይ ኣየፍቅድን እዩ። ዝኾነ ኣብ ኦንታርዮ ዝሰርሕ ሰብ ወይ ንስራሕ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ብምኽንያት ዓሌት፣ ወለዶ፣ መበቆል ቦታ፣ ሕብሪ፣ መበቆል ዓሌት፣ ዜግነት፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ጾታ፣ ምልላይ ጾታ፣ ኩነታት ሽርክነት ምስ ተመሳሳሊ ጾታ፣ ስድራቤታዊ ኩነታት፣ ወይ ስንክልና ብዘይግቡእ መገዲ ክተሓዝ ወይ ክጥቃዕ ኣይፍቀድን እዩ። ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰልካን ሓላፍነትካን ኣብ ቦታ ስራሕ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንመርበብ-ሓበሬታ ልኡኽ ሰብኣዊ መሰል ኦንታርዮ ኣብ ohrc.on.ca ወይ findlink.at/ohrcemploy ተወከሶ።

## ሕጊ መስፈር ስራሕ ምቑጻር ኦንታርዮ

ኣብ ኦንታርዮ ሰራሕተኛታት፡ ግቡእን ድሕነት ዘለዎን ቦታ-ስራሕ ክህልዎም መሰሎም እዩ። ሕጊ መስፈር ምቑጻር ስራሕ ኦንታርዮ (*Employment Standards Act* (ESA))፡ ሰራሕተኛን ኣስራሕን ብውሑዱ ክስዕብዎ ዝግባእ መስፈር የዳሉ።

## ደሞዝ

ኣብ 2025፣ ሓፈሻዊ ዝተሓተ ደሞዝ ንሰዓት $17.60 እዩ፣ ከምኡ ውን ዝተሓተ ናይ ተማሃራይ ደሞዝ ድማ $16.60 ንሰዓት እዩ።[5] ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከሱ ሚኒስትሪ ዕዮ፣ ኢሚግሬሽን፣ ስልጠናን ምምዕባል ክእለትን መርበብ ሓበሬታ ኣብ፤ ontario.ca ወይ findlink.at/minwage ተወከሶ።

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

ብሓፈሻ፣ ብጀካ ኣብ ገገሊኡ ኩነታት፡ ሰራሕተኛታት ብመዓልቲ ልዕሊ 8 ሰዓት ከምኡ'ድማ ኣብ ሰሙን ልዕሊ 48 ሰዓት ክሰርሑ ክግደዱ ኣይክእሉን እዮም። ልዕሊ እዞም ሰዓታት ንምስራሕ፡ ብጽሑፍ ውዕል ከምኡ'ድማ ብሓላፊ መስፈር ስራሕ-ምቑጻር ናይ ኦንታርዮ (the Ontario Director of Employment Standards) ዝጸደቐ ክኸውን ኣለዎ።

## ህዝባዊ በዓላት

ኣብ ኦንታርዮ ኣብ ዓመት 9 ህዝባዊ በዓላት ኣለዋ። ብቑዓት ሰራሕተኛታት ነዘን በዓላት ክወስድወን ከምኡ'ውን ናይ ህዝባዊ በዓል ደሞዝ ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም። ናይ ኦንታርዮ ህዝባዊ በዓላት፥ ሓድሽ ዓመት፣ መዓልቲ ስድራቤት፣ ዓርቢ ስቕለት፣ መዓልቲ ቪክቶሪያ፣ መዓልቲ ካናዳ፣ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፣ መዓልቲ ምስጋና፣ ልደት ከምኡ'ውን ባክሲንግ ዴይ እዮም።

## ጊዜ ዕረፍቲ

ብሓፈሻ፡ ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ እተን ዝሰርሕወን 12 ኣዋርሕ ናይ ክልተ ሰሙን ዕረፍቲ ክወስዱ መሰል ኣለዎም። ኣብ ክንዲ ዝኽፈሎ ጊዜ ዕረፍቲ ምውሳድ፣ ሰራሕተኛታት ብውሑዱ ኣርባዕተ ሚእታዊ ደሞዞም ክኽፈሉ ክመርጹ መሰሎም እዩ።

[5] ናይ ቤት ትምህርቲ ዕረፍቲ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ወይ ኣብ ጊዜ ትምህርቲ ልዕሊ 28 ሰዓታት ንዝሰርሑ ትሕቲ 18 ዕድመ ዝኾኑ ተማሃሮ'ውን ዝምልከት ክፍሊት እዩ።

## ምቕባል ደሞዝ

ሰራሕተኛታት ብምዱብ ጊዜን ብተደጋጋምን ክኽፈሉ ከምኡ'ውን ኣብ ዝኽፈሉሉ እዋን ካብ ደሞዞም ዝጎድል ገንዘብ፡ ዘርኢ ወግዓዊ መግለጺ ክወሃቦም ይግባእ።

## ኣብ ጊዜ ሕርሲ ነቦን ነደን ዝወሃብ ዕረፍቲ

ዝሰርሑ ወለዲ፡ ኣብ ጊዜ ጥንሲ ወይ ድሕሪ ሕርሲ፡ ካብ ስርሖም፡ ዝኽፈሎ ጊዚያዊ ዕረፍቲ ክወስዱ መሰል ኣለዎም። ብቑዓት ንዝኾኑ ወለዲ መድሕን ምቑጻር ስራሕ (Employment Insurance (EI)) ረብሓታት ይህብ እዩ።

*ብመሰረት ሕጊ መስፈር ምቑጻር ስራሕ (Employment Standards Act)*፡ ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንናይ ሚኒስትሪ ዕዮ ማእከል ሓበሬታ መስፈር ምቑጻር ስራሕ ኣብ *1-800-531-5551* ደውል (ሓበሬታ ብ23 ቋንቋ ይወሃብ እዩ) ወይ ድማ ንመርበብ-ሓበሬታ ሚኒስትሪ ዕዮ ontario.ca ወይ findlink.at/on-esa ተወከሶ። ናብ ማእከል ኣገልግሎት ካናዳ ኬድካ፡ ንሓላፊ ፈደራላዊ ምምሕዳር ጉዳያት ዕዮ'ውን ከተዘራርቦ ትኽእል ኢኻ። ኣድራሻ ንምርካብ፡ ነተን ሰማያዊ ገጻት መጽሓፍ ናይ ቴሌፎን ወይ ድማ servicecanada.gc.ca ተወከስ።

## ጥዕናን ድሕነትን

*ናይ ኦንታርዮ ሕጊ ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ስራሕ፡* ጥዕናን ድሕነትን ሰራሕተኛታት ኦንታርዮ ንምሕላው መስፈር የዳሉ። ብጀካ ኣብ ገለገለ ኩነታት፡ እዚ መስፈር፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ስራሕ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ መዳያት ንግዲ ኦንታርዮ ዝሰርሕ እዩ።

- ንጥዕናን ድሕነትን ዝምልከት፡ ኣብ ስራሕ፡ ናትካን ናይ ኣስራሒኻን መሰልን ግዴታን እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣፍልጦ ጥዕናን ድሕነትን ብኣርባዕተ ደረጃ (*Health and Safety Awareness in 4 Steps*) ዝብል መጽሓፍ ኣንብብ። እዚ መጽሓፍ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ዕዮ ontario.ca ወይ findlink.at/hsawarenes ይርከብ። ንኣገልግሎት ኦንታርዮ (ServiceOntario)፡ ነዚ መጽሓፍ ክሰዱልካ፡ ምእንቲ ክትሓቶም ኣብ *1-800-267-8097* ደውለሎም።
- ንሰራሕተኛታት ንምጥባቕ፡ ሚኒስትሪ ዕዮ ብዛዕባ ዝጥቀመሎም ሜላታት ተወሳኺ ፍልጠት ንምርካብ ን ontario.ca ወይ findlink.at/hsafety ተወከሶ።
- ኣብ ስራሕ ዘጋጥም፡ ንድሕነት ኣብ ሕቶ ዘእቱ ነገር፡ ብኸመይ ከምትጠርዕ ንምፍላጥ፡ ንማእከል መራኸቢ ጥዕናን ድሕነትን ኣብ *1-877-202-0008* ደውል።

## ናይ ኦንታርዮ ድሕነት ኣብ ቦታ-ስራሕ ከምኡ'ውን ናይ መድሕን ቦርድ

ናይ ኦንታርዮ ድሕነት ኣብ ቦታ-ስራሕን ናይ መድሕን ቦርድን (The Ontario Workplace Safety and Insurance Board (WSIB))፡ ንኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ጌጋ-ኣልቦ ኣገልግሎት መድሕን ናይ ስራሕ ቦታ ይህብ። እዚ ቦርድ ብኣበርክቶ ቀረብ ገንዘብ ኣስራሕትን ሰረሕተኛታትን ዝካየድ እዩ። ናይ ስንክልና ረብሓታት ይህብ፣ ሰራሕተኛታት ዝቕበልዎ ዘለዉ ዓይነት ክንክን ጥዕና ከመይ ዓይነት ከምዝኾነ ይቆጻጸር ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ፡ መጉዳእቲ ንዘጋጠሞም ሰራሕተኛታት ሓገዝ ይህብ።

ኣብ ስራሕ መጉዳእቲ እንተጋጢሙካ ወይ ድማ ብዛዕባ ድሕነት ኣብ ቦታ-ስራሕን መድሕንን ተወሳኺ ሐበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ *1-800-387-0750* ደውል ወይ ድማ wsib.on.ca ተወከስ።





# ናይ ግሊ ንግዲ ምጅማር

ኣብ ኦንታርዮ፡ ናይ ግሊ ንግዲ ንምጅማር ቀስቀስቲ ዝኾኑ ዕድላት ኣለዉ። ኣብ 2012, ኣብ ውሽጢ ኦንታርዮ 2.9 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ኣብ ንኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት ተቖጺሮም። እዞም ትካላት 98 ሚእታዊ ትካላት ናይ ሙሉእ ኦንታርዮ እዮም።[6]

ኣብ ኦንታርዮ ንግዲ ንምጅማር፣ ንሚኒስትሪ ቁጠባዊ ምዕባለ፣ ስራሕ ምቑጻር ከምኡ'ውን ትሕተ-ቅርጺ፡ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/business ተወከሱ።

ምምሕዳር ኦንታርዮ፡ ንንኣሽቱ ትካላት ዝኸውን ማእከላት፡ ኣብ ሙሉእ ዞባ ኣዳልዩ ኣሎ። ኣብዚ፡ ምስ ምጅማር፣ ምውናን ከምኡ'ውን ምኪያድ ዕዉት ዝኾነ ንግዲ ዝተተሓሓዘ ሓበሬታን ኣገልግሎትን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ 1-800-567-2345 ብምድዋል ወይ ontario.ca ወይ findlink.at/sbec ብምውካስ ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።

መንግስቲ ካናዳ፡ ናይ ግሊ ንግዲ ንኽትጅምር ዝሕግዝ፡ ሓበሬታን ሓገዝን ትረኽበሉ፡ ብዝሕ ዝበለ ማእከላት ኣገልግሎት ንግዲ ካናዳ ኣቑሙ ኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ 1-888-576-4444 ደውል ወይ ንcanadabusiness.ca ተወከሱ።

[6] ምንጪ ሓበሬታ፣ ሚኒስትሪ ቁጠባዊ ምዕባለ፣ ስራሕ ምቑጻር ከምኡ'ውን ትሕተ-ቅርጺ፣ ontariocanada.ca ወይ findlink.at/onmedte

# ውጥን ምጥያስ

## ንስራሕ ምድላው

- [ ] ሶሻል ኢንሹራንስ ናምበር (SIN) ንምርካብ ኣመልክት።
- [ ] ኣብ ኦንታርዮ፡ ስራሕካ ቁጽጽር ዝግበሮ ምዃኑ ኣጻሪኻ ፍለጥ።
- [ ] መዝገብ ትምህርትኻ ኣገምግሞ
- [ ] ምስ ሽቶ ሞያኻ ዝኸዱ፡ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ መደባት መራኸቦ-ድልድል ኣበይ ከምዝርከቡ ፍለጥ።

1. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

2. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

3. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

## ስራሕ ምድላይ

- [ ] ጽሟቕ ዝርዝር ብቕዓትካ (résumé) ከምኡ'ውን መሰነይታ ደብዳቤ (cover letter) ኣዳሉ።
- [ ] ውጽኢታዊ ዝኾነ ርክባት ጀምር ከምኡ'ውን ዝርዝር ከባብያዊ ርክባት ኣዳሉ።
- [ ] ብሞያኻ፡ ተወሳኺ ተሞክሮ ክህቡኻ ዝኽእሉ መደባት ወለንታዊ ስራሕ ወይ ተሞክሮ ንምጥራይ ክይተኸፈልካ ዝስርሖ ስራሕ፡ ኣብ ከባቢኻ ኣበይ ቦታታት ከምዝርከብ ፍለጥ።
- [ ] ብዛዕባ ንምድላይ ስራሕ እንታይ ከምዘድልየካ ከምኡ'ውን ዝቕጽል ስጉምትኻ እንታይ ክኸውን ከምዝግባእ ንምፍላጥ ምስ ኣማኻሪ ምጥያስ ወይ ምስ ኣማኻሪ ምቑጻር-ስራሕ ተዘራረብ።
- [ ] ብዛዕባ ባህሊ ቦታ-ስራሕ ኦንታርዮ ኣብ ዝመረጽካዮ መዳይ ስራሕ፡ መሰረታዊ ርድኢት ይሃሉኻ።

1. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

2. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

3. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

## ምጅማር ናይ ግሊ ንግዲ

☐ ብዛዕባ ምጅማር ናይ ግሊ ንግዲ፡ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ማእከል ንኣሽቱ ትካላት ረኺብካ ኣዘራርብ።

1. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

2. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

3. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

# ገንዘብን ውልቃዊ ፊናንስን

እዚ ክፋል፡ ምስ ገንዘብካ ንዝተአሳሰሩ ዋና ጸገማት ይሸፍን። ሕሳብ ባንክ ንምኽፋት፣ ክሬዲት ንምርካብ፣ ቀረጽ ንምኽፋል ከምኡ’ውን ብዛዕባ ምርካብ ረብሓታትን ማሕበራዊ ሓገዝን፡ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።




50 ገንዘብን አጠቓቕማ ባንክን

51 ክሬዲት ምርካብ

52 ቀረጽ

53 ረብሓታትን ማሕበራዊ ሓገዝን

54 ውጥን ምጥያስ

# ገንዘብን ኣጠቓቕማ ባንክን

ነበርቲ ኦንታርዮ ዝበዝሕ ጊዜ፡ ገንዘቦም ኣብ ባንክ፣ ኣብ ማሕበር ለቓሕ ከምኡ’ውን ኣብ ትካላት ሕድሪ የቐምጡ። እዞም ትካላት ገንዘብ፡ ድሕነቶም ዝተሓለውን ምቹኣትን እዮም። መብዛሕት’ኦም ፊናንሳዊ ትካላት፡ ኣባላት ማሕበር መድሕን ቁጠባ ካናዳ እዮም፣ እዚ ማለት፡ መንግስቲ ነቲ ኣብ ሕሳብካ ዘሎ ገንዘብ ክሳብ $100,000 የውሕሶ።

## ገንዘብ

ባጤራ ካናዳ ከምኡ’ውን  ገንዘብ ናይ ወጻኢ ሃገር ናብ ገንዘብ ካናዳ ከመይ ከምትልውጦ፡ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ካናዳ እንቋዕ ድሓን መጻእካ ዝብል ክፋል ኣንብብ።

ጥረ ገንዘብ ብፖስታ ፈጺምካ ከይትሰድድ፣ ኣብ ክንድኡ፡ ቼክ፣ ማኒ ኦርደር (ካብ ባንክ ዝግዛእ) ወይ ፖስታል ኦርደር (ካብ ቤት ቡስጣ ዝግዛእ) ተጠቀም። ባንክ ከምኡ’ውን ናይ ግሊ ዝኾኑ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስዳድ፡ ገንዘብ ንምስዳድ ካልእ ኣማራጽታት ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።

findlink.at/Money-Finances

## ኣገልግሎት ባንክ

ወላ’ኳ ንግዚኡ ስራሕን ሽዑ ተእትዎ ገንዘብን ኣይሃሉኻ፡ ሕሳብ ባንክ ክትከፍት ግና ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ ባንክ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎት ይህብ፥

- ዘይንቀሳቐስ ሕሳብ ባንክ (savings account) ከምኡ’ውን ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ (chequing account)
- ዴቢት ካርድ
- ናይ 24-ሰዓት ናይ ኢንተርነትን ቴሌፎንን ኣገልግሎት ባንክ
- ለቓሕን ክሬዲት ካርድን
- ፍርያት ኢንቨስትመንት ከምኡ’ውን ምውጻእ ውጥን
- ፊናንሳዊ ምኽሪ

ወላ’ኳ ባንክ ካናዳ ድሕነቱ ዘተኣማምን ይኹን፡ ፊናንሳዊ ጉዳያትካ ንምሕላው ግቡእ ኣፍልጦ ክህልወካ የድሊ እዩ።  ካብ ስርቂ ዴቢት ካርድን ካልኦት ነገራትን ከመይ ጌርካ ንርእስኻን ንገንዘብካን ከምእትሕሉ ምኽርን ሓበሬታን ንምርካብ፡ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ናይ ካናዳ ኢንዱስትሪ መጽሓፍ-ዕዮ ዓማዊል ኣብ consumerhandbook.ca ኬድካ ኣንብብ።

findlink.at/Consumer-Protection

## ምኽፋት ሕሳብ ባንክ

ቅድሚ ሕሳብ ባንክ ምኽፋትካ፡ ብዛዕባ ብዙሓት ትካላት ገንዘብ፡ መጽናዕቲ ክትገብር ዝበለጸ እዩ። ክፍሊት ፍርያት ባንክ፣ ኣገልግሎት፣ ከምኡ’ውን መጠን ወለድ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ኣብዚ እዋን እናተለምዱ ዝመጹ ዘለዉ ክፍሊት ዘይብሎም ሕሳብ ባንክ ሕተት። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ንሓደስቲ መጻእቲ ዝተዳለወ ኣገልግሎት’ውን ሕተት።

ኣስራሒኻ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ናብ ባንክ ዘእትወሎም እንተደኣ ኾይኑ፣ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ (chequing account) የድልየካ እዩ። ዘይንቀሳቐስ ከምኡ`ውን ናይ ኢንቨስትመንት ሕሳብ (Savings and investment accounts)፡ ገንዘብ ንምቕማጥ ይጠቕሙ፡ ምኽንያቱ ካብ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ ዝለዓለ መጠን ወለድ ኣለዎም።  እንተኾነ ግና፡ እቲ ዝፍቀደካ ኣገልግሎት ዝተወሰነ ዓይነት ወይ’ድማ ብቑጽሪ ውሑድ ዝኾነ ግብረ-ዋኒን transactions) ጥራሕ ክኸውን ይኽእል`ዩ። ዘይንቀሳቐስ ሕሳብ ባንክ (savings accounts) ዝኸፍቱ መብዛሕትኦም ዓማዊል፡ ንዕለታዊ ናብርኦም ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ’ውን (chequing accounts) የውጽኡ እዮም።

ሕሳብ ባንክ፣ ሕሳብ ማሕበር ለቓሕ ወይ ሕሳብ ትካል ሓደራ ንምኽፋት፡ ከም ፓስፖርትን ሶሻል ኢንሹራንስ ናምበር (SIN) ካርድ ዝኣመሰሉ ክልተ ዓይነት መለለዪ መንነት ከተርኢ የድልየካ እዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ሓዲኡ ስእልኻ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

ሕሳብ ባንክ ኣብ ትኸፍተሉ እዋን፣ ናይ ባንክ ካርድ (ዴቢት ካርድ ተባሂሉ ዝፍለጥ) ክወሃበካ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ድኳን፣ ቤት መግቢ ከምኡ’ውን ካልኦት ትካላት፡ ኣብ ክንዲ ብጥረ ገንዘብ ትኸፍል፡ በዚ ካርድ ጌርካ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። እዚ ካርድ ኣብ ናይ ባንክ ማሽናት’ውን (*Automated Teller Machines or ATMs* ዝበሃሉ ማሽናት) ግብረ-ዋኒን *transactions*) ከተካይድ የኽእለካ እዩ።

findlink.at/Money-Finances

**ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት**

*ንሓደስቲ መጻእቲ ፍሉይ ዝኾነ ኣገልግሎት ዘለዎ ባንክ ኣየናይ እዩ?*

*ዘይንቀሳቐስ ሕሳብ ባንክ (savings account) ከምኡ’ውን ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ (chequing account) የድልየኒ ዶ?*

*ካብ ሓደ ባንክ ዘውጻእክዎ ዴቢት ካርድ ኣብ ATM ናይ ካልእ ባንክ እንተደኣ ተጠቂመሉ ክንደይ የኽፍለኒ?*

# ክሬዲት ምርካብ

## ክሬዲት

ክሬዲት ማለት ናይ ገንዘብ ለቓል ማለት እዩ። ክሬዲት ካርድን ናይ ባንክ ለቓሕን (bank loans)፡ ኣዝዮም ልሙዳት ዝኾኑ ዓይነት ክሬድት እዮም። መብዛሕትኡ ጊዜ ተለቃሕቲ ነቲ ዝተለቅሕዎ ገንዘብ ንምኽፋል በብጊዜኡ ስሩዕ ዝኾነ ክፍሊት ይገብሩ እዮም። ዓቐን ክፍሊትን ድግግምን፡ መጀመሪያ እቲ ለቓሕ ክወሃብ ከሎ ክንጽር ኣለዎ።

ለቓሕ ባንክ ወይ ድማ ክሬዲት ካርድ ምስ ረኸብካ ወለድ ትኸፍል ኢኻ። ወለድ ማለት እቲ ኣለቃሒ (መብዛሕትኡ ጊዜ ባንክ) ንተለቃሒ ዘኽፍሎ ገንዘብ እዩ። መጠን ወለድ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ገለ እዋን ከም ወለድ ትኸፍሎ፡ ገለ ሚእታዊ ናይቲ ለቓሕ ገንዘብ እዩ። ገሊኡ ለቓሕን ክሬዲት ካርድን፡ መጠን ወለዱ ልዕል ዝበለ እዩ። ስለዚ፡ ብመልክዕ ለቓሕ ባንክ ወይ ክሬዲት ካርድ፡ ካብ ባንክ ገንዘብ ክትልቃሕ ከሎኻ፡ ትኸፍሎ መጠን ወለድ ክንደይ ከምዝኾነ ክትሓትት ይግባእ።

ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓይነት ክሬዲት ካርድን ለቓሕን ከምኡ'ውን ብኸመይ ክሬዲት ካርድ ከምትመርጽን ከምእተመልክትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ካናዳ እንቋዕ ድሓን መጻእካ ዝብል ክፋል ኬድካ ኣንብብ።

findlink.at/Money-Finances


## ምምዕባል ታሪኽ ክሬዲት ካርድ

ለቓሕ ክትወስድ ከሎኻ ወይ ድማ ክሬዲት ካርድ ክትጥቀም ከሎኻ፡ ጸብጻብ ዝህብ ኤጀንሲ፡ ክፍሊትካ በብግዚኡ ትኸፍል ዲኻ ወላ ኣይትኸፍልን፣ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ገንዘብ ንምኽፋል'ከ ክንደይ ጊዜ ይወስደልካ ንዝብሉ ሕቶታት ዝምልስ፡ ሐበሬታ ይእክብ። እዚ ሓበሬታ ክፋል ታሪኽ ክሬድትካ ይኸውን።

**ኣብ ኦንታርዮ ታሪኽ ክሬዲት ከተማዕብል ኣገዳሲ እዩ። ክሬዲት ካርድ፣ ለቓሕ ወይ ንገዛ መግዝኢ ዝኸውን ለቃሕ ንምርካብ ከተመልክት ክትደሊ ከሎኻ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ገንዘብካ ከመይ ከምዘመሓደርካዮ ንምርኣይ፡ እቲ ፊናንሳዊ ትካል፡ ታሪኽ ክሬድትካ ክምርምሮ እዩ። ብመሰረት ታሪኽ ክሬዲትካ፡ እቲ ፊናንሳዊ ትካል ነቲ ትደልዮ ዘሎኻ ለቓሕ ክህበካ ወይ ድማ ክኸልእካ ይውስን።**

ብዙሓት ሰባት ታሪኽ ክሬዲት፡ ብክሬዲት ካርድ ጌሮም የማዕብልዎ። ብዛዕባ ንሓደስቲ መጻእቲ ዝተዳለዉ መደባት ክሬዲት ካርድ፡ ንተወካሊ ትጥቀመሉ ፊናንሳዊ ትካል ኣዘራርቦ። ቅድሚ ውዕል ምፍራምካ፡ ብዛዕባ ኣተገባብርኡን መምርሒኡን ኣንብብ።

ፊናንሳዊ ናይ ዓሚል ኤጀንሲ ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ክሬዲት ገለ ጠቓሚ ዝኾነ ምኽርን ሓበሬታን ኣብ fcac-acfc.gc.ca ኣለዎ።






**ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት**

*ናይ ክሬዲት ካርደይ መጠን ወለድ ክንደይ እዩ?*

*ብዛዕባ ሕጂ ዘሎ ደረጃ ክሬዲተይ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል?*

*ታሪኽ ክሬዲተይ ከማዕብሎ እንታይ ክገብር ይኽእል?*



# ቀረጽ

**ኣብ ካናዳ፣ ሰለስቲኦም ደረጃታት ምምሕዳር ቀረጽ ይእክቡ፥ ፌደራል፣ ዞባዊ፣ ምምሕዳር ከተማ። ቀረጽ፡ ንኸም በዓል ትምህርቲ፣ ክንክን ጥዕና፣ መጓዓዝያ፣ ትሕተ-ቅርጺ ከምኡ'ውን ስልጠና ምምዕባል ክእለት ዝኣመሰሉ ብደገፍ መንግስቲ ንዝካየዱ መደባት ይድግፍ።**

**ክሕሰበሎም ዝግባእ ነገራት**

*ብዛዕባ ቀረጽ ንመን ክሓትት ይኽእል?*

*ተመላሲ ቀረጽ ኣታዉየይ (income tax return) ንምምላእ ሓገዝ ካበይ ክረክብ ይኽእል?*

*ናይ ቆልዓ ክፍሊት ካናዳ ንምርካብ ብቑዕ ድዩ?*

## ዓይነት ቀረጽ

ካብቶም ብጣዕሚ ልሙድ ዝኾኑ ዝእከቡ ዓይነት ቀረጽ፡ ናይ እቶት ቀረጽ፣ ናይ ሽያጥ ቀረጽ፣ ናይ ንብረት ቀረጽ ከምኡ'ውን ናይ ትካል ቀረጽ እዮም።

ምስ ቀረጽ ንዝተሓሓዘ ጉዳይ ዝኸውን፡ ሙሉእ ዓመት ክትእከቦ ዘድልየካ ቅብሊት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ካልእ ዶኩመንት ፍለጥ ።

ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓይነት ቀረጽ መግለጺ ንምርካብ ንሚኒስትሪ ፊናንስ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/finance ተወከሱ።

## ቀረጽ እቶት

ካናዳውያን ተመላሲ ቀረጽ ኣታዊ (income tax returns) ነፍስ ወከፍ ዓመት ክሳብ ሚያዚያ 30 ኣብ ውሽጢ ዘሎ ጊዜ የመልክቱ። ካብ ኩሉ ዓይነት ምንጪ ስራሕ ዝመጸ ኣታዊኻ፣ ወላ ካብ ካልእ ሃገር ዝመጸ ይኹን ጸብጻብ ክትህበሉ ኣሎካ።

ብመገዲ መደብ ወለንታዊ ማሕበረሰብ ቀረጽ እቶት (Community Volunteer Income Tax Program)፡ ተመላሲ ቀረጽ እቶትካ ንኽተመልክት ናጻ ዝኾነ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንመርበብ-ሓበሬታ ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ (Canada Revenue Agency (CRA)) ኣብ cra-arc.gc.ca ወይ findlink.at/incometax ተወከሱ።

## ዝተወሃሃደ ቀረጽ ሽያጥ ክሬዲት (HARMONIZED SALES TAX CREDIT)

ኩሎም ነበርቲ ኦንታርዮ ንመብዛሕትኡ ኣቑሑት ዝተወሃሃደ ቀረጽ ሽያጥ (Harmonized SalesTax (HST)) ይኸፍሉሉ እዮም። ዝተሓተ እቶት ንዘለዎም ሰባት፣ ናይ ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ (CRA) ብመገዲ ታክስ ክሬዲት ንኹሉ ወይ ድማ ገሊኡ እዚ ቀረጽ ይመልሰሎም እዩ። ነዚ ክሬዲት ንምርካብ፡ ኣብ መጀመሪያ ገጽ ናይ ምምላስ ቀረጽ (tax return) ፎርም፡ ዘሎ ናይ HST ክሬዲት መመልከቲ ፎርም ምልኣዮ። CRA ብቑዕ ምዃንካ ምስ ኣረጋገጸ፡ ቼክ ክትቅበል ኢኻ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ cra-arc.gc.ca ወይ findlink.at/gst-hst ርኸብ።

## ናይ ቆልዓ ክፍሊት ወይ ድማ ሓገዝ ካናዳ (CANADA TAX BENEFIT)

ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ እንተደኣ ኣለዉኻ፡ ናይ ቆልዓ ሓገዝ ካናዳ (Canada Child Benefit) ክትቅበል ትኽእል ትኸውን ኢኻ። ብቑዕ እንተደኣ ኴንካ፡ ደቅኻ ንምዕባይ ዝሕግዘካ ወርሓዊ ገንዘብ ካብ መንግስቲ ካናዳ ክትቅበል ኢኻ። መጠን እቲ ትወሃቦ ገንዘብ ብመጠን እቶትካ ከምኡ'ውን ብብዝሒ ደቅኻ ዝውሰን እዩ።

ብቑዕ ከምዝኾንካ ንምፍላጥን ምልከታ ንምእታውን፡ ንመርበብ-ሓበሬታ ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ ኣብ cra-arc.gc.ca ወይ findlink.at/cra-bnfts ተወከሱ።

# ረብሓታትን ሓባራዊ ሓገዝን

## ኣብ ኦንታርዮ፣ ዞባውን ፌደራላውን መደባት፡ ናይ ገንዘብ ጸገም ንዘጋጠሞም ሰባት ክረድእዎም ቅሩባት እዮም።

### ናይ ምቑጻር ስራሕ መድሕን (EMPLOYMENT INSURANCE (EI))

ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ብዘኾነ ምኽንያት ካብ ስራሕ እንተወጺእካ፡ ረብሓታት EI ንምርካብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ - ንኣብነት፡ ብምኽንያት ሕጽረት ስራሕ፣ ወይ ብምኽንያት ወቕታዊ ወይ ብብዝሒ ምጽልጻል እንተኣጋጢሙ። ብቑዕ ንምዃን፡ ኣብ ዝሓለፈ 52 ሰሙን፡ ክድገፍ ዝኽእል እኹል ሰዓታት ስራሕ ኣብ ካናዳ ኣኪብካ ክትከውን ይግብኣካ።

ረብሓታት EI ንምርካብ ከመይ ከምተመልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንኣማኻሪ ምጥያስ ኣዘራርቦ ወይ'ውን ንኣገልግሎት ካናዳ ኣብ servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/ei-app ተወከሶ።

### መደብ ጡረታ ካናዳ (CANADA PENSION PLAN (CPP))

ኣብ ኦንታርዮ ኣብ ትሰርሓሉ ጊዜ፡ ኣስራሒኻ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ብቐጥታ ናብ CPP ኣበርክቶ ንምግባር ካብ ክፍሊትካ የጉድል እዩ።

ነዞም ዝስዕቡ እንተደኣ ኣማሊእካ፣ ንምቕባል ናይ CPP ጡረታ ብቑዕ ኢኻ፥

- ኣብ ካናዳ ዝሰራሕካ እንድሕር ኴንካ ከምኡ'ውን ንCPP እንተወሓደ ሓደ ኣበርክቶ (ክፍሊት) ጌርካ እንተኾይንካ።
- ብውሕዱ ዕድሜኻ 65 እንተኾይኑ፡ ወይ ድማ ዕድሜኻ ካብ 60 ክሳብ 64 ኾይኑ ነቲ ኣብ ሕጊ ተጻሒፉ ዘሎ ዘድሊ እቶትን ኣበርክቶን ዘማላእካ እንተደኣ ኴንካ።

ብዛዕባ CPP ተወሳኺ ሐበሬታ ንምርካብ፡ ንኣገልግሎት ካናዳ ኣብ servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/cpp ተወከሶ።

### ጡረታ ውሕስነት እርጋን (OLD AGE SECURITY PENSION (OAS))

OAS፡ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ንዝኾኑ ካናዳውያን ዝኽፈል ወርሓዊ ክፍሊት እዩ። ብቑዕ ንምዃን፡ ድሕሪ 18 ዓመት ምምላእካ ኣብ ካናዳ ብውሑዱ 10 ዓመት ዝነበርካ ክትከውን ኣሎካ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ ኣገልግሎት ካናዳ ኣብ servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/oldagesecu ተወከሶ።

### ማሕበራዊ ሓገዝ

ስራሕ ኦንታርዮ (*Ontario Works*) ጊዜያዊ ሓገዝ ገንዘብ ንዘድልዮም ኦንታርያውያን ዝሕግዝ መደብ እዩ። ክልተ ኣገልግሎት ድማ ይህብ፥ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከምኡ'ውን ስራሕ ናይ ምድላይ ሓገዝ።

ብቑዕ እንተደኣ ኴንካ፡ ከም ወጻኢታት መግብን ገዛን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ነገራት ይሸፍነልካ እዩ። ብዛዕባ እዚ መደብ ከምኡ'ውን ብቑዕ ንምዃን ከተማልኦ ዝግብኣካ ነገራትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ን ontario.ca ወይ findlink.at/socialassi ተወከሶ።

### መደብ ሓገዝ ስንክልና ኦንታርዮ (ONTARIO DISABILITY SUPPORT PROGRAM (ODSP))

ODSP ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንዘድልዮም ኣካለ ስንኩላን ይሕግዝ። እዚ ፕሮግራም ብቑዓት ንዝኾኑ ኣመልከትቲ ስራሕ ኣብ ምድላይ ይሕግዞም ከምኡ'ውን ወጻኢታት መግብን ገዛን ንምሽፋን ገንዘባዊ ሓገዝ ይገብረሎም።

ብዛዕባ ODSP ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንሚኒስትሪ ማሕበረሰብን ኣገልግሎት ማሕበረሰብን ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/ont-dsp ተወከሶ።



# ውጥን ምጥያስ

## ኣጠቓቕማ ባንክ፣ ክሬዲት ምርካብን ቀረጽን

- ☐ ዘሎካ ናይ ባንክ ምርጫታት ብግቡእ ኣጽንዓዮ ከምኡ’ውን ሕሳብ ባንክ ክፈት።
- ☐ ብዛዕባ ንሓደስቲ መጻእቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ባንክ፡ ንተወካሊ እቲ ትጥቀመሉ ባንክ ኣዘራርቦ።
- ☐ ክሬዲት ካርድ ንምርካብ ምልክታ ኣእቱ።
- ☐ ረብሓ/ክፍሊት ቆልዓ ካናዳ ንምርካብ ምልክታ ኣእቱ (ብቑዕ እንተደኣ ኴንካ)።

1. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

2. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

3. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

# ሰባትን ከባብን

እዚ ክፋል፡ ንዝተፈላለየ ኣገዳሲ ዝኾነ ክብርታት ሕብረተሰብ ኦንታርዮ፡ ንክትርድኦ ዝሕግዘካ ሓበሬታ ኣለዎ። እዚ ድማ ንጾታዊ ማዓርነት፣ ንምፍታሕ ጸገማት ስድራ-ቤት ጎነጽ ብዘይብሉ መገዲ ክፍታሕ ከምኡ’ውን ንተገዳስነት ከባቢኻ ዘጠቓልል እዩ።




56
ሓቓፊ ምኳን

57
ሰባትን ስንክልናን

58
ዝምድናታት

59
ምክንኻን ከባቢ

60
ውጥን ምጅማር
ናብራ/ምጥያስ



# ሓቛፊ ምዃን

ኦንታርዮ፡ ሰባት ነንሕድሕዶም ንምትሕብባር ዝጽዕትሉ፣ ካብ ነንሕድሕዶም ዝመሃርሉ ከምኡ'ውን ግልጺ ዝኾነ ባህሊ ዝፈጥሩሉ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ባህሊ ዘለዎ ሕብረተሰብ እዩ። ካባኻ ዝተፈለዩ ሰባት ትረኽበሉ ብዙሕ ዕድል ክህልወካ እዩ። ዕላማ ኦንታርዮ ንኹሉ ትኸውን ከምኡ'ውን ኩሉ ሰብ ከም ገዝኡ ዝርእያ - ንኹሉ ትሓቁፍ ቦታ ክትከውን እዩ ።

## ዝርጋሐ ሰባትን ሓቛፊ ምዃንን

ህዝቢ ኦንታርዮ፡ ካብ ብዙሕ ዝተፈላለየ ባህልን ናይ ሃይማኖት ድሕረ-ባይታን ዝመጸ፣ ዝተፈላለየ ክእለት ዘለዎ፣ ዝተፈላለየ ጾታዊ ኩነታትን ብዙሕ ዓይነት ፍልልይ ዘለዎም ሰባትን ዘጠቓልል እዩ።

ካብ'ዚ ጽቡቕ ዝኾነ ሕውስዋስ ህዝቢ ተጠቀምቲ ንምዃን፡ ሓቖፍቲ ክንከውን ይግብኣና። ሓቛፊ ምዃን ማለት ምስ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰባት ወትሩ ክትሳተፍ ከለኻ እዩ። ብኹሉ መዳያት ህይወት ኩሉ ሰብ ማዕረ ዕድል-ተሳትፎ ከምዝህልዎ ምግባር ማለት'ውን እዩ።

ሚኒስትሪ ኣገልግሎት መንግስቲ፡ ንኣገልግሎት ህዝቢ ኦንታርዮ (Ontario Public Service (OPS)) ንኹሉ ዝሓቁፍ ቦታ ስራሕ ክገብሮ መደብ ኣለዎ።ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/omgs ተወከስ

*ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ ንሰባት ግቡእ ብዘይኮነ መገዲ ምሓዝ ብሕጊ ከምዝኽልከል ብምግባር ንሓቛፊ-ምዃን መሰረት ኣንጺፍሉ ኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንልኡኽ መሰል ሰብ ኦንታርዮ* ኣብ ohrc.on.ca ተወከስ።

## ማዕርነት ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን

ኣብ ካናዳ፣ ማዕርነት ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሕመረት ክብረታት እዩ። ንደቀንስትዮ ወይ ንንኣሽቱ ኣዋልድ ዘናእስ ወይ ዝጎድእ ባህሊ ክጽወር ዘይከኣል እዩ።

## LGBTQ ማሕበረሰብ

LGBTQ ናይ ለዝብያን፣ ጌይ፣ ባይ-ሴክሿል፣ ትራንስጀንደር፣ ኩዊር ምሕጻረ-ቃል እዩ። LGBTQ ሰባት ክሩዓት ተሳተፍቲ ናይ ኦንታርዮ ማሕበረሰብ እዮም ብመሰረት *ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ፡* ን LGBTQ ሰባት ብሰንኪ ጾታዊ ኩነታቶም ፍልልይ ክትገብርን፣ ከተጨንቖምን ሕጋዊ ኣይኮነን።

ብዛዕባ LGBTQ መደባትን ኣገልግሎትን ክትፈልጥ ኣብ settlement.org ወይ ከኣ findlink.at/lgbtqservi ከምኡ'ውን *211* ክትድውል ወይ ድማ serviceontario.ca ተወከስ

### ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገር

*ሓደ ሓደ ካብ ባህለይ ዝተመርኮሰ ኣቀራርባን እምነትን እንታይ እዩ?*

*ካባይ ዝተፈለየ ኣረኣእያ ንዘለዎም ሰባት ክሳብ ክንደይ ክጻወሮም ይኽእል?*

*ብዛዕባ ካልኦት ባህልታት እንታይ ይፈልጥ?*

*ብዛዕባ ናይ ካልኦት ባህሊ ከመይ ጌረ ክመሃር ይኽእል?*

*ሰባት ብዛዕባ ባህለይ እንታይ ዓይነት ኣረኣእያ ይህልዎም?*

# ስንክልና ዘለዎም ሰባት

ኣብ ኦንታርዮ፡ ሓደ ኣብ መንጎ ሸውዓተ ሰባት ስንክልና የጋጥሞ - ብገምጋም 1.85 ሚልዮን ዝኾኑ ነበርቲ ኦንታርዮ[7] ሰባት ብዕድመ እንናደፍኡ ክኸዱ ከለዉ፡ እዚ ቑጽሪ እንዳወሰኸ እዩ ዝኸይድ። ዕላማ ኦንታርዮ ኩሉ ሰብ፡ ኣብ'ዚ ማሕበረሰብ ተሳታፊ ኮይኑ ዝነብረሉ ቦታ ክትከውን እዩ። ንግዲ፣ ትካላት ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት፡ ስንክልና ዘጋጠሞም ሰባት ብቐሊሉ ዝንቀሳቐስሉ ከምኡ`ውን ዝሕቆፉሉ ኩነታት ክፈጥሩሎም ጻዕርታት ይገብሩ ኣለዉ።

## ስንክልና

ስንክልና፡ ብዓይነትን ብደረጃን ንዝተፈላለየ ኩነት-ጥዕና ዝገልጽ ቃል እዩ። ሓደሓደ ስንክልና ሰባት ዝርእይዎ ክኸውን ከሎ ገሊኡ ግና ዘይርአ እዩ። ሓደ ሰብ ስንኩል ኮይኑ ክውለድ ይኽእል እዩ ወይ ድማ ብሰንኪ ሓደጋ ወይ ሕማም፡ ስንክልና ከጋጥሞ ይኽእል እዩ። ሰባት፡ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ ወይ ናይ ምምሃር ስንክልና ከጋጥሞም ይኽእል እዩ፥ ንኣብነት ናይ ምስማዕ ወይ ናይ ምርኣይ ስንክልና፣ ሕማም ምንፍርፋር፥ ስንክልና ኣእምሮ ከምኡ'ውን ናይ ወልፊ፥ ከባቢያዊ ተነካእነት ከምኡ'ውን ካልእ ኩነታት ጥዕና።

ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ተሞክሮ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ብግጥሚ፡ ብሓጺር ጽሑፍ ከምኡ'ውን ብቪድዮ ኣብ መርበብ መራኸቢ ልኡኽ መሰል ሰብ ኦንታርዮ (the Ontario Human Rights Commission) ohrc.on.ca ወይ findlink.at/ohr-lrd ኣንብብ።

ብዛዕባ መሰል ስንክልና ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ መርበብ መራኸቢ ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ (the Ontario Human Rights Commission) ohrc.on.ca ወይ findlink.at/accssibact ኣንብብ።

## መምርሒ መዓልቦ ( ACCESSIBILITY STANDARDS)

ናይ 2005 ሕጊ ኣኽእሎ ስንኩላን ኦንታርዮ (Accessibility for Ontarians with Disabilities Act (AODA)) መምርሒ ኣኽእሎ ንምውጻእ ጻውዒት ጌሩ ኔሩ። እዚ መምርሒ፡ ስንክልና ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኦንታርዮ ምእንቲ ምሉእ ንምሉእ ክሳተፉ፡ ንግድን ትካላትን እንታይ ክገብሩ ከምዝግብኦም ዝገልጽ መምርሒ እዩ። ዕላማ ናይዚ መምርሒ፡ ክሳብ መወዳእታ 2025 ዘሎ ጊዜ፡ ኣብ ኦንታርዮ ብኹሉ ወገን ኣኽእሎ ምፍጣር እዩ።

ሓሙሽተ ናይ መዓልቦ መምርሒ ኣሎ፡

1. ኣገልግሎት ዓማዊል - ኩለን ኣቕሑ ዝሸጣን ኣገልግሎት ዝህባን ትካላት፡ ንስንኩላን ዓማዊል ከመይ ጌረን ኣገልግሎት ከምዝህባ ዘርኢ፡ ጽሑፋዊ ውጥን ክህልወን ይግባእ። እዚ ውጥን፥ ስንኩላን ኣገልግሎት ዝህብ እንስሳን ዓረብያን ሒዞም ናብ ትካላት ክኣትዉ ከፍቅድ፣ ተቐቢሎም ዝሕግዙ ሰባት ክዳሉ፣ ከምኡ'ውን ውጽኢታዊ ዝኾነ ምርድዳእ ምስ ስንኩላን ክፈጥር፡ ዝኣመስሉ ነገራት ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል።
2. ምቑጻር ስራሕ - ኩሎም ትካላት ንስንኩላን ኣብ ስራሕ ምድላይ፣ ኣብ መስርሕ ምቑጻር ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣኽእሎ ምግባር ናይ መዓልታዊ ተግባሮም ክገብርዎ ይግባእ። እዚ ድማ፡ ንኣብነት፡ ንስንኩላን ፍሉይ መሳርሒ ምሃብ ወይ ድማ ፍሉይ ናይ ስራሕ ኩነት ምፍጣር ዘጠቓልለ ክኸውን ይኽእል እዩ።
3. ሓበሬታን ርክብን - ትካላት፡ ሓበሬታ ዝሓዘ ሓጺር ናይ ጽሑፍ መግለጺ፣ መርበብ ሓበሬታ፣ ከምኡ'ውን ትምህርታዊ ዝኾኑ ጽሑፋት፡ ኩሉ ሰብ ከምዝረኽቦም ክገብሩ ይግባእ።
4. መጓዓዝያ - እዚ መምርሒ ንኣውቶቡስ፣ ንታክሲ፣ ንፍሉይ መጓዓዝያ ስንኩላን ፣ ንኣውቶቡስ ሆስፒታል፣ ንኣውቶቡስ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ንጀላቡ ዝምልከት እዩ። ናይ ግድን ዘድልዩ ነገራት እዚኣቶም እዮም፡ ናይ መልዓሊ መሳርሒ፣ ኣስካላ፣ መደገፊ ሓጺን፣ ብርሃን፣ ምልክት፣ ከምኡ'ውን ብዙሕ ካልእ ነገራት።
5. ናይ ህዝቢ ቦታ - እዚ መምርሒ ንህንጻታት ከምኡ'ውን ንህዝቢ ዝጥቀመሎም ቦታታት ዝምልከት እዩ። ህጻናት ዝጻወቱሉ፣ ማካይን ደው ዝብላሉ ከምኡ'ውን ሰባት ዝዛወሩሉ ቦታታት ገለ ኣብነታት ናይ ህዝቢ ቦታ እዮም።

ብዛዕባ ሕጊ ኣኽእሎ ንስንኩላን ኦንታርዮ፡ 2005 (Accessibility for Ontarians with Disabilities Act፡ 2005) ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/accssibact ኣንብብ።

ብዛዕባ መስፈር ተበጻሕነት ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/accsstandr ኣንብብ።

ብዛዕባ መደባትን ኣገልግሎትን ስንኩላን፡ ኣብ 211 ደዊልካ ወይ ንመርበብ ሓበሬታ መእተዊ ስንኩላን (Disability Doorway) ኣብ disabilitydoorway.com ብምኻድ ተወከስ።

መደብ ምሕጋዝ ስንኩላን ኦንታርዮ (The Ontario Disability Support Program) ናይ ገንዘብ ጸገም ንዘጋጠሞም ስንኩላን ይሕግዝ። ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/ont-dsp ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።

[7] ምንጪ ሓበሬታ፡ ontario.ca ወይ findlink.at/ont-dsp

**ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገር**

*ዝሰርሓሉ ቦታ፡ ንኽትሰርሓሉ ክንድምንታይ ምቹእ እዩ?*

*ኣብ ዙርያይ ዘለዉ ሰባት ኣነ ዘይርእዮ እንታይ ዓይነት ስንክልና ይህልዎም?*





# ዝምድናታት

## ኣብ ካናዳ ናብራ ክትጅምር/ክትጣየስ ከሎኻ፡ ሓገዝ ስድራ-ቤት ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ፈደራልን ዞባውን ሕጊ ንኹሎም ኣባላት ስድራ-ቤት ይጣበቐሎም እዩ።

### መውስቦ

ኣብ ካናዳን ኦንታርዮን ንዝነብሩ ብዙሓት ሰባት፡ መውስቦ መሰረት ናይ ስድራ-ቤት እዩ። ኣብ ሓደ ጊዜ፡ ምስ ሓንቲ/ሓደ ሰብ ጥራሕ ኢኻ/ኺ ክትምርዖ/ዓዊ ትኽእል። ኣብ ካልእ ሃገር ምርዕው/ቲ እንተደኣ ኴንካ/ኪ፡ ቅድሚ ኣብ ኦንታርዮ ምስ ካልእ ሰብ ምምርዓውካ/ኪ፡ ምስታ/ቲ ኣብ ካልእ ሃገር ዘላ/ሎ ሰብ ፍትሕ ክትገብር ኣሎካ። ናይ ሓደ-ዓይነት ጾታ መርዓ ካብ 2003 ኣትሒዙ ኣብ ካናዳ ተፈቒዱ እዩ።ከይተመርዓኹም፡ ምስ ብጻይትኻ/ብጻይኪ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ብመውስቦኣዊ ርክብ እንተደኣ ተቐሚጥኩም፡ ወይ ድማ ውላድ ሃልዩኩም ንሓደ ዓመት ብኸምዚ ዓይነት ርክብ እንተደኣ ተቐሚጥኩም ኴንኩም፡ "ኮመን ሎው ፓርትነርስ (common-law partners)" ከምዝኾንኩም ይቖጸር።

findlink.at/RightsFreedoms

### ፍትሕ

ከፋትሓካ ዝኽእል ኣካል፡ ቤት ፍርዲ ጥራሕ እዩ። ካብ ክልቲኦም ተጻመድቲ ሓዲኦም ንፍትሕ ምልክታ ከእትው ይኽእል እዩ። ሓዳርካ ፋሕ ከምዝበለ መረጋገጺ ከተቕርብ ይግብኣካ። መጻምድትኻ/ኺ ኣብ ካልእ ሃገር ፍትሕ እንተደኣ ጌራ/ሩ፡ ካብ ካናዳ ወጻኢ ድማ ብውሕዱ ንዓመት እንተደኣ ተቐሚጣ/ጡ፡ ኣብ ኦንታርዮ'ውን እዚ ፍትሕ ከም ሕጋዊ ይሕሰብ።

findlink.at/RightsFreedoms

### ብመጻምድትኻ ዝበጽሓካ ዓመጽ

ኣብ ልዕሊ መጻምድትኻ/ኺ፣ ኣብ ልዕሊ ብመውስቦኣዊ ርክብ ምሳኻ/ኺ ትነብር/ዝነብር ሰብ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ኣባል ስድራ-ቤትካ/ኪ ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣካላዊ ጉድኣት ዘብጽሕ ዓመጽ ምፍጻም ሕጋዊ ኣይኮነን። ዘይተደልየ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም'ውን ኣብዚ ዝተጠቓለለ እዩ። ሰብ ንምጉዳእ ወይ ድማ ንምቕታል ምፍርራህ'ውን ገበን እዩ። ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስድራ-ቤቱ ዘቤታዊ ዓመጽ ብምፍጻም ዝኸሰሰ ሰብ፡ ክሳብ ማእሰርቲ ዘብጽሕ ከቢድ መቕጻዕቲ ክቕጻዕ እዩ።

findlink.at/RightsFreedoms

### ኣብ ሕብረተሰብ ካናዳ ፖሊስ ዝጻወቶ ተራ

ፖሊስ ድሕነት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሰባት ይሕሉ ከምኡ'ውን ኩሉ ሰብ ሕጊ ካናዳ ከምዘኽብር ይገብር። ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ትደልየሉ እዋን፡ ንኣብነት ዘቤታዊ ዓመጽ፣ ሓደጋ፣ ውልቃዊ መጉዳእቲ ወይ ዝኾነ ዝተፈጸመ ገበን ኣብ ዝህልወሉ እዋን፡ ፖሊስ ክሕግዘካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሓደገኛ ኩነታት እንተደኣ ሃሊኻ፡ ናብ 911 ደዊልካ ፖሊስ ክመጹኻ ሕተት። ብቕልጡፍ ናብ ገዛኻ ክመጹ እዮም። ብዛዕባ ተራ ፖሊስ ኣብ ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ ካናዳ እንቋዕ ደሓን መጻእካ ዝብል ጽሑፍ ኣንብብ።

p.41

ብኣባላት ስድራ-ቤት ዓመጽ ዝበጽሐን ደቀንስትዮ፡ ናብ መስመር-ሓገዝ ዓመጽ ዝበጽሐን ደቀንስትዮ (the Assaulted Women's Helpline) *1-866-863-0511* ክድውላ ይኽእላ እየን። እዚ መስመር፡ 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ ከምኡ'ውን 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ኣገልግሎት ይህብ። እዚ፡ ብቴሌፎን፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህብ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰብካ ናብ ዝርከብ መደብ ሓገዝን ኣገልግሎትን ትረኽበሉ ቦታ ዝመርሕ ኣገልግሎት እዩ። ንመርበብ ሓበሬታ awhl.org ተወከሶ። ብተወሳኺ፡ ንሚኒስትሪ ማሕበረሰብን ኣገልግሎት ሕብረተሰብን ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/womenhelp ተወከሶ።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምኽሪ ንስድራ-ቤት፣ ወይ ድማ ከመይ ጌርካ ደቅኻ ከምተዕቢ ዝምህሩ ኣኼባታት፡ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ *211* ክትድውል'ውን ትኽእል ኢኻ።

### ንቆልዓ ምጥቃዕን ሸለልትነትን

ብመሰረት ሕጊ ገበነኛ ካናዳ ክፋል 43 - ሓደ ሓደ ጊዜ ሕጊ-ምግራፍ ተባሂሉ ዝጽዋዕ - ወለዲ ንደቆም ምእንቲ ክእርሙ "ቅቡል ዝኾነ ሓይሊ" ክጥቀሙ ይፍቀዶም እዩ። እዚ ማለት እቲ ትጥቀሞ ሓይሊ ንሓጺር ጊዜ ጥራሕ ኮይኑ ነቲ ቆልዓ ዘይጎድኦ ከምኡ'ውን ዝኾነ ኣቕሓ ተጠቒምካ ብሓይሊ ርእሱ ዘይምህራም ማለት እዩ። ወለዲ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ዝኾነ ውላዶም ኣካላዊ ሓይሊ ክጥቀሙ ኣይግባእን። ብሓፈሻ፡ ኣብ ካናዳ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ኣካታዒ ጉዳይ እዩ። ንደቅኻ ግቡእ ብዘይኮነ መገዲ (ብጾታዊ ምትንኻፍ) ክትንክፎም ወይ'ውን ንመርዓ ከተገድዶም ሕጋዊ ኣይኮነን።

ዝኾነ እኹል ሰብ ኣብ ኦንታርዮ፡ ቆልዓ ይጥቃዕ ከምዘሎ እንተጠርጢሩ ክሕብር ይግብኦ። ቆልዓ ይጥቃዕ ከምዘሎ ወይ ድማ ሸለል ይበሃል ከምዘሎ እንተተጠርጢሩ፡ ንቆልዓ ዝጣበቕ ሕጊ ኦንታርዮ፡ ንሓለፍቲ ድሕነት ቆልዑ፡ ንወለዲ ከይዶም ከዘራርብዎም፣ ነቲ ገዛ ክምርምርዎ፣ ወለዲ ከመይ ጌሮም ደቆም ከዕብዩ ከምዝግብኦም ትምህርትን ሓገዝን ክህብዎም ወይ ድማ ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ንቆልዑ ካብ ገዝኦም ከልግስዎም የፍቅደሎም እዩ።

**ናይ ደቀንስትዮ መራሕቲ ቦርድ ኦንታርዮ**

ንግዳያት ዘቤታውን ጾታውን ዓመጽ ዝኾና ደቀንስትዮ ዝኸውን ሓበሬታ ኣብ ontario.ca ወይ findlink.at/serviwomen ርኸብ።

**ኣገልግሎት ግዳያት - ሚኒስትሪ ሓፈሻዊ ጠበቓ**

ንግዳያት ዘቤታውን ጾታውን ዓመጽ ዝኾኑ ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ ኣብ attorneygeneral.jus.gov.on.ca ወይ findlink.at/ovs ርኸብ።

**ትምህርቲ ሕጊ ስድራቤት ንደቀንስትዮ**

ብመሰረት ሕጊ ስድራ-ቤት ኦንታርዮ፡ ንመሰል ደቀንስትዮ ዝገልጽ ጽሑፍ ንምርካብ ኣብ onefamilylaw.ca ወይ ontario.ca ወይ findlink.at/flew ኬድካ ኣንብብ።

**መምርሒ ሕጊ ስድራ-ቤት**

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ስድራ-ቤት ዘሎ መሰልካን ግዴታኻን ንምፍላጥ ኣብ attorneygeneral.jus.gov.on.ca ወይ findlink.at/on-famlaw ኬድካ ኣንብብ።

# ምክንኻን ከባቢ

**ምክንኻን ከባቢ ኣብ ኦንታርዮ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ጎሓፍ ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ ምጉሓፍ ብምቑጣብ፣ ተሳታፊ መደብ ሪሳይክሊንግን ምዕቃብ ጸዓትን ብምዃን እጃምካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።**

### ኣብ ዝኾነ ኣይትጉሓፍ!

ኣብ ዝኾነ ምጉሓፍ (Littering) ማለት ዝኾነ ዓይነት ጎሓፍ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ወይ ካብ ከተማ ወጻኢ ኣብ መገዲ ወይ ኣብ ምድሪ ክትድርቢ ከለኻ እዩ።

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ መብዛሕትኦም ምምሕዳር ከተማታት፡ ኣብ ዝኾነ ንዝጉሕፉ ሰባት፡ መቕጻዕቲ ዘስዕብ ሕግታት ኣለዎም። ኣብ ዝኾነ ዝጉሕፉ ሰባት ካብ $100 ክሳብ $1,000 ወይ ድማ ልዕሊኡ ይቕጽዑ። ኣብ ጽርግያ ክትጉሕፍ ፖሊስ እንተደኣ ረኺቡካ ደው ከብለካ እዩ።

ጎሓፍ ዘበለ ኹሉ ናብ እንዳጎሓፍ ብምእታው ወይ ድማ ናብ ገዛ ወሲድካ ብምጉሓፍ፡ ጽሬት ከባቢ ኦንታርዮ ሓሉ።

### ንጎሓፍ ናይ ገዛ መሊስካ-ኣብ-ጥቕሚ ናይ ምውዓል መደብ

መብዛሕትኡ ኣባይቲ ኦንታርዮ 'ብሉቦክስ ሪሳይክሊንግ (*Blue Box* recycling program)' እናተባህለ ዝጽዋዕ ካብ ጎማ፣ ካብ ወረቐት፣ ካብ ጥርሙዝን ካብ ሓጺንን ዝተሰርሓ ኣቕሓ ምስ ካልእ ጎሓፍ ከይተሓወሰ ንበይኑ ዝጎሓፈሉ መደብ ኣለዎ። ጎሓፍ ከተማ ዝቕበረሎም ቦታታት ኣብ ክንዲ ብኸምዚ ዓይነት ጎሓፍ ዝመልኡ፡ ዓበይቲ ትካላት ነዚ ተጠቒሞም ሓድሽ ፍርያት ይሰርሑሉ እዮም። ናይ ከባቢኻ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ካብ ደረት ጽርጊያ ምእንቲ ክወስድዎ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ጥርሙዝ፣ ሓጺን፣ ጎማ ከምኡ'ውን ናይ ወረቐት ጎሓፍ ኣብቲ ሰማያዊ እንዳጎሓፍ (ብሉ ቦክስ) ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ።


ሓደሓደ ምምሕዳር ከተማታት ድማ 'ግሪን ቢን' ዝበሃል፡ ከም ፍሩታ፣ ኣሕምልቲ፣ ስጋ፣ ዓሳ፣ ጥሑን ቡን ዝኣመሰሉ ነገራት ምስ ካልእ ከይሓወስካ ትጉሕፈሉ መደባት ኣለዎም። ከምዚ ዓይነት ጎሓፍ ናብ ዱኽዒ ተቐይሩ ሓመድ ናይ ሕርሻን ናይ ህዝባዊ ቦታ-ኣታኽልትን የመሓይሽ።

ሰማያዊ እንዳጎሓፍ (*Blue Box*) ንምርካብ፡ ወይ ከኣ ከባቢኻ ኣገልግሎት ግሪን ቢን (*Green Bin*) ከምዝህብ ንምፍላጥ፣ ንምምሕዳር ከተማ ከባቢኻ ርኸቦ። ዝርዝር ምምሕዳር ከተማታት ኦንታርዮን ቁጽሪ ቴሌፎኖምን ንምርካብ፡ ነተን ሰማያዊ ገጻት ናይ ቴሌፎን መውጽኢ መጽሓፍካ ወይ ድማ ንመርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ጉዳያት ምምሕዳር ከተማን ኣባይትን ኣብ ontario.ca or findlink.at/muniseroff

### ብኤሌትሪክ ዝሰርሕ ኣቕሓ ንበይኑ ናይ ምጉሓፍ መደብ

ዘይድለዩ ብኤሌትሪክ ዝሰርሑ ኣቕሑ፡ ኢ-ዌይስት ተባሂሎም ይጽውዑ። ነዞም ዝስዕቡ ኣቕሑ ድማ የጠቓልሉ፥ ካሜራ፣ ኮምፕዩተር፣ ሞኒተር፣ ቴሌፎን ከምኡ'ውን ቴሌቪዥን። እዚኦም ጎዳእቲ ግን ከኣ - ጠቃሚ - ነገራት እዮም ስለዚ ኣብ ጎሓፍ ዝቕበሮ ቦታ ክጎሓፉ ኣይግባእን እዩ። ኣብ ኦንታርዮ ብኤሌትሪክ ዝሰርሕ ኣቕሓ ክትገዝእ ከሎኻ፡ ንኣገልግሎት ምክንኻን ከባቢ'ውን ትኸፍል ኢኻ። እቲ ዝእከብ ገንዘብ፡ ኣብ መስርሕ ምእካብ ብኤሌትሪክ ዝሰርሑ ኣቕሑን ኣብ መስርሕ ምሕዳሶምን ንዝወጽእ ወጻኢታት ንምሽፋን ይጥቀሙሉ።

ብኤሌትሪክ ዝሰርሕ ዘየድሊ ኣቕሓ ዝእከበሉ መኸዘን ኣብ ከባቢኻ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሶ፥ recyclemyelectronics.ca



### ምዕቃብ ጸዓት

ምፍራይ ሓይሊ ኤሌትሪክን በንዚንን፡ ንኸባቢ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ዝወሓደ ሓይሊ ኤሌትሪክን በንዚንን ምጥቃም እቲ ዝበለጸ እዩ። ጸዓት ከመይ ጌርካ ከምትዕቅብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ጸዓት፡ ontario.ca ወይ findlink.at/savinenerg ኬድካ ኣንብብ። ብተወሳኺ ንምትእኽኻል ጸዓት ናይ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ካናዳ ቤት-ጽሕፈት (Natural Resources Canada's Office of Energy Efficiency) ኣብ oee.nrcan.gc.ca ኬድካ ተወከሶ።

**ክሕሰበሉ ዝግባእ ነገር**

*ሰማያዊ መጉሓፊ (ብሉ ቦክስ) ኣበይ ክረክብ ይኽእል፡ ኣብ ውሽጡ'ኸ እንታይ ክጉሕፍ ይኽእል?*

*ምምሕዳር ከተማ ከባብየይ ናይ ግሪን ቢን መደብ ኣለዎ'ዶ?*

*ዘይደልዮም ብኤሌትሪክ ዝሰርሑ ኣቕሑ ኣበይ ክጉሕፎም ይኽእል?*

*ንቤተይ ከመይ ጌረ ጸዓት ዘተኣኻኽል ክገብሮ ይኽእል?*



# መደብ ምጅማር ናብራ/ምጥያስ

## ሓጀሬ ምኳን

- [ ] ኣብ ትሕቲ ሕጊ መሰል-ሰብ ኦንታርዮ ዘሎ መሰለይን ግዴታይን ምርዳእ።

## ምክንኻን ከባቢ

- [ ] ካብ ምምሕዳር ከተማ ከባብየይ፣ ሰማያዊ መጕሓፊ (ብሉ ቦክስ) ምምጻእ።
- [ ] ምምሕዳር ከተማ ከባብየይ፣ ናይ ግሪን ቢን መደብ ከምዘለዎ ምርግጋጽ።
- [ ] ንዘተጠቀምኩሉም (ዘይደልዮም) ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑ ኣበይ ከምዝብጽሖም ምፍላጥ።
- [ ] ኣብ ቤተይ ንምትእኽኻል-ጸዓት (energy-efficiency) ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣማራጺታት ምድላይ።

1. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

2. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

3. ዕማም ______ ብዕለት ___ / ___ / ___ መሊእካ ወድኣዮ

ምንጪ ሓበሬታ ______

# መመላእታ




**62**
ምንጪ ሓበሬታ ፌደራላዊ መንግስቲ

**63**
ሚኒስትሪ ምምሕዳር ኦንታርዮ

**64**
ሓባሪ

# ምንጪ ሓበሬታ ፌደራላዊ መንግስቲ

**ናብ ካናዳ ምጻእ**

canada.ca ወይ findlink.at/ctcextstay

ናብ ካናዳ ክትመጽእ ወይ'ውን ኣብ ካናዳ ትጸንሓሉ ጊዜ ክተናውሖ ትደሊ'ዶ? እዚ መሳለጢ (tool) ብቑዕ ምዃንካ ንምፍላጥ ክሕግዘካ እዩ። ነቲ ፎርም መሊእካ ኣረክቦ።

**ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ኣገልግሎት ሰደተኛታት**

canada.ca ወይ findlink.at/cic-serve

እዚ ኣገልግሎት፡ መንበሪ ገዛ ኣብ ምድላይ፣ ስራሕ ኣብ ምድላይ፣ ክእለት ቋንቋ ኣብ ምግጋምን ትምህርትን፣ ፎርም ኣብ ምምላእ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ሓበሬታ ኣብ ምሃብን ዝሕግዝ ኣገልግሎት እዩ።

**መሳለጢ (tool) ናይ 'ኣብ ካናዳ ምንባር'**

canada.ca ወይ findlink.at/cic-lctvac

ነቲ ትደልዮ ሓገዝ ንምርካብ፡ ነዘን ውሑዳት ዝኾና ቀለልቲ ሕቶታት መልስ።

**ኣብ ካናዳ ምስራሕ**

canada.ca ወይ findlink.at/workincana

ብመንግስቲ ካናዳ ዝውነን 'ኣብ ካናዳ ምስራሕ' ዝብል መሳለጢ (tool)፡ ቀንዲ ምንጪ ሓበሬታ ናይ ስራሕ ከምኡ'ውን ናይ ሰራሕተኛታትን ዕዳጋ እዩ።

**ንካናዳ ፍለጣ: ሓላፍነትን ግዴታን ዜጋታት**

canada.ca ወይ findlink.at/cic-study

ንካናዳ ፍለጣ: *The Rights and Responsibilities of Citizenship*, ሓደስቲ መጻእቲ ናይ ዜግነት ፈተና ንምውሳድ፡ ዘጽንዕሉ ጽሑፍ እዩ።

**ንሓደስቲ መጻእቲ ዝጠቅም፡ ዞባዊ ከምኡ'ውን ግዝኣታዊን መርበብ ሓበሬታ**

Alberta
albertacanada.com/immigration

British Columbia
welcomebc.ca

Manitoba
immigratemanitoba.com

New Brunswick
welcomenb.ca

Newfoundland and Labrador
nlimmigration.ca

Northwest Territories
.gov.nt.ca

Nova Scotia
novascotiaimmigration.com

Nunavut
gov.nu.ca

Ontario
ontarioimmigration.ca

Prince Edward Island
gov.pe.ca/immigration

Qeubec
immigration-quebec.gouv.qc.ca

Saskatchewan
saskimmigrationcanada.ca

Yukon
immigration.gov.yk.ca

# ሚኒስትሪ ምምሕዳር ኦንታርዮ

Agriculture, Food and Agribusiness

Attorney General

Children, Community and Social Services

Citizenship and Multiculturalism

Colleges and Universities

Economic Development, Job Creation and Trade

Education

Energy and Electrification

Environment, Conservation and Parks

Finance

Francophone Affairs

Health

Infrastructure

Intergovernmental Affairs

Indigenous Affairs & First Nations Economic Reconciliation

Infrastructure

Labour, Immigration, Training and Skills

Development

Long-Term Care

Mines

Municipal Affairs and Housing

Natural Resources

Northern Development

Public and Business Service Delivery and

Procurement

Red Tape Reduction

Rural Affairs

Seniors and Accessibility

Solicitor General

Sport

Tourism, Culture and Gaming

Transportation

Treasury Board Secretariat

# ሓባሪ

እናሰራሕካ ነቲ ስራሕ ክትመሃሮ ከሎኻ (ልምምድ) ...........33
ኣጠቓቕማ ባንክ ..................................50
መሰረታዊ መሰል..................................24
ረብሓታትን ማሕበረሰብኣዊ ሓገዝን ......................53
ከም ድልድል ዘሪኽቡ መደባት ........................41
ቅዋም መሰልን ናጽነትን ..............................24
ክንክን ቆልዓ....................................30
ክሊማ ....................................... 9
ምፍላጥ ዓማዊል (ኣተኩሮ ኣብ ዓማዊል) .................17
ኣገልግሎት ርክብ.................................. 11
ምትእስሳር ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ዕን .............21
ክሬዲት/ለቓሕ ................................... 51
ምዝዋር ብሽክለታ.................................23
ሓኪም-ስኒ .................................... 16
ዘቤታዊ ዓመጽ ...................................58
ምዝዋር ማኪና...................................23
ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ..............................22
ቁጠባ ....................................... 8

**ትምህርቲ፡**

እኹል ሰብን ምቕጻል ትምህርትን ..................34
ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ........................ 31
ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ....................33
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ......................... 31

ኣብ ህጹጽ ኩነታት ዝድወሎ ቁጽሪ ቴሌፎን................ 11
ስራሕ (ምድላይ ስራሕ) ..............................42
ምትእኽኻል ጽዓት ................................59
ናይ ቤተሰብ ሓኪም................................ 15
ሕጊ ቤተሰብ.....................................58
መግቢ ....................................... 17
ኣቀማምጣ ምድሪ ................................. 6
መንግስቲ....................................... 5
ክንክን ጥዕና .................................... 14
በዓላት .......................................44
ጉዳይ ኣባይቲ..................................... 18
ሕጊ ናይ መሰል ሰብ .............................24
ሓቐፊ ምኽን ...................................56
ሌላ ምስ ካናዳ ................................. 4
ሌላ ምስ ኦንታርዮ .............................. 6
ምድላይ ስራሕ ...................................42
ዕዳጋ ስራሕ .....................................42
ምግምጋም ቋንቋ..................................35
ስልጠና ቋንቋ ....................................35
LGBTQ........................................56
ሕጋዊ መሰል......................................24
ሕጋዊ ኣገልግሎት .................................25
ክንክን ጥዕና ኣእምሮ .............................. 16
ናይ OHIP ካርድ (ጥዕና ኦንታርዮ ካርድ) ................. 15
ስንኩላን.........................................57
ኣገልግሎት ቴሌፎንን ኢንተርነትን ....................... 17
ኣገልግሎት ቡስጣ ................................. 17
መጓዓዝያ ህዝቢ ...................................22
መዘናግዒ........................................ 21
ከም ብሓድሽ ምጥቃም ..............................59
ምክራይ ማኪና.....................................22
ምክራይ. ........................................ 19
ወኪል ምጅማር ናብራ................................ 10
ሶሻል ኢንሹራንስ ናምበር ............................40
ናይ ግሊ ንግዲ ምጅማር...............................46
ቀረጽ .........................................52
ታክሲ .........................................22
መጓዓዝያ ........................................22
ብወለንታ ምስራሕ.................................. 21

**ስራሕ:**

ስራሕ ምድላይ ...............................42
መሰል ኣብ ስራሕ ቦታ ..........................44